# እተን ክልተ ምስክርነትን

## ትርጉመን ኣሰወከለን ዝሓተታ ግዴታን

ብ-ሸኽ
ዓብዱላህ ቢን ዓብዱ-ራሕማን ኣል-ጂብሪን

ትርጉም
ብ ሳልሕ ስዒድ

Kingdom of Saudi Arabia
**The Cooperative Office For Call And Guidance To Communities at Um AL- Hammam**
**Under The Supervision Of The Ministry Of Islamic Affairs Endowment Guidance & Propagation**
Tel. 4826466 / 4884496 Fax 4827489 - P.O. Box 31021 Riyadh 11497

35

## تابع إصدارات ومطبوعات المكتب التعاوني للدعوة والإرشاد وتوعية الجاليات بأم الحمام

| م | اسم الكتاب | المؤلف | اللغة |
|---|---|---|---|
| ٢٠ | الطهارة والصلاة والجنائز | الشيخ / محمد العثيمين | أمهري-أثيوبيا |
| ٢١ | شرح أصول الإيمان | الشيخ / محمد العثيمين | أمهري-أثيوبيا |
| ٢٢ | الإسلام والمسيحية | د. محمد علي الخولي | أمهري-أثيوبيا |
| ٢٣ | كتاب التوحيد | شيخ الإسلام محمد بن عبد الوهاب | أمهري-أثيوبيا |
| ٢٤ | العقيدة الصحيحة وما يضادها | الشيخ / عبد العزيز بن باز | أورومى- أثيوبيا |
| ٢٥ | العمرة والحج والزيارة | جمال إبراهيم صالح | تجرينا (إريتريا) |
| ٢٦ | صفة صلاة النبي ﷺ | الشيخ / عبد العزيز بن باز | تجرينا (إريتريا) |
| ٢٧ | كتاب التوحيد | الشيخ / صالح الفوزان | عربى |
| ٢٨ | الواسطة بين الخالق والمخلوق | شيخ الإسلام ابن تيمية | بشتو |
| ٢٩ | التحذير من البدع | الشيخ / عبد العزيز بن باز | بشتو |
| ٣٠ | خذ عقيدتك | الشيخ / محمد زينو | بشتو |
| ٣١ | صفة الحج والعمرة | مكتب الدعوة بأم الحمام | تجرينا (إريتريا) |
| ٣٢ | أحكام يوم العيد | مكتب الدعوة بأم الحمام | تجرينا (إريتريا) |
| ٣٣ | شرح أصول الإيمان | الشيخ / محمد العثيمين | بنغالي |
| ٣٤ | السحر وخطره | الشيخ / محمد العبيد | تجرينا (إريتريا) |
| ٣٥ | الشهادتان | الشيخ / عبد الله الجبرين | تجرينا (إريتريا) |
| ٣٦ | الولاء والبراء | الشيخ صالح الفوزان | تجرينا (إريتريا) |
| ٣٧ | صفة الصلاة | مكتب الدعوة بأم الحمام | تجرينا (إريتريا) |

# እተን ክልተ ምስክርነትን
# ትርጉመንን ነፍሰወከፈን ዝሓተኦ ግዴታን

ብ-ሸኽ
ዓብዱላህ ቢን ዓብዱራሕማን ኣል-ጂብሪን

ትርጉም
ብ-ሳልሕ ስዒድ

## الشهادتان معناهما وما تستلزمه كل منهما

اللغة التجرينيا (إريتريا)
تأليف
فضيلة الشيخ عبد الله بن عبد الرحمن بن جبرين
ترجمة
صالح سعيد عمر

ⓒ المكتب التعاوني للدعوة والإرشاد بأم الحمام، ١٤٢٣هـ

*فهرسة مكتبة الملك فهد الوطنية أثناء النشر*

الجبرين ، عبدالله بن عبدالرحمن
الشهادتان / عبدالله بن عبدالرحمن الجبرين .- الرياض، ١٤٢٣هـ

١٢٨ ص؛ ١٢ × ١٧ سم
ردمك: ٨ - ٠٦ - ٩١٨ - ٩٩٦٠
(النص باللغة التجرينية)
١- الشهادة (اركان الإسلام) ٢- التوحيد أ- العنوان
ديوي ٢٤٠ ١٤٢٣/٥٨٤٥

رقم الإيداع: ١٤٢٣/٥٨٤٥
ردمك: ٨ - ٠٦ - ٩١٨ - ٩٩٦٠

حقوق الطبع محفوظة

الطبعة الأولى
١٤٢٤هـ - ٢٠٠٣م

بسم الله الرحمن الرحيم

# ለበዋ

ክቡር ኣንባቢ እዛ ኣሽሃደታን እትብል መጽሓፍ ተተርጒማ ኣብ ኢድካ በጺሓ ዘላን እታ ቅድሚኣ ስሕርን ሓደጉሑን እትብልን ንኽትርጉም ብናተይ መንፋዕትን ክእለትን ዘይኮነስ ብልግሲ ናይቲ ክቡር ኣሳህ እዩ'ሞ ዝለዓለ ምስጋና ይብጻሓዮ።ኮይኑ ግን እዛ መጽሓፍ'ዚኣ ከምታ ቀዳመይቲ ብሓውና ዶ. በያን ሳልሕ ዳግማይ እርማት ዕድል ኣይረኸበትን ፡ ምኽንያቱ ክቡር ሓውና ምስቲ ዘለዎ ጻዕቂ ስራሕ ብጀካ ሕልፍ ሕልፍ ኢላካ እንተዘይኮይኑ ነዛ መጽሓፍ'ዚኣ ንኹላ ኣይራኣያን ፡ ይኹን ዳኣምበር ኣብ ልዕሊ መሬት ዘሎ መጻሕፍቲ ብጀካ ቁርኣን ፡ ብሙሁራን ተጻሒፉን ተኣሪሙን ካብ ጉድለት ነጻ ኮይኑ ማለት ኣይኮነን:ምኽንያቱ ወድ ሰብ ካብ ጉድለት ፍጹም ኣይኩነን፡ ስለዚ ክቡር ኣንባቢ ኣብዛ መጽሓፍ ዘለካ ሪኢቶን ለበዋን ብተገዳስነት ክትሕብረኒ እማሕጸነካ ኣነውን ብወገነይ ንእትህበኒ ሓበሬታ ሓንጎፋይ ኢለ ከምዝቅበሎ ኣቀዲመ ክገልጸልካ እፈቱ:ምኽንያቱ ነተን ብሕጂ ዘዳልወን ዘለኹ ዝያደ ደገፍን ሓቦን ክህበኒ ይኽእልዩ:: ከምኡውን ኣንታ ነዛ መጽሓፍ ነቢብካ ፍልጠት ዝቀሰምካ ኣብ ሂወት ኣብ ዘለኹሉ ይኹን ካብዛ ዓለም ኣብዝተፈለኹሉ ጀዛከላሁ ኸይር ኢልካ ዱዓ ክትገብረለይ እላበወካ ። ወሰለላሁ ወሰለም ዓላ ነብይና ሙሓመድ።

# መብርሂ

እምበኣር ሓደ ሓደ ቃላት ናይ ዓረብ ኣብ ሕብረተሰብና ዝውትራትን ፍሉጣትን ብምዃኖም ልክዕ ከም ዘለውዎ ከይተርጎምኩ ገዲፈዮም ኣለኹ። ንኣብነት:- የውመልቂያማ: ንዝብል መጠረሻ መዓልቲ ወይ ምጽተ ዓለም ተባሂሉ እንተዘይተተርጎመ ዝኾነ ኣስላማይ ዝፈልጦ ቃል'ዩ እኳ ደኣ ብኣንጻሩ እንተተተርጒሙ ከደናግር ይኽእል'ዩ።

ከምኡ'ውን ዝኣመሰሉ ቓላት ምትርጓም ዘየድልዮም ብዙሓት ኣለው:-

- ሰላት ➢ *ሰግዳን*
- ዓሊም ➢ *ፈላጥ ናይ ሃይማኖት*
- ዲነ-ልኢስላም ➢ *ሃይማኖት እስልምና*
- ካፍር ➢ *ካሓዲ*
- ሙሽሪክ ➢ *ምስ ረቢ ሽርካ ዝዛብር*
- ኪታብ ➢ *መጽሓፍ*
- ሓዲስ ➢ *ቃል ናይ ነብይ*
- ዋሕይ ➢ *ናይ ረቢ መልእኽቲ ናብ ነብይ ዝወርድ*
- ሩሕ ➢ *ትንፋስ: ሂወት*
- ዒባዳ ➢ *ንረቢ ክትግዛእ*
- እስቲቕፋር ➢ *ምሕረት ካብ ረቢ ምሕታት*

ጆና፣ ጆሃነም፣ ኣኼራ፣ ሰሓባ፣ ቒብላ፣ ተፍሲር፣ ቅያማ ፣ ወ.ዘ.ተ.... ዝኣመሰሉ ኣብ ኣፍ ኣስላማይ ዙውትራት ስለዝኾኑ ከምዘለውዎ ተሰገርናዮም ዘሸግ ር ኣይኮነን፡ ስለዚ ምናልባት ዝኢኦም ዝኣመሰሉ ቓላት ግር ኣብ ዝብሉኻ እዋን ኣብ ጥቓኻ ንዘለው ብምሕታት ንኽትርዳእ ፈትን።

*ወሰለላሁ ወሰለም ዓላ ነቢዩና ሙሓመድ*

## ኣሸሃዱ ኣንላኢላሃ ኢለላህ ወኣሸሃዱ ኣና ሙሓመድ ረሱሉላህ

ብቃልካ እዝን ክልተ ምስክርነት ክትብለን በቲ ትሕዝቶ ናተን ክትሰርሕን እቲ ቀንዲ መሰረት ናይ ሃይማኖት እስልምና እዩ።ኮይኑ ግን ብዙሓት ህዝቢ ካብ ኡመት ሙሓመድ ካብዘን ክልተ ምስክርነት እንታይ እዩ ዝድለ፡ ዘይፈልጡ ኣለዉ ከምኡውን ብኣፍካ ጥራይ ምምስካር እምበር ብእኡን ኣፍልጦ ክህልወካን ክትሰርሕን ዝብል እምነት የብሎምን።

ዝኢኦም ክላ ነቲ ቅኑዕ ትርጉመን ዝጻረር ገይሮም ዝትርጉሙወን ኣለው። ስለዚ ምእንቲ እቲ በዓል ጸቡቕ ድልየትን ረቢ ኼር ዝደለየሉን ክጥቀም ብዛዕበአን ክጽሕፍ እፈቱ።

# ቀዳማይ ምዕራፍ

## *ብልጻት ናይዘን ክልተ ምስክርነት*

ንኹሉ ኣንባቢ ኣብ መጻሕፍቲ ናይ ሱናን ሓዲስን ብዛዕባ ብልጻት ናይዘን ክልተ ምስክርነት ከምኡውን ንዐአን ሒዙ ምስ ረቢ ዝተራኸበ ብስራት ናይ ጀናን ናይ ረቢ ፍቶትን ርሕሰትን፡ ከምኡውን ድሕነት ካብ ቁጠዐን መቕጻዕቲ ረብን ሒዙ ዝርከብ ቓላት ናይ ነብይ صلى الله عليه وسلم ኣዝዩ ብዙሕ እዩ።

ገለ ካብቲ ሓዲስ ከኣ፥

ዑባዳ ቢን ሳብት ነብይ ከምዚ ኢሉም ይብሉ ፥

((مــن شهد أن لأ إله إلا الله وحده لا شريك له، وأن محمدًا عبده ورسوله وأن عيسى عبد الله ورسوله وكلمته ألقاها إلى مــريم وروح مـــنه، والجنة حق والنار حق أدخله الله الجنة على ما كان من العمل ))

### ትርጉሙ

(ብጀካ ሓደ ኣላህ ሽርካ ዘይብሉ ካልእ ብሓቂ መግዛእቲ ዝግበኦ የልቦን ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ከኣ ናቱ ባርያን ሉኡኽን'ዩ ፣ ዒሳ ኸኣ ብቃልን ሩሕን ናይ ኣላህ ናብ መርየም ዝተላእከ ብኡኡ ዝተፈጥረ ባርይኡን ሉኡኹን'ዩ: ጀናን ሓቂ'ያ :ሓዊ'ውን ሓቂያ : ኢሉ ዝመስከረ: ዝኾነ እንተኾነ ናቱ ስራሕ ረቢ ኣብ ጀና ከእትዎ እዩ።

ኣብ ካልእ ሓዲስ'ዉን ቃል ናይ ነብይ صلى الله عليه وسلم ከምዚ ዝብል ኣሎ፥

وفى رواية ((أدخله الله من أي أبواب الجنة الثمانية شاء))

(( ኣላህ ካብተን ሸሞንተ መዓጹ ናይ ጀና ብቃሕ ዝበሎ ኣእተዎ ))

ከምኡውን ካብ ዑስማን رضى الله عنه ዝተማሓላለፈ ሓዲስ ናይ ነብይ صلى الله عليه وسلم ከምዚ ይብል፥

((من مات وهو يعلم أن لا إله إلا الله دخل الجنة ))

**ትርጉሙ**

((ብጀካ ሓደ ኣላህ ካልእ ብሓቂ መግዛእቲ ዝግብኦ ከምዘየሎ እናፈለጠ ዝሞተ ጀና ኣተዎ ))።
ከምኡውን ኣቡሁረይራ ረዲየላሁ ዓንሁ፡ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ከምዚ ኢሎም ይብሉ፦
(( أشـــهد أن لا إله إلا الله وأنى رسول الله لا يلقى الله بهما عبد غير شاك فيهما إلا دخل الجنة))

**ትርጉሙ**

((ብጀካ ሓደ ኣላህ ካልእ ብሓቂ መግዛእቲ ዝግበኦ የልቦን ኣነዉን ናቱ ሉኡኽ ምኳነይ እምስክር ፣ ዝኾነ ባርያ ረቢ'ውን በዘን ክልተ ምስክርነት ከይተጠራጠረ ምስ ረቢ ዝተራኸበ (ዝሞተ) ጀና ኣተወ።))
ከምኡውን ዑባዳ ቢን ሳምት(ረዲየላሁ ዓንሁ) ነብይ ከምዚ ክብሉ ሰሚዐዮም ይብል፦
((مـــن شهد أن لآ إله إلا الله وأن محمدًا رسول الله حرم الله عليه النار))

ትርጉሙ

ብጀካ ሓደ ኣላህ ብሓቂ መግዛእቲ ዝግበኦ የለን ሙሓመድ ከኣ ናቱ ሉኡኽ'ዩ ኢሉ ዝመስከረ ረቢ ሓዊ ይሕርመሉ ))

ከምኡውን ኣነስ ቢን ማሊክ፡ ነብይ ሙሓመድ صـــلى الله عليه وسلم ንሙዓዝ ቢን ጀበል ከምዚ ኢሉዎ ይብል፥

((مامن عبد يشهد أن لآ إله إلا الله وأن محمدًا عبده ورسوله إلا حرمه الله على النار))

ትርጉሙ

(ዝኾነ ይኹን ባርያ ብጀካ ሓደ ኣላህ ካልእ ብሓቂ መግዛእቲ ዝግበኦ የለን፡ ነብይ ሙሓመድ ከኣ ናቱ ባርያን ሉኡኹን'ዩ ኢሉ ዝመስከረ፡ ረቢ ንሓዊ ጀሃነም ከትበልዮ ይሕርመላ)።

ከምኡውን ዑትባ ቢን ማሊክ ረዲየላሁ ዓንሁ ኣብቲ ነዊሕ ዝኾነ ሓዲስ ናይ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ከምዚ ኢሉም ይብል፥

((فـــإن الله حرم على النار من قال لآ إله إلا الله يبتغي بذلك وجه الله ))

ትርጉሙ

(ኑቲ ንገጽ ረቢ ደልዩ ብጀካ ሓደ ኣላህ ካልእ መግዛእቲ ዝግቦኦ የለን ዝበለ ረቢ ሓዊ ጀሃነም ይሕርመሉ ።)

እዚ ኩሉ ሓዲስ ናይ ነብይ صلى الله عليه وسلم ከኣ ኣብ ናይ ቡኻሪን ሙስሊምን ወይ ኣብ ናይ ሓዲኦም መጽሓፍ ዝርከብ ቅኑዕ ሓዲስ'ዩ። እቲ ብሩህ ሓበሬታኡ ኸኣ ብዛዕባ ብልጸት ናይዘን ክልተ ምስክርነት ሒዘነኦ ዝርከባ ደረጃን፣ ናይ ጀና ምእታውን ሸሞንቲኡ መዓጹ ናይ ጀና ክምዝኽፈተሉን ንሓዊ ክምዝሕረማን፡ ክምኡውን እዘን ክልተ ምስክርነት ካብ ሓዊ ነጻ ንኸባሃል ዘስዕባ ምኽንያት ዝገልጽ ሓዲስ ብዙሕ ኣሎ፥

ኣነስ ቢን ማሊክ رضى الله عنه ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ክምዚ ኢሎም ይብሉ፥

((مــن قال حين يصبح أو يمسي : أللهم إني أصبحت أشهدك وأشــهد حملة عرشك، وأنبياءك وملائكتك وجميع خلقك بأنك أنت الله لآ إله إلا أنت، وأن محمدًا عبدك ورسولك أعتق الله ربعــه من النار، فمن قالها مرتين أعتق الله نصفه من النار، ومــن قالها ثلاثًا أعتق الله ثلاثة أرباعه من النار ومن قالها أربعًا أعتقه الله من النار)) رواه الترمذي وابو داود

ትርጉሙ

(( ክወግሕ ወይ ክመሲ እንክሉ :- ኦ ኣላህ :ንዓኻ: ንተሰከምቲ ዓርሽኻ: ንነብያትካ: ንመላኢካታትካን ንኹሎም ፍጡራትካን ንስኻ ኣንታ ኣላህ ብጀካኻ ካልእ ብሓቂ መግዛእቲ ዝግበኦ ክምዘየለን ሙሓመድ ከኣ ባርያኻን ሉኡኽካን

ምኺኑ እናመስከርኩ ኣንጊሀ ኣለኹ : ዝበለ ኣላህ ንርብዒ ኣካላቱ ካብ ሓዊ ሓራ ይብላ: ክልተ ግዜ ዝበላ ኸኣ ኣላህ ንፍርቂ ኣካላቱ ካብ ሓዊ ሓራ ይብላ ሰለስተ ግዜ ዝበላ ኸኣ ኣላህ ንሰለስተ ርብዒ ኣካላቱ ካብ ሓዊ ሓራ ይብላ ኣርባዕተ ግዜ ዝበላ ኸኣ ኣላህ ካብ ሓዊ ሓራ ይብሎ))

ከምኡውን ብልጸት ሚዛን ናይዛን ክልተ ምስክርነት ንዘንቢ ከምዝፍኩሳ ኣኳዳኣ ካብ ፍጥረታት ብሙሉኡ ንሳተን ከምዝኸብዳ ኣብ ሓዲስ ናይ ነብይ صلى الله عليه وسلم ተዘኪሩ'ሎ::

ካብ ኣቢሰዒድ ረዲየላሁዓንሁ ዝተማሓላለፈ ሓዲስ: ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ከምዚ'ሎም ይብል፥

((قال موسى عليه السلام: يا رب علمني شيئا أذكرك به وأدعوك به، قال يا موسى قل لا إله إلا الله . قال : يا رب كل عبادك يقول هذا، قال: قل لا إله إلا الله . قال : لا إله إلا أنت يا رب إنما أريد شيئا تخصني به. قال يا موسى، لو كان السموات السبع وعامرهن غيري والأرضين السبع في كفة، ولا إله إلا الله في كفة مالت بهن لا إله إلا الله ))

ትርጉሙ

((ነብይ ሙሳ عليه السلام ኦ ረበይ: ኣነ ንዓኻ ዝዝክረላን ዝልምነላን ዝኾነት ቃል እንዶ ማሃረኒ በለ: ረቢ ኸኣ ኦ ሙሳ (ላኢላሃ ኢለላህ ) በል በሎም: ኦ ረበይ ኣዚኣ ደኣ ኩሎም ባሮትካ ዝብልዋ'ንድያ በለ: ረቢ ኸኣ (ላኢላሃ ኢለላህ )

በል በሎም: (እወ: ብጀካ ንስኻ ብሓቂ መግዛእቲ ዝግበኦ የለን) ግን ኣነ ንበይነይ ትፈልየኒ ቃል'የ ደልየ በለ: እ! ሙሳ ሸዉዓተ ሰማያትን ኣብኦን ዝርከብዎን ብጀካይ: ከምኡውን ሸዉዓተ መሬት: ኣብ ሓደ ክንፊ ናይ ሚዛን እንተ ዝቕመጣ (ላኢላሃ ኢለላህ ትብል ቃል) ድማ ኣብቲ ካልኣይ ክንፊ ናይ ሚዛን እንተዝቕመጥ (ላኢላሃ ኢለላህ) እትብል ምዘንበለት(ምኸበደት) ኔይራ)) በሎም።

ዓብዱላህ ቢን ዓምሩ ረዲየላሁ ዓንሁ ነብይ صلى الله عليه وسلم ከምዚ ኢሎም ይብሉ፥

(( إن نوحًا عليه السلام : قال لابنه عند موته: آمرك بلا إله إلا الله ، فإن السموات السبع والأرضين السبع لو وضعت في كفـــة ولا إله إلا الله في كفة رجحت بهن لا إله إلا الله ، ولو أن الســموات الســبع والأرضـــين الســبع كن حلقة مبهمة لقصمتهن لا إله إلا الله )) رواه احمد

ትርጉሙ

((ነቢላህ ኑሕ ዓለይሂ ሰላም: ንወዶም ኣብ ግዜ ሞቶም ከምዚ ኢሎሞ (ላኢላሃ ኢለላህ) ንኽትብል ይእዝዘካ'ለኹ: ሸዉዓተ ሰማያትን ሸዉዓተ መሬትን ኣብ ሓደ ክንፊ ናይ ሚዛን እንተዝቕመጣ እታ(ላኢላሃ ኢለላህ) ትብል ከኣ ኣብቲ ካልኣይ ክንፊ ናይ ሚዛን እንተዝቕመጣ (ላኢላሃ

ኢለላህ) እትብል ምዘንበለት ኔይራ፡ ከምኡውን ሸዉዓተ ሰማያትን ሸዉዓተ መሬትን ከም ሓንቲ እስርቲ ዓንኬል እንተዝኾና (ላኢላሃ ኢለላህ) ዝብል ምበተኾተን(ምቖረጸተን) ነይራ።

ከምኡውን ዓብዱላህ ቢን ዓምሩን ካልኦትን ዘመሓላለፍዎ ናይ ካርዲ(ቢጣቃ) ሓዲስ ተባሂሉ ዝፍለጥ ኣሎ፡ ንሱ ኸኣ ፥ ሓደ ሰብ ተስዓን ትሸዓተን ዝኣክል መዛግብቲ ናይ ዘንቢ ዘለዎ፡ ኣብ የዉመልቅያማ ይጽዋዕ እሞ፡ ሓንቲ ፥

أشهد أن لا إله إلا الله وأن محمدا رسول الله

(ብዘይካ ሓደ ኣላህ ብሓቂ መግዝእቲ ዝግብኦ የለን ከምኡውን ነብይ ሙሓመድ ናይ ኣላህ ሉኡኽ ምዃኑ እምስክር እትብል ካርዲ ትወጸሉ፡ እቲ ተስዓን ትሸዓተን ዝሓዘ መዛግብቲ ናይ ዘንቢ ኣብ ሓደ ከንፊ ናይ ሚዛን ይቅመጥ፡ እታ ካርዲ ኸኣ ኣብቲ ካልኣይ ከንፊ ናይ ሚዛን ትቅመጥ'ሞ እታ ካርዲ ትኸብድ፡ ወዮ መጻሕፍቲ ይፎክስ) ይብሉ፡ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم።

እምበኣር መረዳእታ ናይዚ ቅኑዕ ሓዲስ ከምዚ ትሪኦ ዘለኻ፡ ድሕነትን ዓወትን ነቶም ነዘን ክልተ ምስክርነት ዝሓዙ ሰባት ምዃኑ እዩ፡ ግን እዘን ክልተ ምስክርነት ከተረጋግጸንን በቲ ንሳተን ዝእዝዛኦ ክትሰርሕን ናይ ግድን እዩ፡ እዚ ሓፈሻዊ ዝኾነ ቓላት ናይ ነብይ ናይዘን ክልተ ምስክርነት ብልጸት ዝነግር ከኸውን እንክሎ እቲ ኩሉ ዓወት

ግን ኑቲ ብሓቅን ብንጽህናን ዝብለን ምኺኑ ቀይዲ ተገይሩለን እዩ፡ ምኽንያቱ ድማ ኣብ ተግባርን ጸባይን ናይ ሓደ ወድሰብ ጽቡቕ ለውጢ ንኽርክብ እዩ።

# 2ይ ምዕራፍ

## *ምእንቲ እዘን ክልተ ምስክርነት ክትዋጋእን ክበሃላ ክምዘለወንን*

ኣቡ ሁረይራ ረዲየላሁ ዓንሁ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ከምዚ ኢሎም ይብሉ፥

((أمرت أن أقاتل الناس حتى يقولوا لا إله إلا الله. فمن قال : لا إله إلا الله عصم مني ماله ونفسه إلا بحقهما وحسابه على الله عز وجل)).

ትርጉሙ

(ደቂ ሰባት ብጀካ ንሓደ ኣላህ ብሓቂ መግዛእቲ ዝግብኦ የለን ኢሎም ክሳብ ዝምስክሩ ንኽዋገኦም ተኣዚዘ እየ: እንተ'ቲ لا إلـــه إلا الله (ብጀካ ሓደ ኣላህ ብሓቂ መግዛእቲ ዝግበኦ የለን) ዝበለ ግን ገንዘቡን ነፍሱን ካባይ ዝተሓለወ'ዩ: እንትርፊ ጉቡእ ናይ ገንዘብን ደምን ኣብ ርእሲኡ

እንተዘይሃልዩ፡ ዝተረፈ ሕሳቡ ናብ ረቢ እዩ፡ ኢሉም።

ኣብ ካልእ ሓዲስ'ውን ነብይ صلى الله عليه وسلم ከምዚ ይብሉ፥

((أمــرت أن أقــاتل الــناس حتى يشهدوا أن لا إله إلا الله ويؤمنوا بي وبما جئت به))

ትርጉም

(ብጀካ ሓደ ኣሳህ ካልእ ብሓቂ መግዛእቲ ዝግብእ የለን ኢሎም ክሳብ ዝምስክሩ : ከምኡውን ክሳብ ብኣይን ብቲ ኣነ ሒዘዮ ዝመጻእኩን ዝኣምኑ ንኽዋግኦም ተኣዚዘ'የ ) ይብሉ ።

ኢብኒ ዑመር ረዲየሳሁ ዓንሁ ነብይ ከምዚ ኢሎም ይብሉ፥

((أمــرت أن أقاتل الناس حتى يشهدوا أن لا إله إلا الله وأن محمــدًا رسول الله، ويقيموا الصلاة ويؤتوا الزكاة، فإذا فعلوا ذلك عصموا مني دماءهم وأموالهم إلا بحق الإسلام وحسابهم على الله))

ትርጉም

(ብጀካ ንሓደ ኣሳህ ብሓቂ መግዛእቲ ዝግ ብእ የለን ከምኡውን ሙሓመድ ናቱ ሉኡኽ'ዩ ኢሎም ክሳብ ዝምስክሩን ሰላት ብጉቡእ ዝሰግዱን፡ ዘካት ዘውጽኡን ንደቂ ሰባት ንኽዋግኦም ተኣዚዘ እየ : እዚ እንተ

ፈጺሞም ግን ገንዘቦም ኮነ ደሞም ብወገኑይ ሕልው'ዩ ብጀካ በቲ ጉቡእ ናይ እስልምና (ከም ንዝቐተለ ምቕታል) እንተዘይ ኮይኑ ዝተረፈ ሕሳቦም ምስ ረቢ እዩ።
ከምኡውን ኣነስ ረዲየላሁ ዓንሁ ካብ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ዘማሓላለፎ ከምዚ ይብሉ፥

((أمرت أن أقاتل الناس-يعنى المشركين-حتى يشهدوا أن لا إلــــه إلا الله وأن محمدًا عبده ورسوله، فإذ شهدوا أن لا إله إلا الله وأن محمــــدًا رســــول الله، وصلوا صلاتنا، واستقبلوا قبلتنا، وأكلوا ذبيحاتنا، فقد حرمت علينا دماؤهم وأموالهم إلا بحقها)) رواه البخاري

ትርጉሙ

( ንደቂ ሰባት ማለት ንሙሽሪኪን ብጀካ ሓደ ኣላህ ብሓቂ መግዛእቲ ዝግብኦ የለን ከምኡውን ሙሓመድ ናቱ ባርያን ሉኡኹን'ዩ ክሳብ ኢሎም ዝመስከሩ ንኽዋገኦም ተኣዚዘ'የ እንተ ዳኣ ብጀካ ንሓደ ኣላህ ብሓቂ መግዛእቲ ዝግብኦ የለን ከምኡውን ሙሓመድ ናቱ ሉኡኽ'ዩ ኢሎም መስኪሮምን ፤ ሰላትና እንተሰጊዶምን ናብ ቒብላና ገጾም እንተገይሮምን ሑሩድና እንተበሊዖምን፡ ደሞምን ገንዘቦምን ሓራም ይኾነና ብጀካ ጉቡእ ናይ ገንዘብን ደምን ኣብ ርእሲኦም እንተዘይሃልዩ ) ።

ከምዚ ዝጠቀስናዩ ዝመስል ሓዲስ ብዙሕ ኣሎ ፡-

ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ዝኾነ ሰብ ኣብ እስልምና ኣትዩ እዘን ክልተ ምስክርነት ብቃሉ እንተ ኢሉወን ይቕበልዎ ነበሩ ። ከምቲ ናይ ስነ-ታሪኽ መዝገብቲ ዘስፈርዎ:-

ኣቡዘር ኣብ እስልምና ምስ ኣተወ ብዛዕባ ነብሱ ከምዚ ይብል ፥

أتيت رسول الله صلى الله عليه وسلم فقلت: السلام عليك يا رسول الله، أشهد أن لا إله إلا الله وأن محمدًا رسول الله. قال فرأيت الاستبشار في وجهه.

ትርጉም

ናብ ረሱል صلى الله عليه وسلم መጺአ ኣሰላሙ ዓለይካ ያ ረሱሉላህ ድሕሪ ምባል: ኣሽሃዱ ኣንላኢላሃ ኢለላህ ወኣና ሙሓመድ ረሱሉላህ ምሰ በልኩ: ኣብ ገጽ ናይ ነብይ ናይ ሓጎስ መግለጺ ራኣኹ ይብል ። ከምኡውን ኻልድ ቢን ኣልወሊድ ኣብ እስልምና ንኽኣቱ ኢሉ ናብ መዲና ከይዱ: ናብ ነብይ صلى الله عليه وسلم ምስ በጽሐ ሰላም ኢለዮም ይብል: ብድሕሪኡ ( ኢኒ ኣሽሃዱ ኣን ላኢላሃ ኢለላህ ወኣነካ ረሱሉላህ ) ምስ በልኩ: ኣልሓ-ምዱሊላህ ናብ ቁኑዕ መገዲ ዝመርሓካ ኢሉምኒ ይብል።

ከምኡውን ኣብ ዛንታ ናይ ኻልድ ቢን ሰዒድ ቢን ኣልዓባስ ረዲየላሁ ዓንሁ ናብ እስል ምና ዝኣተወሉ ንነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ምስረኸቦም: (ናብ እንታይ ኢኹም ትጽውዑ

ዘለኹም ኢሉ ሓተቶም :ነብይ ሙሓመድ ከኣ ናብቲ ሓደ ኣላህ ሽርካ ዘይብሉ ኣነውን ናቱ ባርያን ሉኡኽን ምዃነይ ይጽውዓካ ኣለኹ : ከምኡውን ካብቲ ንስኻ ዘለኻዮ ንዘይ ሰምዑን ንዘይ ጎድኡን ንዘይጠቅሙን : ንዝግዘኦምን ዘይግዘኦምን ክፈልጡ ዘይክእሉ እምኒ ግዝኣት ንኽትሳቀቕ ይጽወዓካ ኣለኹ ምስ በሉዎ: ኻልድ' ውን ኣሽሃዱ ኣንላኢ ላሃ ኢለላህ ወኣነካ ረሱሉላህ ኢሉ መስከረ።

እዚ ዛንታን ንዕኡ ዝኣመሰለን ዝሕብሮ ነገር እንተሃለወ: እስልምናኻ ቅቡል ንክኸውን ብቃልካ ነተን ክልተ ምስክርነት ክትብለን: ቅድመ ኩነት ምዃኑ የረድእ። ብቃሉ ንዕአን ዝበለን ድማ ኣብዚ ሃይማኖት ኣትዩ ማለት'ዩ: ከምኡውን ደሙን ገንዘቡን ተሓልዩ: ንኽቅተል ሓራም ይኸዉን።

ኡሳማ ን-ሓደ ብቃሉ ነዘን ክልተ ምስክርነት ዝበለን: ሰብ ምስ ቀተለ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ብዝዝበሮ ብጣዕሚ ተቆጥዑ:-

ኡሳማ ረዲየላሁ ዓንሁ ነብይ صلى الله عليه وسلم ዝበልዎ ክገልጽ እንከሎ ከምዚ ይብል፥

(ነብይ صلى الله عليه وسلم ናብ ሓደ ኩናት ምስ ላኣኹኒ ኣብቲ ኩናት ንሓደ ሰብኣይ ንምቅታሉ ምስተዳለኹ ( ላኢላሃ ኢለላህ) ኢሉ: ኣነ ኸኣ ወጊእዮ ብድሕሪዚ ረሱል صلى الله عليه وسلمድሕሪ ላኢላሃ ኢለላህ ምስ በለ ቀቲልካዮ ? ምስ በሉኒ እ ሉኡኽ ኣላህ ካብ መሳርያ'ዩ ፈሪሑኳ'ዩ ዝበላ ምስ

በልኩዎም፡ ናይ ልቡ እንታይ ኣፍሰጠካ ከፈትካዮ ደ ኔርካ ብምባል መለስሉ። ጁንዱብ ኣልቡጀሊ ዝተባህለ ኣብ ዘመሓላለፎ ሓዲስ፡ ኡሳማ ንረሱል صلى الله عليه وسلم ከምዚ ኢሉዎም (ኦ ልኡኽ ኣላህ እዚ ዝቀተልክዎ'ኳ ንቡዙሓት ሙስሊሚን'ዩ ሃስዩ፡ ንእከለ፣ ንእከለ ቀቲሉ ኣነ ናብኡ ገጸይ ምስ'ምራሕኩ ሰይፍ ናተይ ሪእዩ'ዩ (ላኢላሃ ኢለላህ) ዝበለ ምስ በሎም ረሱል صلى الله عليه وسلم (ኣብ የውመል ቂያማ (ላኢላሃ ኢለላህ) ምስ መጸትካ እንታይ ክትገብር ኢኻ) ኢሎሞ።

وفي حديث ابن عباس أن النبي صلى الله عليه وسلم لما بعث معــاذا إلى اليمن قال له : ((فليكن أول ماتدعوهم إليه شهادة أن لا إله إلا الله وأني رسول الله)) متفق عليه

ኢብን ዓባስ ኣብ ዘመሓላለፎ ሓዲስ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ንሙዓዝ ኢብን ጀበል ናብ የመን ክልእኮ እንከለው((መጀመሪያ ጻዊዒትካ ናብ ላኢላሃ ኢለላህ ሙሓመድ ረሱሉላህ ይኹን)) ብምባል ለበዋ ኣመሓላሊፉሉ።

ነዚ ዓይነት ዝመስል ሓዲስ ቡዙሕ ኣሎ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ነቶም ኣብ ግ ዜኦም ዝነበሩ ነዘን *ክልተ ምስክርነት* ንኽብሉወን ጥራይ ይሓትዎም ነበሩ፡ ንዐእን ዝሓዘ ድማ በቲ ናተን ሓበሬታ ክሰርሕ፡ በቲ ንሳተን ዝሓተኦ ግዴታታት ክፍጽም ከምኡውን በቲ ንሳተን ዝግ ድደኦ ንረብን ንረሱልን ክምእዘዝ ከምኡውን

ብሙሉኡ ዒባዳታት ክፍጽም ተውሒድ ናይ ረቢ ክተግብር: ካብ ሽርኪ ዘለዎ ባህልታት ክላቀቅ ይእዝዝዎም ነበሩ : እዚ ጠባያት ከኣ ካብ ትርጉም ናይ (ላኢላሃ ኢለላህ ) ዝውሰድ እዩ:
ካብቲ ግዴታ ሓደ'ውን ንረሱል صلى الله عليه وسلم ክምእዘዝ ይግባእ: ከምኡውን በታ ሙሓመድ ረሱሉላህ ኢሉ ዝመስከረላ ናቶም ተኸታሊ ጥራይ ክኸውን ይግባእ።

እቶም ቀዳሞት ዝነበሩ ነዚ ኹሉ ኣብ ተግ ባር ንኽዉዕሉ ዝሓዝዎም ዓረብኛ ኣጽሪዮም ስለ ዝፈልጡዎ ትርጉም ናይ ሻሃዳ ፤ ትርጉም ናይ اله (ኢላህ)፣ ንረቢ ጉዲፍካ ዝፍጸም መግዛእቲ ምንጻግ፣ ንረቢ ብፍላይ መግዛእቲ ከምዝግብኦ ምርግጋጽ ዝብል ይርደኦም ኔይሩ: ብቃሎም ጥራይ ንኽብሉዋ ክትእዝዞም'ውን እኹል'ዩ ኔይሩ።

ስለዚ'ምባኣር እዘን ክልተ ምስክርነት ንኽድሕናኻ እንተኾይኑ ካብቲ ናተን ቅድመ-ኩነት ትርጉመን ክትፈልጠን ግዳማውን ውሽጣውን ተግ ባራትካ በኣእን ክትቅየድን እዩ።

ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ'ውን ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል።

( فاعلم أنه لا إله إلا الله (١٩) ) محمد

ከምኡውን ከምዚ ይብል ፥

( إلا من شهد بالحق وهم يعلمون (٨٦) ) الزخرف

ስለዚ ፍልጠት ሓደ ቅድመ-ኩነት ናይ ሻሃዳ ምዃኑ ንግንዘብ፡ ነዘን ዝሓለፋ ዓንቀጽ ናይ ቁርኣን ዝመስልው'ን ብዙሕ ኣሎ።

ካብዚ ብምብጋስ እምበኣር ሓደ ሙሽሪክ ዝነበረ ብቃሉ ጥራይ እዘን ክልተ ምስክርነት ብግ ልጺ ምስ ዝብለን ደሙ ሕሉው ይኸውን፡ ብድሕሪ'ዚ ጉዳዩ ተራእዩ እንተዳኣ ቀጥ ኢሉ ተውሒድ ሒዙ፡ ብትእዛዛት ናይ እስልምና ሰሪሑ ንሱ ኣስላማይ ኮይኑ እቲ ንሙስሊም ዝግባእ መሰል ይወሃቦ እዩ፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ኣስላማይ ዝግባእ'ውን ይግብኦ'ዩ፡ ግን እንተደኣ ኣንጻር ናይቲ ዝመስከሮ ገይሩ፡ ወይ'ውን ገለ ካብቲ ግዴታት ብምኽሓድን የለን ብምባልን ገዲፉ፡ ወይ'ውን ነቲ ፍሉጥ ዝኾነ ሓራም፡ ሓሳል እንተገይርዎ፡ እታ ሻሃዳ ንደሙ ከልካሊት ኣይኮነትን። እዚ ኸኣ ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን ካብ ብዙሓት ፈላጣት ዝበሃሉን ኣብ ድንቁርና ዝነበሩን፡ ሰብ ገበሮ ኢሎም ዝገብሩን፡ እምነቶም ዝተበላሸወ ብዙሓት ካብ ደቂ ሰባት ኣለዉ፡ ብዘይ ኣፍልጦ ናይ ሃይማኖቶምን ናይዘን ክልተ ምስክርነት ዝሕብረኦን ከይፈለጡ ዝዓበዩ ከምኡ'ውን ናይ ቋንቋ ዓረብ ኣፍልጦ ብዘይ ምህላዎም ንትርጉም ናይዘን ክልተ ምስክርነት ዘይርደኦም ኣብቲ ንዐኦን ብግ ልጺ ዝጻረር ዝኾነ ክወድቁ ተረኺቦም።

ከምኡ'ውን ነዘን ቃላት፡ ንቃላተን ምድግጋም ጥራይ በቲ ንሳተን ዝእዝዛ ከይሰራሕካ ናተን ትርጉም ኣፍልጦ ዘይብልካ ብኣፍካ ጥራይ ምባል እኹል ይመስሎም።

ስለዚ ' ምብኣር ንሕና ናይዞን ክልተ ምስክርነት ትርጉም ክንገልጽ ኣድላዪ ይኸውን: እቶም ንትርጉመን ክይፈለጥካ ብቃላትካ ንዐኣን ጥራይ ምባል ኣስላማይ ዘብለካን ሙሉእ ተውሒድ ኣለካን ዝብልዎን ኣንጻር ናይ ትርጉመን ዝህብዎን ዘለዉ መርትዖ ክንቅርበሎም ንፈቱ።

# ምዕራፍ 3

## ትርጉም ናይ ዓኢዓሃ ኢለዓህ

መራሕቲ ናይ ዳዕዋ ዝኾኑ ረቢ ይርሓመሎም ንትርጉም ቓል ናይ ተውሒድ ንምግ ላጽ ብዙሕ ደኺሞም'ዮም። ሸኽ ሙሓመድ ቢን ዓብደልዋሃብ ንዓኣ ብፍላይ ከም ሕቶን መልስን ገይሮም ኣብ መጽሓፎም ገሊጾማ: ከምኡውን ብኣኣ ኣብ ከሽፍ ኣሹብሃት ዝተባህለ መጽሓፎምን ኣብ ካልእን ተዛሪቦም'ዮም: ብኻልእ ወገን ከኣ ብዙሓት ንኪታብ ኣተውሒድ ዝገለጹ'ውን ብዛዕባኣ ኣብሪሆም'ዮም።

እነሆ'ውን ናይ ሸኽ ሱሌማን ቢን ዓብዱላህ ዝተባህሉ ኣብ ተይሲር ኣልዓዚዝ ኣልሓሚድ ዝተባህለ: ንኪታብ ናይ ተውሒድ ዝገልጽ መጽሓፍም ኣብ ገጽ 53 ከምዚ ይብሉ ፥ *ትርጉም ናይ ዓኢዓሃ ኢለዓህ* (ብሓቂ መግዝእቲ ዝግብኦ የልቦን ብጀካ ሓደ ገዛኢ) ንሱ ኸኣ እቲ ሽርካ ዘይብሉ ሓደ ኣላህ እዩ :ከምቲ ኣላህ ኣብ ቁርኣን ዝበሎ:-

( وَمَــا أَرْسَلْنَا مِنْ قَبْلِكَ مِنْ رَسُــولٍ إِلَّا نُوحِي إِلَيْهِ أَنَّهُ لَا إِلَهَ إِلَّا أَنَا فَاعْبُدُونِي(٢٥) ) الأنبياء

ከምኡውን ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ከምዚ ይብል፥

( وَلَقَــدْ بَعَثْــنَا فِــي كُلِّ أُمَّةٍ رَسُولًا أَنْ اعْبُدُوا اللَّهَ وَاجْتَنِبُوا الطَّاغُوتَ ) النحل

ኢላህ ንዝብል እቲ ቁኑዕ ትርጉሙ ግዛኣይ (ዒባዳ ዝግበኦ መላኺ) ማለት'ዩ: ስለዚ ኸኣ'ዮም ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ንኩፋር ቁሬሽ (ላኢላሃ ኢለላህ) በሉ ምስ በልዎም:

( أَجَعَلَ الْآلِهَةَ إِلَهًا وَاحِدًا إِنَّ هَذَا لَشَيْءٌ عُجَابٌ(٥) ) ص

ትርጉሙ

(ንዞም ኩሎም ኣማልኽቲ ገዲፉ ሓደ ኣምላኽ ገይርዎ: እዚ'ኮ ዝገርም ነገር'ዩ)ዝበሉ ::
ከምኡውን ህዝቢ ናይ ነብይ ሁድ ንነብይ ሁድ፥

( أَجِئْتَنَا لِنَعْبُدَ اللَّهَ وَحْدَهُ وَنَذَرَ مَا كَانَ يَعْبُدُ آبَاؤُنَا ) الأعراف

ትርጉሙ

(ነቲ ኣቦታትና ዝግዝእዎ ዝነበሩ ክንገድፎ ንኣላህ ጥራይ ክንግዝእ ዲኻ ትእዝዘና ዘለኻ ?) ኢሎሞ።
ንሱ ዝጸወየም ናብ (ላኢላሃ ኢለላህ) እዩ ነይሩ: እምበኣር እቲ ቅኑዕ ትርጉም ናይ ላኢላሃ ኢለላህ

እዚ'ዩ። ንረቢ ክትግዛእ ንብጀክኡ ክትገድፍ፣ ብጣኡት ክትክሕድ፣ ብኣላህ ክትኣምን ማለት'ዩ። እዛ ክብርቲ ቃል እዚኣ ሓቍፋቶ ትርከብ እምበኣር: ብጀካ ሓደ ኣላህ:ገዛኣይ(መላኻይ) ክምዘየሎ: ክምኡውን ብጀክኡ ንኻልእ ክተምልኽ ናይ ጌጋታት ጌጋ ምኺኑን ንኻልኡት መግዛእቲ ክተረጋግ ጸሎም ናይ ዓመጻት ዓመጽ እዩ። ክምቲ ኣምልኾት ንብጀክኡ ዘይግባእ: ንኻልእ መግዛእቲ (ዒባዳ) ኣይግባእን እዩ። ስለዚ እዛ ቃል ሓቍፋቶ ትርከብ ንብጀክኡ ኣምልኾት ምንጻግን ነቲ ሽርካ ዘይብሉ ንበይኑ ሓደ ኣምልኾት ክም ዝግበእ ምርግጋጽ እዩ። እዚ'ምባኣር ሓደ ገዛኣይ ንበይኑ ንኽትሕዝ የገድደካ፣ ብጀካ ንዕኡ ንኻልእ ምስኡ ክትግዛእ ይውግዘካ ።

ስለዚ ብጠቅላላ ዒባዳ ዘበለ ኣብቲ ኣምልኾት ናይ ረቢ ዝኣቱ ኮይኑ: ናይዚ መበገሲኡ ኸኣ ልቢ ንኣላህ ብፍትወትን ብትሕትናን ምስ ተምልኾ ናብቲ ንበይኑ ሓደ ሽርካ ዘይብሉ ስለ ተምርሐ፣ ናይ ግ ድን ኣብ ዒብዳ ክም ዱዓ፣ ፍርሒ፣ ምፍታዉ፣ ምዉካል፣ ምምላስ ምንሳሕ ቁርባን ምምጽባዕ ገጽካ ኣብ መሬት ምምባር ኮታ ብሓፈሻ ዒባዳ ዘበኡ ናብቲ ንበይኑ ሓደ ሽርካ ዘይብሉ ክትግብሮ ናይ ግድን ይኸውን።

ካብቲ ብጀካ ንረቢ ንኻልእ ዘይግባእ ዒባዳ ናብ ካልእ ዝፈጸሞ ግን ወላኳ (ላኢላሃ ኢለላህ) እንተበለ ሙሽሪክ እዩ:ምኽንያቱ በቲ ንሳ ትእዝዞ ተውሒድን ፍጹምነትን ስለ ዘይተመርሐ።

*(ኢ.ኣህ)ንዝተባልሉ ትርጉም ዑለማእ ዝበልዎ:*

ኢብኒ ዓባስ (ረዲየላሁ ዓንሁ) ከምዚ ይብሉ፥ (ኣላህ ኣብ ልዕሊ ኩሉም ፍጡራቱ ንሱ በዓል ኣምልኮት ከምኡውን ዝላይ እዩ።
ኣልወዚር ኣቡ ኣልሙንዚር ኣብ ኣልኢፍሳሕ ዝተባህለ መጽሓፎም ከምዚ ይብሉ፥
ብጀካ ሓደ ኣላህ ብሓቂ መግዛእቲ ዝግብኦ የልቦን ኢሉ ዝምስክር፡ ብጀካ ንሓደ ኣላህ ብሓቂ መግዛእቲ ዝግብኦ ከምዘየሎ ኣፍልጦ ንኸህልዎ ይግ ደድ ከምቲ ረቢ ኣብ ቁርኣን ዝበሎ፥
( فَاعْلَمْ أَنَّهُ لَا إِلَٰهَ إِلَّا اللَّهُ (١٩) ) ـــــ

እቲ ብቃሉ ዝብላ ብኣላ መስካሪ ክኸዉን ኣለዎ፡ እቲ ብሓቂ ዝምስክር ከኣ በቲ ዝምስክሮ ዘሎ ኣፍልጦ እንተዘይሃሊዎ ከምቲ ብኣፍልጦ ዝምስክር ክምጽእ ከምዘይክእል ረቢ ኣብ ቁርኣን ገሊጽዎ'ዩ፥

( إِلَّا مَنْ شَهِدَ بِالْحَقِّ وَهُمْ يَعْلَمُونَ(٨٦) ) الزخرف

በዚ ነገር እንተ ኣረጋጊጽካ ክትፈልጦ ዝግብኣካ እንተሃለወ ኩሉ ኣብዛ ዓለም ዘሎ ምልክት ናይ ፍጡርነት ዘለዎ፡ መላኻይ(ዒባዳ ዝግብኦ) ክኸዉን ኣይክእልን'ዩ። እንድሕር ደኣ ብጀካ ሓደ ኣላህ

ካልእ ብሓቂ መግዛእቲ ዝግብእ የልቦን ኢልካ መስኪርካ ኣብቲ ትብሎ ዘለኻ ብጀከኡ ዒባዳ ዝግ ብእ ከምዘየሎ ሓዚሉ ዝርከብ ቃል'ዩ: በቲ ዝኣተኻዮ ቃል ድማ ንበይኑ ንኽትግዝእ ትግደድ። እምበኣር ብሓፈሻ ክትፈልጦ ዝግብኣካ እዛ ቃል እዚኣ ብጣእት ንኽትክሕድ ንኣላህ ንኽትኣምን ሓዚላ ትርከብ ። ንኹሉ ኣምልኾት ምስ ነጸግካ ናይ ኣላህ ጥራይ ምስ ኣረጋገጽካ ካብቶም ንጣእት ዝኸሓዱ ብረቢ ዝኣመኑ ኮይንካ'ለኻ ማለት እዩ።

ኣቡ ዓብዱላህ ኣልቁርጡቢ ዝተባህሉ ኣብ መጽሓፎም ተፍሲር ናይ ቁርኣን : (ላኢላሃ ኢለላህ) ማለት መግዛእቲ ዝግብእ ብጀከኡ የለን ማለት'ዩ ይብሉ።

ዘመኽሸሪ ዝተባህሉ (ኢላህ) ክበሃል ክሎ መሰርቱ መጸዊዒ ናይ ነገር እዩ ከምዚ ሰብኣይ: ፈረስ ዝበሃል ናይ ሓባር ሽም'ዩ። ከምኡውን (ኢላህ) ብሓቂ ወይ ብሓሶት ንተምልኾ ዝበሃል ሽም'ዩ: ኮይኑ ግን ኣብቲ ብሓቂ ዝግዛእ ተጠቅሊሉ ተሪፋ: ይብሉ ።

ኢብኒ ተይሚያ ዝተባህሉ፡ዓብይ ዓሊም ከምዚ ይብሉ፥

ኢላህ ዝበሃል፥ ትግዝእ ትምእዘዞ ዝኾነ'ዩ: ከምኡውን (ላኢላሃ ኢለላህ) ምባል: ኣላህ ኣብ ኣምልኾት ንብሕቱ ምኻኑ ምርግጋጽ እዩ። ግዛኣይ ክበሃል ክሎ ሙሉእ ፍልጠት፣ ክእለት፣ ርህራሄ፣ ሒክማ፣ ጠቅሊሉ ይርከብ: ከምኡውን ንባሮቱ ሰናይ ዝገብረሎም ኢልካ ምርግጋጽ'ዩ: ኢላህ ክበሃል ክሎ ልብታት ዘምልኽአ'ዩ: እቲ መላኺ ድማ ንሱ'ዩ

መግዛእቲ ዝግብኦ.... መግ ዛእቲ ንኽትግዘኦ ዝግብኦ ኸኣ በቲ ንሱ መግለጺ ተገሊጽዎ ዘሎ ንኽትፈትዎ ዘገድደካን ናይ ብሓቂ ፍቱዉ ዝላዓለ ትሕትና ንዕኡ ዝግብኦ ዝኾነ እዩ።

ኢብኒ-ልቀይም ዝተባህሉ ዓሊምውን ከምዚ ይብሉ፥
(ኢላህ) ዝበሃል ልብታት ብግርምኡን ብምፍታውን ዘምልኾኦ ናብኡ ዝምለሰኦን ንኽብረቱን ንዕብየቱን ብምዕባይ ብትሕትናን ብፍርህን ብምትስፋዉን ብምጽጋዕን ዘምልኾኦ እዩ።

ኢብኒ ረጀብ ዝተባህሉ ዓሊም'ውን ከምዚ ይብሉ፥
(ኢላህ) ዝበሃል እቲ ንግርምኡን ሃይብኡን ኢልካ እትምእዘዞ ዘይትብድሎ ብምፍታዉን ብምፍራሕን ተስፋ ብምግባር ናብኡ ብምጽጋዕን ንዕኡ እትሓቶን እትጽዎዖን ዝኾነ እዩ። እዚ ብሙሉኡ ብጀካ ንኣላህ ንኻልእ ኣይግባእን'ዩ እንተዳኣ ንዝኾነ ፍጡር ኣብዚ ናይ ብሕቱ ናይ ኣላህ ዝኾነ ጉዳይ ኣሻሪኽካዮ ነት ላኢላሃ ኢለላህ ዝበልካዮ ቃል ዝጻረር እዩ:ኣብ ተዊሕድካ'ውን ጉድለት ኮይኑ ንፍጡር ተገዚእካ ማለት'ዩ: እዚ ኸኣ ካብቲ ሓደ ካብ ጨናፍር ናይ ሽርኪ እዩ።

ኣልበቃዒ ዝተባህሉ ከምዚ ይብሉ፥ (ላኢላሃ ኢለላህ) ማለት ብሓቂ መግዝእቲ ዝግብኦ የልቦን ብጀካ'ቲ ክቡር ዓቢይ ዝኾነ ኢልካ፡ ካልኦት ብሓቂ መግዛእቲ ዝግብኦም ከምዘየለው ኣትረርካ ምንጻግ እዩ። ከምዚ ዝበለ ፍልጠት ከኣ እቲ ዝበለጸ ዚክሪ ኮይኑ ካብቲ ጸጋማት ናይ ቂያማ ዘድሕን

እዩ። ፍልጠት ንኸበሃል ከኣ ዝጠቅመካ ክኸዉን ኣለዎ ጠቃሚይ ንኸበሃል ከኣ እንተዳኣ በቲ እታ ቃል ትእዝዞ ዝትግብርን ዝምብርከኽን ኮይኑ እዩ፡ እንተዘይኮኑ ናብ ድንቁርና እዩ ዝልወጥ።

ኣጠይቢ ዝተባህሉ ከምዚ ይብሉ፥ (ኢላህ) ዝብል ገዛኣይ(ክትግዘእ ዝግባኣካ) ማለት እዩ፡ እዚ ኸኣ ብኣንጻር ናይቶም ንቀብሪ ዝግዝኡን ከምኦም ዝኣመስሉን ኣብ ናይ (ኢላህ) ዝብል ትርጉም፥ ፈጣራይ ወይ ከኣ ሓዲሽ ነገር ንምምሃዝ ክእለት ዘለዎ ወይ ነዚ ዝመስል ኣባሃህላ ዝብልዎ እዩ። ከምዚ ዓይነት ትርጉም ብምሃቦም ኸኣ እቲ ዝላዓለ ክፍሊ ናይ ተዉሒድ ዝበጽሖ ኮይኑ ስለ ዝስመዮም ወላ ንዝኾነ ይኹን ንረቢ ገዲፎም ንሙዉታን ተለመኑ ኣብ ግዜ ሽግር ካብኦም ሓገዝ ተደልዩ፣ ንኡዳዮም ክፍጽምሎም እንተሓተቱ፣ ኣብ ግዜ ጸበባ ናብኦም መጽባዓ እንተዝበሩ፣ ናብቲ ዋና ስማያትን መሬትን ዝኾነ ረቢ ዋሕስ ኩኑና ኢሎም እንተሓተቱ፣ እንተተገዝኡ፣ ካልእ ነዚ ዝመስል ዒባዳ እንተፈጸሙ ኣብ ተዉሒድ ዘለዉ ኮይኑ ይስመዮም። ኣይመሰሎምን ደኣ'ምበር ካብ ዓረብ ዝነበሩ ኩፉር፡ ረቢ ፈጣሪ ሓድሽ ነገር ንምፍጣር ክእለት ዘለዎ ምዃኑ የረጋግጹ ኔይሮም'ዮም። ብናይ፡ ንቀብሪ ዝግዝኡ ፍርዲ እንተኾይኑ ግን ባዓል ኣቡጃህል፣ ኣቡላሃብ፣ ንዐኦም ዝኣመስሉን ከም ኣስላም ክቆጽርዎም ማለት'ዩ። እቲ ጹሩይ እስልምና ከምዚ ተኾይኑ ን ወድ ሰዋዕ ዝበሃሉ ጣኦት ዝግዝኡ ዝነበሩ በዚ ኣበሃህሎኦም ኣስላም ክባሃሉ ማለት'ዩ።

ከምኡ እንተዝኸዉን ምስ ረሱል صلى الله عليه وسلم ዝነበረ ምስሕሓብ ኣይምተረኸበን እኳደኣ ናብ ጸዊዒቶም ኣኸቢሮምን ተቀላጢፎምን ምተቀብልዎም ኔሮም። (ላኢላሃ ኢለላህ) በሉ ክብልዎም ከለዉ ብኸምዚ ዝስዕብ ትርጉም ማለት (ብጀካ ሓደ ኣላህ ሓዲሽ ዝኾነ ነገር ክፈጥር ዝኽእል የለን) ዝብል ነይሩ እንተዝኸዉን ሕራይ ሰሚዕናዮ ተቀቢልናዮ ኣለና ምበሉ ኔይሮም፡ ምኽንያቱ ረቢ ፈጣሪ ምኳኑ ይፈልጡ ኔይሮም ኢዮም። ከምቲ ረቢ ኣብ ቁርኣን ዝበሎ፦

(ولَئِنْ سَأَلْتَهُمْ مَنْ خَلَقَهُمْ لَيَقُولُنَّ اللَّه ) الزخرف

ከምኡውን ረቢ ከምዚ ይብል፥

( وَلَئِــنْ سَــأَلْتَهُمْ مَنْ خَلَقَ السَّمَاوَاتِ وَالْأرْضَ لَيَقُولُنَّ خَلَقَهُنَّ الْعَزِيزُ الْعَلِيمُ(٩) ) الزخرف

ካልእ ነዚ ዝመስል ዓንቀጻት ናይ ቁርኣን'ውን ኣሎ ግን እቶም ህዝቢ (ላኢላሃ ኢለላህ) ንምባል ዝኣበዩ ቋንቋ ዓረብ ኣጸቢቆም ስለ ዝፈልጡ እዛ (ላኢላሃ ኢለላህ) ንምዉታትን ንጣኦትን ምልማን ኮነ፣ ከምኡውን ብጀካ ካብ ረቢ ካብ ካልእ ዋሕስ ምሕታትን ንኻልእ ምምላኽ ካብ ስሩ ከምተብርስ ይፈልጡ ኔይሮም'ዮም።

ስለዚ ከኣ ከምዚ ይብሉ ኔይሮም፥

( مَا نَعْبُدُهُمْ إِلَّا لِيُقَرِّبُونَا إِلَى اللَّهِ زُلْفَى ) الزمر

ከምኡውን

( هَؤُلَاءِ شُفَعَاؤُنَا عِنْدَ اللَّهِ ) يونس

ከምኡውን

( أَجَعَلَ الْآلِهَةَ إِلَهًا وَاحِدًا إِنَّ هَذَا لَشَيْءٌ عُجَابٌ(١) ) ص

ኣቡ ጃህል ከምኡውን ርእሲ ናይ ኩፍሪ ዝነበሩ ቁሬሽን ካልኦትን ንትርጉም ላኢላሀ ኢለላሀ ካብዞም ንቀብሪ ዝግዝኡ ንላዕሊ ይፈልጥዋ ኔይሮም። ረቢ ከምዚ ይብል፥

( إِنَّهُمْ كَانُوا إِذَا قِيلَ لَهُمْ لَا إِلَهَ إِلَّا اللَّهُ يَسْتَكْبِرُونَ(٣٥)وَيَقُولُونَ أَئِنَّا لَتَارِكُو آلِهَتِنَا لِشَاعِرٍ مَجْنُونٍ(٣٦) ) الصافات

እዛ (ላኢላሃ ኢለላሀ) ምባል ዝኾነ ዒባዳ ንብጀካ ረቢ ገዲፍካ ዝግበር ንኽትገድፍ ከምትእዝዝ ከምኡውን ንኣላህ ንበይኑ ጌርካ ንኽትግዝኦ ከምተጠቃልል ይፈልጡ ኔይሮምዮም።
ከምኡውን ንቀብሪ ዝግዝኡ : እንተዳኣ ዱዓን ዒባዳን ንረቢ ብፍላይ ክገብርዎ ሓቲትካዮም ነዞም ንጉዳይና ንኽፍጽሙ ዋሕስና ዝኾኑ ክንገድፍ ? ይብሉ፡ ኮይኑ ግን እቲ ንዕኦም ምግዳፍ ናብ ረቢ ጥራይ ፍጹም ምኺን እሱ'ዩ እቲ ሓቂ ክትብሎም ይከኣል።

ሳኢሳሃ ኢሰላህ ምንጻግን ምርግጋጽን ሒዛ ትርከብ:- ኣምልኾት ብጀካ ንኣላህ ትነጽግ፤ ብጀካ ኣላህ ክበሃል ክሎ ይትረፍ'ዶ ካልእ: ከም መላኢካን ነቢያትን ዝኣመሰሉ እንተኾኑ'ውን ኢላህ ኣይኮኑን። ከምኡውን ዝኾነ ዓይነት ካብ ዒባዳ ኣይግበእምን እዩ: ኣምልኾት ኸኣ ንኣላህ ንበይኑ ምኳኑ ተረጋግጽ። እዚ ማለት ድማ ሓደ ባርያ ንብጀክኡ ንኻልእ ከምልኽ የብሉን: ወላኺ ትንኣስ ናብ ምምላኽ ገጹ ከምርሕ የብሉን: ከምኡ'ውን ካብዝኾነ ናይ ዒባዳ ነገር ከም ዱዓ፤ ቁርባን፤ መጽባዓ ዝኣመሰለ ናብ ካልእ ብልቡ ክንጥልጠል የብሉን።

ብሓፈሽኡ እምበኣር ብጀካ ንኣላህ ንኻልእ ከምልኽ የብሉን ማለት ብጀካ ንሓደ ኣላህ ንኻልእ ክግዛእ የብሉን ማለት እዩ ።

ነዛ ቃል እዚኣ ንትርጉማ ፈሊጡ ብቃሉ ዝበላ : በቲ ንሳ ትእዝዞ ድማ ዝሰርሐ: ንሽርኪ ዝነጸገ: ንናይ ኣላህ ተውሒድን በቲ ሒዛቶ ዘላን ብተሪር እምነት ዘረጋገጸን ዝተግበረን: እዚ'ዩ እቲ ናይ ብሓቂ ሙስሊም ዝበሃል።

እንተዳኣ ናይ ዉሽጣዊ እምነት ዘይብሉ ብጎ ዳሙ ጥራይ ዝትግብር ኮይኑ እዚ ሙናፊቅ እዩ።

ከምኡውን በቲ ንትእዛዛ ዝጻረር ሽርኪ እንተሰሪሑ ኸኣ ወላ'ኳ ብኣፉ እንተበላ ካፍር እዩ።

ንሙናፊቕን ከኣ እንተተዓዚብካዮ'ም ብግዳሞም

ይሰርሑ'ዮም ኮይኑ ግን ኣብቲ ዝባእሰ ክፍሊ ናይ ጃሃነም ከኣ'ዩ ሰፈሮም።

የሁድ ከኣ ኣብቲ ሽርክን ኩፍርን እንከለዉ ይብልዋ'ዮም ግን ኣይጠቀመቶምን ።

ከምኡውን ካብ እስልምና እንደገና ኪሒዱ ካብቲ ንሳ ትእዝዞን ናታ ጉቡእን ዝወጸ: ወላ ሚእቲ ሺሕ ጊዜ እንተበላ ኣይትጠቅሞን እያ።

ከምኡውን ካብቲ ዒባዳ ናይ ረቢ ንኻልእ ዝፈጸመ (ዝተግበረ) ከም ንቀብሪ: ንጣኦት ዝግዛእ ወላ'ኳ ብኣፉ እንተበላ እይትጠቅሞን እያ: ኣብቲ ቃል ናይ ነብይ صلى الله عليه وسلم ብዛዕባ ብልጸታ ዝተዛረብዎ ሓዲስ'ውን እቲዉ ኣይኮነን።

ነብይ'ውን ኣብ ዘረበኦም ከገልጹ ከለዉ (وحده لاشريك له) ንበይኑ ሽርካ ዘይብሉ ዝበለ ክብሉ እንከለዉ ሓደ ሓበሬታ እዩ: ምኽንያቱ ከም የሁድ: ሙናፊቕ: ንቀብሪ ዝግዛእ: ሙሽሪክ እንክሉ ብኣፉ ንኽብላ ይኽእል'ዩ: እንተኾነ ግን ነብይ صلى الله عليه وسلم ንህዝቦም ናብ ሳኢላሃ ኢለላህ ጸዊዒት ዝገብርዎ ብኣፎም ንኽብልዋ ጥራይ ኮይኑ ይመስሎም: እዚ ከኣ እቲ ዝዓበየ ድንቁርና እዩ: ምኽንያቱ ነብይ صلى الله عليه وسلم ጸዊዒት ዝገበሩሎም ብኣፎም ንኽብልዋን በቲ ትርጉማ ክሰርሑን ብጀካ ንረቢ ንኻልእ ዒባዳ ዝግበር ክገድፉን እዩ ኔሩ። ስለዚ'ዮም ከኣ እቶም ሙሽሪኪን ከምዚ ዝበሉ።

( أَئِنَّا لَتَارِكُوا آلِهَتِنَا لِشَاعِرٍ مَّجْنُونٍ(٣٦) ) الصافات

ከምኡውን ( أَجَعَلَ الْآلِهَةَ إِلَهًا وَاحِدًا ) ዝበሉ። ስለዚ'ዮም'ምበኣር ብኣፎም ንኽብልዋ ዝኣበዩ'ምበር ብቃሎም ንዓኣ ኢሎም ኣብቲ ዝሕበርዎ ዒባዳ ናይ ጣኦት ዑዛ፣ መናት፣ እንተዝቅጽሉ ሙስሊምን ኣይምኾኑን ኔይሮም: ነቲ ሽርካ ዘይብሉ ኣላህ ክሳብ ዝግዝኡን ካብ ሽርክን ንጣኦት መግዛእትን ክሳብ ዝገድፉን ድማ ነብይ صلى الله عليه وسلم ምተዋግእዎ ኔይሮም።

እዚ ኸኣ እቲ ፍሉጥ ዝኾነ ናይ ኪታብን ሱናን ኩሎም ዑለማእን ዝተሰማምዕሉ ሓቂ እዩ።

እቶም ንቀብሪ ዝግዝኡ ግን ትርጉም ናይዛ ቃል ኣይፈለጥዋን ኣለው ። ከምኡውን እቲ ንጹግ ዝኾነ ኣምልኾት ብጀካ እቲ ነቲ ሽርካ ዘይብሉ ረቢ ዝተረጋገጸ ኣይፈለጥዎን ኣለው። እኳ'ደኣ ካብ ትርጉማ ሓንቲ ዝፈልጥዎ የብሎምን እንትርፈ እቲ ኣማናይን ዘይኣማናይን ዝፈልጠ ኮታ ኩሎም ፍጡራት ዘረጋገጽዎ: ብጀኩኡ ሓድሽ ምህዞ ንምፍጣር ዝኽእል የለን ወይ ከኣ ንሱ ካብ ፍጡራት ዘይደሊ ፍጡራት ካብኡ ዝደልዩ ዝብል ትርጉም ዝህብዎ እዩ: እዚውን ሓደ ካብቲ ግ ዴታታት ናይ ኣምልኾት ምኻኑ ሓቂ እዩ: እንተኾነ ግን እቲ ካብ ትርጉም ናይ ላኢላሃ ኢለላህ ዝድለ ንሱ ጥራይ ኣይኮነን እዚ ከምዚ ዝበለ ትርጉም መለክዒ ናይ እምነት ኔይሩ እንተዝኸዉን ኩፋር በዚ ነገር ይፈልጡን የረጋግጹን ኔይሮም'ዮም: ነቶም ዘምልኽዎም ዝነበሩ'ውን እዚ

ነገር ኣብኣቶም ኣሎ ኣይበሉን'ዮም ኔይሮም። እኳደኣ ኣብ ቅድሚ ረቢ ዝደኽዩን ንጉዳዮም ካብ ረቢ ዝደልዩን ምኺኖም ይፈልጡ ኔይሮም'ዮም ፤ ግን ንዕኦም ዝግዝእዖም ዝነበሩ ምኽንያት፣ ምእንቲ ሞንጎኛን ዋሕስን ኮይኖም ንዝደለይዎ ካብ ረቢ ክረኽቡን ጉዳዮም ንኸዕወት ብምባል እምበር ዘምዉት፣ ዘሕዉይ፣ ሽሻይ ዝልግስ፣ ዝፈጥር፣ ንዝኾነ ነገር ዝዉንን፣ ሽርካ ዘይብሉ ረቢ ጥራይ ምኺኑ ይፈልጡ ኔይሮም'ዮም።

ስለዚ ኸኣ'ዮም ትርጉም ናይ ላኢላሃ ኢለላህ ስለ ዝፈለጥዋ ብመልሓሶም ክብልዋን ኣብ ተግባር ክተግብርዋን ዝኣበዩ፡ እቲ ብ توحـــيد الربوبـــية (ዋንነት ናይ ረቢ) ዝኣምንዎ ዝነበሩ ኣብ ኣምልኾት ሽርኪ እናዝብሩ ኣይጠቀሞምን።

ከምቲ ረቢ ኣብ ቁርኣን ዝበሎ፥

( وَمَا يُؤْمِنُ أَكْثَرُهُمْ بِاللَّهِ إِلَّا وَهُمْ مُشْرِكُونَ(١٠٦ ) يوسف

እቶም ንቀብሪ ዝግዝኡ ከኣ ብመልሓሶም ወላኳ እንተብልዋ ትርጉማ ግን ኣይፈለጥዋን፡ ነቲ ቅኑዕ ትርጉማ ንኸምጽኡ ድማ ኣይከኣሉን፡ ስለዚ ኸኣ ከም የሁድ ብመልሓሶም ዝብልዋ ብኣኣ ዘይሰርሑ ኮይኖም ኣለው።

ገለ ካብኣቶም ከኣ ብኣፎም ይብልዋ ንብጀካ ረቢ ከኣ ብምፍታዉን ብዕብየትን ብኽብረትን የምልኹ፡ ከምኡውን ንብጀካ ረቢ ይፈርሑ፣ ይትስፈው፣ ይዉከሉ፣ ኣብ ግዜ ጸበባ ይልምንዎም

ዝተፈላለዩ ዒባዳታት ካኣ ይፍጽሙ እቲ መበዝሒኡ ኸኣ: ልቦም ብኣምልኾት ንብጀካ ረቢ ስለ ዝመልአ : ካብቶም ቀዳሞት ዝነበሩ ሙሽሪኪን ዝፈጸምዎ ሽርኪ ካብኡም ንላዕሊ ይፍጽሙ።

ስለዚ ኸኣ ካብኣቶም ብሓሶት ይኹን ብሓቂ ብረቢ ማሓል እንተኢልካዮ ይምሕለልካ: ብሸኽ እከለ ማሓለለይ እንተበልካዮ ግን ብሓሶት እንተኾይኑ ፈጺሙ ኣይምሕለልካን'ዩ: ንምንታይ እሞ እቲ ኣብ ትሕቲ ሓመድ ተደፊኑ ዘሎ ኣብ ልቡ ካብ ረቢ ንላዕሊ ስለ ዘዕበዮ እዩ። እቶም ቀዳሞት ዝነበሩ ሙሽሪክን ግን ከምዚ ኣይነበሩን: እኳ ደኣ ንዝምሕልዎ ጉዳይ ክትርርዎ እንተደልዮም ብሓደ ረቢ ኢዮም ዝምሕሉ ዝነበሩ ብዛዕባዚ'ዉን ኣብ ኪታብ ናይ ቡኻሪ ተዘኪሩ ኣሎ።

ካብቶም ንቀብሪ ዝግዝኡ'ውን ነቲ ዝግዝእዎ ቀብሪ ምልማንን ሓገዝ ምሕታት ካብቲ ኣብ መስጊድ ካብ ረቢ ትሓቶ ሓገዝ ዝበለጸ ጥቅምን ዓወትን ዘለዎ ገይሮም ይርኢዎ። እዚ ከኣ ባዕላቶም ዝብልዎን ዘዘንትውዎን እዩ።

እዚ ዓይነት ሽርኪ እቶም ቀዳሞት ዝነበሩ ሙሽሪክን ዘይፈጸምዎ ሽርኪ እዩ። ንምንታይ እሞ እቶም ቀዳሞት ዝነበሩ ሙሽሪክን ኣብ ጊዜ ጸበበኦም ናብ ረቢ ጥራይ ኢዮም ዝልምኑ ኔሮም: እዞም ናይ ዘመና ግን ኣብ ግዜ ጸበባን ሽግርን ናብቶም ኣብ ቀብሪ ተደፊኖም ዘለዉ ንሽግሮም ክቅንጥጥሎም ኣብ ባሕሪ ኮነ ኣብ መሬት: ኣብ ጉዕዞ ናይ መገሻ ኮነ ኣብ ምምላስ ነቶም

ዘምልኽዎም እዮም ዝጽዉዑ። እዚ ኸኣ እቶም ቀዳሞት ዝነበሩ ሙሽሪክን ዘይፈጸምዎ ተግባር እዩ።

ረቢ ብዛዕባ ናይቶም ቀዳሞት ሙሽሪክን ከምዚ ይብል፥

( فَإِذَا رَكِبُوا فِي الْفُلْكِ دَعَوُا اللَّهَ مُخْلِصِينَ لَهُ الدِّينَ ) العنكبوت
ከምኡውን ፥

( ثُمَّ إِذَا مَسَّكُمُ الضُّرُّ فَإِلَيْهِ تَجْأَرُونَ(٥٣)ثُمَّ إِذَا كَشَفَ الضُّرَّ عَنْكُمْ إِذَا فَرِيقٌ مِنْكُمْ بِرَبِّهِمْ يُشْرِكُونَ(٥٤) ) النحل

ካብኣቶም ዝበዝሑ መሳጊድ ጥራይ ገዲፎም ንመቃብር ኣማዕቢሎም፡ ኣብኡ ምስበጽሑ እቲ ዘርኢዎ ትሕትናን ምምብርካኽን እናበኸዩ ዱዓ ዝገብርዎን ዘንቦም ከቂፉሩሎምን ካብ ዘለውዎ ጸገም ከፍኩሱሎም ካብ ሓዊ ከድሕንዎም ካብ ጠቅላላ ዘንቦም ከጽሪይዎም ዝልምንዎም ዓይነት ለመና ኣብ ናይ ለይቲ ሰላት ይኹን ኣብ ሰላት ኣልጀማዓ ከምኡውን ኣብ ድሕሪ ሰላት ኣብ መሳጊድ ከምኡ ዓይነት ክፍጽሙ ኣይርከቡን እዮም።

ከምዚ ዓይነት ተግባር እናፈጸሙ (ላኢላሃ ኢለላህ) ብኣፎም ምባል ትጠቅሞም'ያ ዝብል ይትረፍ'ዶ ዓሊም ዓቃል ሰብ'ዉን ኣይብሎን'ዩ። እዚኣቶም ብኣፎም ንላኢላህ ኢለላህ ኢሎማ ብእምነቶምን ተግባሮምን ካኣ ተጻሪሮማ'ዮም።

ዝኾነ ሙሽሪክ'ውን ብኣፉ ላኢላሃ ኢለላህ እንተበለ ክምኡውን ነብይ ሙሓመድ ናይ ረቢ ሉኡኽ እዩ ብምባል'ዉን እንተመስከረ ንትርጉም ናይ ኢላህ ኮነ ንትርጉም ሙሓመድ ረሱሉላህ ዘይፈልጥ እንተኾይኑ እንተሰገደ፣ እንተጾመ፣ እንተሓጀጀ፣ ሓንቲ ዝፈልጠ ነገር ዘይብሉ ደቂ ሰባት ክጉብሩ ሪኡ ጥራይ ደድሕሪኦም እንተሰርሐ ዝኾነ ሽርኪ'ዉን እንተዘይገበረ፡ እዚ ግና ኣብ እስልምና ክምዘይኣተወ፡ ዝጠራጠር ሰብ የለን ። እዚ ፈትዋ ኸኣ ኣብ መበል 11 ክፍለ ዘመን ፍቆሃእ(ሰብ ፊቅሂ) ኣብ ምዕራብ ዝነብሩ ኣብ መጽሓፍ(ዱረር ኣሰሚን ፊ ሽርሕ ኣልሙርሺድ ኣልሙዒን) ዝተባህለ ናይ ማሊክያ መጽሓፍ ክምዚ ዓይነት ሰብ ምስ ዘከሩ እዚ ዓይነት ፈትዋ(መልሲ) ሂቦም ኣለው፡ እዚ ከኣ ናይ ብሓቂ ብሩህ ዝኾነ ኣብ ሞንጎ ክልተ ዘየካትዕ ሓቂ እዩ።

እምበኣር ንቀብሪ ዝግዝኡ ካብዚ ዝገደዱ ምኻኖም ዘጠራጥር ኣይኮነን ንምንታይ'ሞ ኣብ ኣምልኾት ንብጀካ ረቢ ንዝተፈላለዩ ስለ ዘምልኹ እዮ።

እምበኣር ትርጉም ናይ ኢላህ ክምኡውን ኢላሂያ እንታይ ምኻኑ ተገሊጹልና ኣሎ ግን ናይ ኢላህ ንዝብል ትርጉም፡ ሓዲሽ ነገር ንምፍጣር ክእለት ዘለዎ ማለት እዩ ንዝብል ወይ ከኣ ካልእ ትርጉም ንዝህብ ሰብ እንታይ እዩ መልሱ?

*ናይዚ መልሱ ብኽልተ ሸነኽ እዩ ፥*

1ይ- እዚ ዓይነት ትርጉም ቢድዓ(ፈጠራ) ዳኣዩ'ምበር ቅድሚ ሕጂ ክምኡ ኢሉ ዝተርጎመ

ካብ ዑለማእ ይኹን ፈላጣት ናይ ቋንቋ የለን፤ ናይ ዑለማእን ፈላጣት ናይ ቋንቋን ዝተርጎሙዎ ኸኣ እቲ ዝበልናዮ እዩ። ስለዚ እዚ ኣባሃህላ ጌጋ እዩ ።

2ይ-ከም ቅኑዕ ጌይርና ክንቕበሎ እንተኾይና ክኣ ካብቲ ሓደ ኢላህ ንኽንነብሎ ሓድሽ ነገር ንምፍጣር ክእለት ክህልዎ ስለ ዘለዎ ነዚ ዘይክእል እንተኾይኑ ወላ ኢላህ እንተተባህለ ናይ ብሓቂ ኢላህ ኣይኮነን ። ነዚ ከምዚ ኢሉ ዝኣምን ግን ኣኺልዎ ኣብ እስልምና ኣትዩ፡ እቲ ዝድለ ነገር በጺሑ'ዩ መፍትሕ ናይ ጀና ረኺቡ'ዩ ዝበሃሎ ኣይኮነን ከምኡ ዝብል ከኣ ኣይርከብን፡ ምኽንያቱ ከምኡ እንተ ኢልካ በቲ ኣበሃላኻ ኩፋር ናይ ዓረብ ዝነበሩ ኣስላም'ዮም ክትብል ክትግደድ ኢኻ። ኮይኑ ግን ከምኡ ዝብሉ ዳሕረዎት ኣለው እዚ ግን ጌገኛን መርትዖ ናይ ቁርኣን ሱናን፣ ዓቅልን ዘይቕበሎ ኢዩ።

# ምዕራፍ ኣርባዕተ

## ትርጉም ናይ ሻሃደቱ ሓና ሙሓመድ ረሱሉላህ

ክልቲኤን ሻሃደታን (ምስክርነት) ዝተቛረናን ሓንቲ ካብታ ሓንቲ ዘይፈላለያን ብሙኺነን ንዕአን ዝሓዘ ሰብ ናይ ግድን ንሳተን ዝሕብሮኦ ክፈልጥን በቲ ቅኑዕ ትርጉመን ክኣምንን ኣብ ጉዕዞ ናይ ሂወቱ ክትግብረንን ይግባእ።

እምበኣር ላኢላሃ ኢለላህ ክትብል ከለኻ ብኣፍካ ጥራይ ክትብላ ከምዘይኮነ ስለ ዝፈለጥካ ከምኡውን እዛ ካልአይቲ መጻምድታ፡ ናይ ግድን ብኣኣ ክትኣምንን በቲ ናታ ትርጉምን ግዴታን ክትንዓዝ እዩ ዘለካ።

ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ሉኡኽ ካብ ረቢ ምኺኖም ጽኑዕ እምነት ክህልወካ፡ ረቢ ናይ ሸሪዓ ሉኡኽ ገይሩ ሓላፍነት ብምሃብ ናብ ህዝቢ ንኽብጽሑ ጸር ከምዘሰከሞም ከምኡውን ብሓፈሻ ህዝቢ ናይ ዓለም ንመልእኽቱ ተቀበልቲ ብመገዱ ተንዓዝቲ ንኽኾኑ ግዴታ እዩ ።

ነቲ ዝመስከርካዮ ጉቡኡ ክትህቦ ከምኡውን ንኽጠቅመካ ሓጋዚ ዝኾነካ ነጥብታት ክትፈልጦ ዝግበኣካ፥

***1ይ- ነብዩ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ነቲ መልእኽቲ ብቑዕ ምኻኖም:***

ረቢ ክምዚ ይብል፥

( وَرَبُّكَ يَخْلُقُ مَا يَشَاءُ وَيَخْتَارُ ) القصص

ከምኡውን

( اللَّهُ أَعْلَمُ حَيْثُ يَجْعَلُ رِسَالَتَهُ ) الانعام

ከምኡውን

( وَإِنَّهُمْ عِنْدَنَا لَمِنَ الْمُصْطَفَيْنَ الْأَخْيَارِ(٤٧) ) ص

ከምኡውን ካልእ ነዚ ዝመስል ዓንቀጻት ናይ ቁርኣን ዝህበና መረዳእታ: ሉኡኻት ናይ ረቢ ካብ ደቂ ሰባት ኮይኖም: ረቢ ዝመረጾምን: ዘብለጾምን: ዘንጸሆምን: ንመልእኽቲ ረቢ ዝስከሙ: ብቑዓት ናይ ሃይማኖትን ሽሪዓን: ኡሙናት ኣብ ሞንጎ ረብን ባሮትን እዮም።

ረቢ ብዛዕባ እቶም ገለ ህዝብታት ንሉኡኻት ናይ ረቢ ሓሰዉቲ ዝበልዎም ኣመልኪቱ ክምዚ ይብል፥

( إِنْ أَنْتُمْ إِلَّا بَشَرٌ مِثْلُنَا ) ابراهيم

መልሲ ናይቶም ሉኡኻት ክምዚ ዚብል ነይሩ

( إِنْ نَحْـــنُ إِلَّـــا بَشَرٌ مِثْلُكُمْ وَلَكِنَّ اللَّهَ يَمُنُّ عَلَى مَنْ يَشَاءُ مِنْ عِبَادِهِ ) ابرهيم

ካብ ሉኡኻት ናይ ረቢ ናይ መጨረሽታን ዝበለጹን ከኣ ነብዩና ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم እዮም፡ ከምኡውን እቶም ቅድሜኦም ዝነበሩ ዘይተዋህቦም፡ ካብኣቶም ረቢ ፍልይ ኣቢሉ ኣብሊጽዎም እዩ።
ከምኡውን ካብቶም ሉኡኻት ዝተመርጹን ካብኣቶም ተመሪጾም ናብ መላእ ደቂ ሰባትን ኣጋንንትን ሉኡኽ ከኾኑ በቒዖም።
ረቢ ኣብ ቁርኣኑ ከምዚ ይብል፥

( وَإِنَّكَ لَعَلَى خُلُقٍ عَظِيمٍ(٤) ) القلم

ዓኢሻ ረዲየላሁ ዓንሃ ከምዚ ይብላ ((ጠባዮም ቁርኣን'ዩ ነይሩ)) እዚ ማለተን ከኣ እቲ ሰናይ ተግባራቶምን ጠባዮምን ኩሉ ዓቃል ዝምስክሮ ምሰቲ ቁርኣን ዝብሎ ዝሳማማዕ እዩ ኔይሩ።
መልእኽቲ ናይ ረቢ ከይወርዶም እንከሎውን ብእምነት፡ ሓቅነት፡ ቃል ዝኣተውዎ ዝፍጽሙ፡ ብጽፈቶምን ከምኡ ዝኣመሰለ ጹቡቅ ስነ ምግባራት ብምዝዉታርን ይፍለጡ ኔይሮም። ኣብቶም ደቂ መካ'ውን ብሓቀኛ ብእሙን'ዮም ዝፍለጡ ኔይሮም።
ነብይ ምስ ኮኑውን ብዓጸፌታ ናይዚ ጠባይ ብምዝዉታር ኣብ ኣካሎም ሰሪጹ'ዩ ።
እቲ ዝዓበየ ኣብኦም ዘንጸባርቅ ዝነበረ ድማ ልግሲ፡ ትዕግስቲ፡ ተጻዋርነት፡ ሰብኣውነት፡ ምስጋና፡ ፍትሒ፡ ፍጹምነት፡ ትሕትና፡ ትብዓት...... ካልእ

ዝኢ ዝመስል ዘገርም ዝኾነ ኣብ መጻሕፍቲ ናይ ሂወት ታሪኽም ዝገልጹን ኣብ ናይ ታሪኽ መጻሕፍታትን ይርከብ። ነዚ ብሩህ ሓቂ ከኣ ኣይፋል ዝብል: ብጀካ እቲ ብጭቡጥ ነገራት ዘይኣምን እንተዘይኮይኑ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم እዚ ሰናይ ተግባር መግለጺኦም ኮይኑ : ካብ ጉድለታት ዝነጽሁን ካብ ንግርማ ዝቅንጥጡን ኢሰብኣዊ ጠባያትን ኣዚዮም ዝራሓቑ'ዮም ኔይሮም። ከምኡውን ካብ ተግባር ናይ ውርደትን ንዕቀትን ዘስዕቡ ከም ምብቃቅ፣ ምህራፍ፣ ምዕማጽ፣ ምብዳል፣ ትዕቢት፣ ሓሶት፣ ፍርሂ፣ ስንፍና፣ ትህኪት፣ ቶንኮል፣ ስርቂ ዝኣመሰሉ ዝራሓቑ'ዮም ኔይሮም።

2ይ- *ዘንቢ ካብ ምስራሕ ሕሉው ምኻኖም* :-

ብሙሉኦም ዑለማእ ዝተሰማምዕሉ: ነብያት ካብ ዓበይቲ ዘንብታት ሕሉዋት እዮም: ምኽንያቱ ምስቲ ነብያት ንኽኾኑ ዝተመረጹሉ ምኽንያት ስለ ዝጻረር: ከምኡውን ናብ ደቂ ሰባት: ናይ ረቢ ሉኡኻት ንኽኾኑ ሓላፍነት ካብ ኣሰከሞም ናይ ግ ድን ከኣ ንህዝቦም ኣብነት ክኾኑ ኣለዎም። ንሳቶም'ውን ንደቂ ሰባት ካብ ዘንቢታትን ንኩፍሪ ዘምርሕን ካብ ትእዛዝ ናይ ረቢ ዘውጽእን ከጠንቅቑ ግዴተኦም'ዩ ሰለዚ ካብቲ ተጠንቀቑ ዝብልዎ ዘለው ዘንብታት ኣብኡ እንተወዲቆም እቶም ጸላእቶም'ውን ንኽሰላበጥዎምን ነቲ ሒዞሞ ዝመጹ ሸሪዓ ከስተናእስዎ ስለ ዝኽእሉ እዚ'ውን ነቲ ናይ ረቢ ሒክማ(ጥበብ) ስለ ዝጻረር ረቢ በቲ ናቱ ራሕማ(ርህራሄ) ኣብቲ ንትእዛዛቱ ዝጻረር

ንኽይወድቑ ሓሊይዎም'ዩ። ካብ ዘንቢ ንኽጠንቅቑን ዘንቢ ድማ ሕማቅን ንግዚኡ መታዓሻሸዊ ምኽኑን ንኽዘኻኽሩ ኣዚዝዎም'ዩ።

ከምኡውን ካብ ናይ ኣዱንያ ስምዒትን ድልየትን ፡ ንኣኼራ ዘረስዕ ብምግዳፍ ኣብነት ከምዝኾኑ ገይርዎም'ዩ።

እንተኾነ ግን ካብ ገለ ኣንቢያእ ብናቶም ሓሳብ ደሓን መሲሉ ተራእይዎም ኣብ ናእሽቱ ዘንብታት ክወድቁ ይኽእሉ'ዮም እንተኾነ ግን ኣብ ከምዚ ዓይነት እንተወደቁ ኣብኡ ኣይቅጽሉን እዮም። እዚ ዓይነት ከኣ ካብ ደረጀኦም ዘትሕቶም ኣይኮነን ወላውን ነቲ ናይ ነብይነት ግርማ ዝጻረር ኣይኮነን፡ እዚ ዝሕብሮ ነገር እንተሃልዩ ደቂ ሰባት ምኻኖም ዝገልጽን ኣብ ዒልመልቀይቢ (ስዉር ነገራት) ኣፍልጦ ከምዘይብሎምን እዩ። ከምኡውን ካብ መግለጺታት الربوبية(ዋንነት ናይ ረቢ) ዝኾነ ከዋሃቦም ቅኑዕ ከምዘይኮነ ዝሕብር እዩ።

ዑለማእ ንቁርኣን ዝፍስሩ ብዛዕባ ገለ ካብ ዘንቢ፡ረቢ ዝዘከሮ ክጠቕሱ ከለው ከምዚ ይብሉ፥

ረቢ ከምዚ ይብል፥

( وَلَا تَطْرُدْ الَّذِينَ يَدْعُونَ رَبَّهُمْ بِالْغَدَاةِ وَالْعَشِيِّ يُرِيدُونَ وَجْهَهُ )
الأنعام

ከምኡውን

( وَإِنْ كَادُوا لَيَفْتِنُونَكَ عَنْ الَّذِي أَوْحَيْنَا إِلَيْكَ لِتَفْتَرِيَ عَلَيْنَا غَيْرَهُ وَإِذًا لَاتَّخَذُوكَ خَلِيلًا(٧٣)وَلَوْلَا أَنْ ثَبَّتْنَاكَ لَقَدْ كِدْتَ تَرْكَنُ إِلَيْهِمْ شَيْئًا قَلِيلًا(٧٤) ) الإسراء

ካልእ ክምዚ ዝመስል ነገራት ዝተረኽበ: ጥቅሚ ይሀልዎ ይኸዉን ብምባል ተተስፈዮም ዝገበርዎ ብናቶም ጻዕሪ ስለዝኾነ ረቢ ኸኣ ጥቅሚ ከምዘይርከቦ ስለ ዝፈልጥ ካብኡ ከልኪልዎም። ካብቲ ዓበይ ዘንብታት ምፍጻም ግን ረቢ ሓልይዎም'ዩ: ንምንታይ እሞ ነቲ ሉኡኽ ንኽኾኑ ዘምረጾም ምኽንያት ስለ ዝጻረር ከምኡውን ንሶም ካብቲ ንኩፍሪ ካብ ትእዛዝ ናይ ረቢ ምዉጻእን ዘንቢ ምስራሕን ዘጠንቅቅዎ ዝነበሩ ዝጻረር ስለ ዝኾነ።

ብሙሉኦም ዑለማእ: ቀዳሞትን ዳሕረዎትን ዝተረጋገጸ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ከምኡውን ቅድሚኦም ዝነበሩ ብሙሎኦም ንብያት ንዋሕይ(መልእኽቲ ናይ ረቢ) ኣብ ምትሕልላፍ ዝኾነ ጉድለት ከምዘይርከቦምን ብረቢ ሕልዋት ምኧኖም ተረጋጊጹ እዩ። እኳ ደኣ ቅድሚ ነብይነት ምብጻሖም ካብ ሽርክን ጥልመትን ንዕኡ ዝኣመስለን ሓልይዎም እዩ።

ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ባዕሎም ከምዚ ይብሉ፥ ((ኣዕራብ ኣብ ግዜ ድንቁርና ዝሰርሕዎ ዝነበሩ ተግባራት: ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣነ ነቲ ናቶም ተግባር ንኽሰርሕ ሓሲበዮ ኣይፈልጥን

...... ክሳብ እታ መዓልቲ ኑብይ ገይሩ ዘኸበረኒ'ውን ንሕማቅ ስራሕ ሓሲበ ኣይፈልጥን))።

ኢብኒ ኢስሓቅ ዝተባህሉውን ኣብ ናይ ታሪኽ ናይ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ዝገልጽ መጽሓፎም ዝዘከርዎ፥

ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ክሳብ ሰብኣይ ዝኾኑ ረቢ እናሓለወን እናተኸላኸለን ኣብ ናይ ድንቁርና እከይ ተግባራትን ጽያፍን ከይቀረቡ ከምዝሓልፉ ገይርዎም'ዩ እዚ ኸኣ ሉኡኽ ክኾኑን ክብልጸምን ስለ ዝደለየ'ዩ። ኣብ ህዝቦም ክብረት ዘለዎም ብጠባዮም ዝተፈለጡ ጽቡቅ ጉርብትና ዘለዎም፣ ብጽቡቅ ምስ ደቂ ሰባት ዝራኸቡ፣ ዝላዓለ ጠባይ ዘለዎም፣ ኣብ ሕድሪ ዝተዋህቦም ኡሙንን ሓቀኛን፣ ካብ ሕማቅ ተግባራት ዝራሓቁ፣ ንሰብኣዊ ጠባያት ካብ ዝግህሱ ዝራሓቁ ኮይኖም ካብ ብንእሽቶኦም ካብ ናይ ድንቁርና ተግባራት ረቢ ስለ ዝሓለዎም ማዕረ ኣብ ህዝቦም ታኣማኒ ዝብል ቅጽል ስያመ ተዋሂብዎም ብኡኡ ይፍለጡ ኔይሮም ይብሉ።

*3ይ- መልእኽቶም ብጡቅላላ ናብ መላእ ዓለም ምኳኑ፡*

ኑብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ካብ ካልኦት ሉኡኻት ንበይኖም ዝተዋህቦም ፍልይ ዘብሎም ነገራት ብዙሕ ኣሎ።

ኑብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ከምዚ ይብሉ፥

(( أعطيت خمسًا لم يعطهن قبلي، نصرت بالرعب مسيرة شهر، وجعلت لي الأرض مسجدًا وطهورًا، أحلت لي الغنائم ولم تحل لأحد قبلي، وأعطيت الشفاعة، وكان النبي يبعث إلى قومه خاصة وبعثت إلى الناس كافة )) رواه البخاري ومسلم

### ትርጉሙ

(ሓሙሽተ ነገራት ቅድመይ ዝነበሩ ዘይተዋህቦም ንዓይ ዝተወሃበኒ፥ ናብ ጸላእቲ መገዲ ወርሒ ክተርፈኒ ከሎ ራዕዲ ከምዝኣትዎም ተገይሩለይ፣ መሬት ብሙሉኣ መስገድን ጽርይትን ተገይሩለይ፣ ሰለባ ናይ ዉግእ ሓላል ኮይኑለይ ብቅድመይ ዝነበሩ ንሓደ ኣይታሓለሉን፣ ዋሕስ ኮይነ ኣብ የዉመልቂያማ ንኽዋሓስ ተዋሂቡኒ፣ ዝኾነ ነብይ ናብ ሓደ ህዝቢ ጥራይ ይላኣኽ ነይሩ ኣነ ግ ን ናብ መላእ ደቂ ሰባት ተላኢኸ))።

ከምኡውን ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ከምዚ ይብሉ፥

(( بعثت إلى الأسود والأحمر))

(መልእኽተይ ናብ መላእ ደቂ ሰባት፡ ቀያሕትን ጸለምትን እዩ)።

ስለዚ እምበኣር ደቂ ሰባት ብሙሎኦም ንነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ክኽተሉን ክእዘዙን ይግበኦም፡ መላእ ህዝቢ ናይ ዓለም ከኣ ኡመት ኣዳዕዋ ይበሃሉ።

ኣላህ ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል፥

( وَمَا أَرْسَلْنَاكَ إِلَّا كَافَّةً لِلنَّاسِ بَشِيرًا وَنَذِيرًا ) سبا
ከምኡውን

( قُلْ يَاأَيُّهَا النَّاسُ إِنِّي رَسُولُ اللَّهِ إِلَيْكُمْ جَمِيعًا ) الأعراف

መልእኽቲ ናይ ቁርኣን ከኣ ንመላእ ደቂ ሰባት እዩ ዝዛረብ፡ ከምቲ ረቢ ዝበሎ
( يَاأَيُّهَا النَّاسُ اعْبُدُوا رَبَّكُمْ ) البقرة
ከምኡውን

( يَاأَيُّهَا النَّاسُ قَدْ جَاءَكُمْ الرَّسُولُ بِالْحَقِّ مِنْ رَبِّكُمْ فَآمِنُوا خَيْرًا لَكُمْ )النساء

እዚ ዓንቀጻት ናይ ቁርኣን ዝሕብሮ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ነቲ ሒዞሞ ዝመጹ መልእኽቲ: ደቂ ሰባት ብሙሉኦም ናቱ ተኸተልቲ ክይኖምን ክምእዘዝዎ የገድዶም።

ከምኡውን ከምቲ ፍሉጥ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ከምቲ ናብ ደቂ ሰባት ዝተላኣኽዎ ናብ ኣጋንንቲ'ውን ተላኢኾም'ዮም።

ረቢ'ውን ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል፥

( وَإِذْ صَرَفْنَا إِلَيْكَ نَفَرًا مِنْ الْجِنِّ يَسْتَمِعُونَ الْقُرْآنَ فَلَمَّا حَضَرُوهُ قَالُوا أَنصِتُوا فَلَمَّا قُضِيَ وَلَّوْا إِلَى قَوْمِهِمْ مُنْذِرِينَ(٢٩) )
الأحقاف

ከምኡውን ከምዚ ይብል፥

( قُلْ أُوحِيَ إِلَيَّ أَنَّهُ اسْتَمَعَ نَفَرٌ مِنْ الْجِنِّ فَقَالُوا إِنَّا سَمِعْنَا قُرْآنًا عَجَبًا(١)يَهْدِي إِلَى الرُّشْدِ فَآمَنَّا بِهِ ) الجن

የሁድ ከምኡውን ክርስትያን መልእኽቲ ናይ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ብፍላይ ናብ ዓረብ'ዩ ይብሉ። እዚ ዝብልዎ ድማ ሓቅነት ናይ ነብይነቶም ምስ ኣረጋገጹ ከምኡውን ረቢ ብታኣምራት ምስ ሓገዞምን ተኸተልቲ ምስ በዝሑን ንሳቶም ከኣ ክንዲ ተኸተልቲ ዝኾኑ ትዕቢት ከምኡውን ናይ ስልጣን ምፍታዉን መኸሰብን ንኸይተርፎም:- እቲ ናብ ነብይ ዝወረደ መልእኽቲ ሓቂ ምዃኑን ነብይነቶም ድማ ቁኑዕ ከምዝኾነ ኣሚነሙሉ ከብቅዑ ነቲ ናብኣቶም ሒዞሞ ዝመጹ ትእዛዛት ግን ኣይተቀበልዎን።

ብዛዕባ'ዚ ኣላህ ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል፥

( وَآمِنُوا بِمَا أَنزَلْتُ مُصَدِّقًا لِمَا مَعَكُمْ وَلَا تَكُونُوا أَوَّلَ كَافِرٍ بِهِ وَلَا تَشْتَرُوا بِآيَاتِي ثَمَنًا قَلِيلًا وَإِيَّايَ فَاتَّقُونِي(٤١)وَلَا تَلْبِسُوا الْحَقَّ بِالْبَاطِلِ وَتَكْتُمُوا الْحَقَّ وَأَنْتُمْ تَعْلَمُونَ(٤٢) ) البقرة

ነዚ ዝመስል ዓንቀጻት ናይ ቁርኣን ካል'ውን ብዙሕ ኣሎ።

4ይ- *መልእኽቶም ብዓዙእ ከምዝብጽሑ*

ረቢ ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል፥

( يَاأَيُّهَا الرَّسُولُ بَلِّغْ مَا أُنزِلَ إِلَيْكَ مِنْ رَبِّكَ وَإِنْ لَمْ تَفْعَلْ فَمَا بَلَّغْتَ رِسَالَتَهُ ) المائدة

ካብዚ ዓንቀጽ ናይ ቁርእን እንርደኦ ((ንነብይ መልእኽቶም ንኽብጽሑ ረቢ ከምዝኣዘዞም: እዚ'ውን ናይ ግድን ክፍጽምዎ ጉብኦም እዩ: ምኽንያቱ ካብቲ ሓደ ስራሕ ናይ ሉኡኻት መልእኽቲ ምብጻሕ ስለ ዝኾነ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم'ውን ሓደ ካብኣቶም ብምኳኖም ናቶም ስራሕ እዩ ።

ረቢ ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል፥

( إِنْ عَلَيْكَ إِلَّا الْبَلَاغُ ) الشورى

ከምኡውን

( وَمَا عَلَى الرَّسُولِ إِلَّا الْبَلَاغُ الْمُبِينُ(٥٤) ) النور

ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم መልእኽቶም ብግቡእ ከምዘብጽሑ ከኣ ሳሓባ(ብጾቶም) መስኪሮሙሎም'ዮም።

ኣቡዘር(ረዲየላሁ ዓንሁ) ከምዚ ይብሉ ፥

((توفي رسول الله صلى الله عليه وسلم وما طائر يقلب جناحيه إلا ذكر لنا منه علمًا))

(ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ካብዛ ዓለም ተፈልዮም እንተኾነ ግን ናይዛ ዑፍ ኣብ ሰማይ ትበርር ከይተረፈ ኣፍልጦ ሂቦምና እዮም) ይብሉ።

ከምኡውን ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ከምዚ ይብሉ፧

(( لقــد تركتكم على مثل البيضاء ليلها كنهارها لايزيغ عنها بعدي إلا هالك ))

((ኣነ ኣብ ጻዕዳ ብርሃን'የ ዝገድፈኩም ዘለኹ እቲ ናቱ ለይቲ ከም ቀትሪ ዝበርህ እዩ: ብድሕረይ ካብኡ ዝዝንብል እቲ ጡፉእ ዝኾነ ጥራይ እዩ))::
ከምኡውን ዓብዱላህ ቢን ዓምሩ ቢን ኣልዓባስ(ረዲየላሁ ዓንሁ) ነብይ صلى الله عليه وسلم ከምዚ ኢሎም ይብሉ፧

(( إنــه لم يكن نبي قبلي إلا كان حقاعليه أن يدل أمته على خير ما يعلمه لهم وينذرهم شر مايعلمه لهم )) رواه مسلم

(ዝኾነ ነብይ ቅድመይ ዝነበረ እቲ ዝፈልጦ ጽቡቕ ንህዝቡ ከፍልጥ: ካብቲ ዝፈልጦ ክፉእ ከጠንቅቅ ግ ዴትኡ'ዩ)
ከምኡውን ከምቲ ፍሉጥ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ዳዕዋ(ጻዊዒት) ክጅምሩ ከለው ብደቂ ዓዶምን ከባቢኦምን ጀሚሮም: ብድሕሪኡ ኣብ ደሴት ዓረብ ዝርከቡ ኣዕራብ ከምኡ እናበሉ ናብ ዝተፈላለዩ ብሄራትን ገጠራትን ከተማታትን ሉኡኻት እናላኣኹ: ንኽኣምኑ ጻዊዒት ጌሮሙሎም'ዮም:: ብድሕሪ'ዚ ናብ የመን ባሕሬን ናብ ካልኦትን ጻዊዒት ዝገብሩ ሉኡኻት እናላኣኹ ከምኡውን

ናብ ነገስታት ናይ ፋርስን ሩምን ካልኦትን ናብ ሸሪዓ ዝዕድሙ ደብዳቤታት ክልእኩ ጀሚሮም። ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ካብዛ ዓለም ብሞት ኣብ ዝተፈለይሉ እዋን ጻዊዒቶም ኣብ ዓለም ተዘርጊሑ ኣብ ዝቀረበን ዝረሓቀን ድማ ጉዳዮም ተፈላጥነት ረኺቡ።

( فَمِنْهُمْ مَنْ هَدَى اللَّهُ وَمِنْهُمْ مَنْ حَقَّتْ عَلَيْهِ الضَّلَالَةُ ) النحل

ብድሕሪ ነብይ صلى الله عليه وسلم ድማ ብጸቶም ናብ ሃይምኖት ጻዊዒት ጀመሩ ንእምቢታ ዘርኣዩ እናተዋግኡ ወይ ኣብ እስልምና ክኣቱ ወይ'ውን ጅዝያ እናኸፈሉ ትሑታትን ሑሱራትን ብምኧን ክምዝነብሩ ምስገበሩ ኣብ ሓጺር ግዜ እዚ ጻዊዒት ኣብ መላእ መሬት ክዝርጋሕ ኪኢሉ። እዚ ከኣ ኣብ መጻሕፍቲ ናይ ታሪኽ ዝርከብ እዩ።

ስለዚ እምበኣር ምናልባሽ ኣብ ጫፍ ናይ ዓለም ኮይኑ ናይዚ ሸሪዓ እንታይነት ዘይፈልጥ ምስዝኸዉን እዚ ሰብ ካብቶም ኣህል ኣልፈትራ(ግዜ ነብይነት) ዘይርከቡ ተባሂሉ ይስመ: ኮይኑ ግን ነቲ ሓቀኛ ሃይማኖት ንኽኽተል ስለ ዝተፈጥረ :ነቲ ሓቀኛ ሃይማኖት ንኽደልዮን ንኽላልዩን ናቱ ጻዕሪ ክገብር ግዴቱኡ እዩ።

## 5ይ- *መደምደምታ ናይ ነብያት*

እዚ ሸሪዓ ኣብ ዓለም ዝርከቡ መላእ ደቂ ሰባት ንኽኽተልዎ ዝተላእከ'ዩ : ምኽንያት ድማ መደምደምታ ናይ ሃይማኖትን መጨረሻ ናይ

ሰማይ መልእኽትን ብምኟኑ እዩ፡ ስለዚ ንሕና ንነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ናይ መጨርሻ ነብይን ናይ መጨረሻ ሉኡኽን'ዩ ኢልና ክንኣምኖም ናይ ግድን እዩ ።
ኣሳህ ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል :-

(مَــا كَانَ مُحَمَّدٌ أَبَا أَحَدٍ مِنْ رِجَالِكُمْ وَلَكِنْ رَسُولَ اللَّهِ وَخَاتَمَ النَّبِيِّينَ) الاحزاب

እዚ ዓንቀጽ ናይ ቁርኣን ዝሕብረና ከኣ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ካብቶም ረቢ ዝላኣኾም ነብያታት ናይ መጨረሻ ሉኡኽ ናብ ደቂ ሰባት ከምዝኾኑ ንርዳእ።

ኣቡ ሁረይራ ረዲየሳሁ ዓንሁ ነብይ صلى الله عليه وسلم ከምዚ ኢሎም ይብሉ ፥

((مثلــي ومـــثل الأنبياء قبلي كمثل رجل بنى بنيانا فأحسنه وأجملـــه إلا موضع لبنة من زاوية من زواياه، فجعله الناس يطوفون به ويعجبون له، ويقولون: هلا وضعت هذه اللبنة . قال: فأنا اللبنة وأنا خاتم النبيين)) رواه مسلم

((ምሳሌ ናተይን ናይቶም ቅድመይ ዝነበሩ ነብያትን ከም ሓደ ሰብ ጽብቕቲ ገዛ ሰሪሑ ኣብ ኩርናዕ ናይታ ህንጻ ሓንቲ ጡብ ተዉድቅ ገዲፉላ፡ ደቂ ሰባት'ውን በቲ ገዛ ተገሪሞም እናዞሩ ይሪእዋ'ሞ እዛ ሓንቲ ጡብ እንተዘዉድቀላ ከመይ ምጸበቐት ነይራ ይብሉ፡ኣነ እምበኣር እታ መመሳእታ እየ፡ ኣነውን ናይ መጨረሻ ነብይ እየ)) ኢሎም።

ጃብር ቢን ሙጥዒም ረዲየላሁ ዓንሁ ኑበይ صلى الله عليه وسلم ፦

(( إن لـــي أسماء أنا محمد وأنا أحمد وأنا الماحي الذي يمحو الله بي الكفر، وأنا الحاشر الذي يحشر الناس على قدمي، وأنا العاقب الذي ليس بعده نبي ))

((ኣነ ብዙሕ ኣስማት ኣለኒ ኣነ ሙሓመድ'የ: ኣነ ኣሕመድ'የ : ኣነ ኣልማሒ'የ (ማሓዋይ'የ) ረቢ ብኣይ ገይሩ ኑቲ ኩፍሪ ይምሕዎ: ኣነ ኣልሓሸር'የ (ኣካባይ'የ) : ደቂ ሰባት ኣብ የዉመልቂያማ ኣብ ትሕተይ'ዮም ዝእከቡ: ኣነ ኣልዓቂብ'የ (ናይ መጨረሻ'የ) ብድሕሪኡ ነብይ ዘየሎ )) ኢሎም።

ሰውባን(ረዲየላሁ ዓንሁ) ኣብቲ ነዊሕ ሓዲስ ናይ ነብይ: ኑበይ صلى الله عليه وسلم

(( وإنـــه ســـيكون في أمتي كذابون ثلايون، كلهم يزعم أنه نبي، وأنا خاتم النبينا لانبي بعدي))

(ኣብዛ ህዝበይ: ሰላሳ ኣነ ነቢይ'የ ዝብሉ ሓሰዉቲ ክመጹ'ዮም ኣነ'የ ናይ መጨርሻ ኑበይ'የ ብድሕረይ ነብይ ዝበሃል የልቦን።) ኢሎም።

ኑበይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ናይ መጨረሻ ኑበይ ምኻኖም ክንኣምን ይግበኣና: ብድሕሬኦም ኣነ ነብይ'የ ዝብል እንተተረኸበ ሓሳዊ'ዩ። ዒሳ ቢን መርየም ዓለይሂ ሰላም ኣብ መጨረስታ ዘመን ምስ

ወረደ ብ ሸሪዓ ናይ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم እዩ ዝፈርድ: መልእኽቲ ናይ ረቢ ይወርዶ'ኳ እንተኾነ ኣብቲ ግዜቲ ልክዕ ከም ሓደ ዉልቀሰብ ናይ ኡመት ሙሓመድ'ዩ ዝቑጸር። ካብቲ ኩቡር መምርሒ ናይ ሸሪዓ'ውን ኣይወጽን እዩ።

ስለዚ'ምበኣር ዝኾነ እንተኾነ ብድሕሪ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ኣነ ነብይ'የ ዝብል ንርእሱ ጠፊኡ ንኻልኦት ዘጥፍእ ቦግታ ዝዛረብ'ዩ። እቲ ከምኡ ዝብልውን ወላኺ ዘታልልን ንዓይኒ ደቅ ሰባት ዝስሕርን ተግባራት እንተፈጸመ ነቶም ደናቁር ዘታልል ጥራይ ኮይኑ እዩ ዝተርፍ። ከም በዓል ኣስወድ ኣልዓንሲ፣ ሙሰይሊመቱል ከዛብ፣ ዝፍጽምዎ ዝነበሩ ሸይጣናዊ ተግባራት ኩሉ ዓቃል ሰብ ዝፈልጦ እዩ: ከምኡውን ካልእ ኣነ ነቢይ'የ ዝበለ ንደቂ ሰባት ኣብ ፈተነ ዘእተዎም ተኸተልቲ ዝረኸበ ሓደ ኣብ መጨረሻ ዝመጸ መንእሰይ ኣሕመድ ኣልቃድያኒ ዝተባህለ እቲ ናቱ ክፉእ ንቡዙሓት ኣህዛብን ጉጅለታትን ፈተነ ኮይኑ ኣብ ህንድን ካልኦት ሃገራትን ተዘርጊሑ ይርከብ።

ክሳብ የውመልቂያማ ኣነ ነቢይ'የ ዝብሉ ናይ መጨረሸኦም ከኣ እቲ ኣብ ሓዲስ ናይ ነብይ صلى الله عليه وسلم ፈተነ ናቱ ተገሊጹ ዘሎ : ካብ ናቱ ክፉእ መጠንቀቕታ ዝተዋህበ መሲሐ ኣደጃል እዩ። ረቢ ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል፡

((هَــلْ أُنَبِّئُكُمْ عَلَى مَنْ تَنَزَّلُ الشَّيَاطِينُ(٢٢١)تَنَزَّلُ عَلَى كُلِّ أَفَّاكٍ أَثِيمٍ(٢٢٢))) الشعراء

እዚ ዓንቀጽ ናይ ቁርኣን ከም ዝሕብሮ እቶም ሓሰዉቲ ንሕና ነብይ ዝብሉ:- ሸያጢን ከምዝመጽዎምን ዋሕይ ካብ ረቢ ዝወርዶም ኮይኑ ከምዝመስሎምን ዝገልጽ እዩ።

ግን ካብቲ ዘየቋርጽ ሓደ ረቢ ኣብ ዓለም ከምዝግለጽ ዝገብሩ ነገር: ነቲ ሓቂ ብርሃን ይገብረሉ: ነቲ ምድንጋርን ሓሶትን ከኣ ከምዝኽሸፍ ገይሩ ነቶም ዓቃላት የብርሃሎም።

## 6ይ *ህዝቢ ናብ ክፍጽምዎ ዘለዎም*

እምበኣር ነብይ *ሙሓመድ* صلى الله عليه وسلم በቲ ሒዘሞ ዝመጹ ሓቀኛ ምኽኖም ድሕሪ ምፍላጥና: ከምኡውን *መል*እኽቶም ቅኑዕ *ሙ*ኺኑ እንድሕር ፈሊጥና እዚ ካብቲ ሓደ ካብ ትሕዝቶ ናይ ምምስካር ብነብይነት ናይ ነብይ *ሙሓመድ*صلى الله عليه وسلم ስለዝኾነ : ብናቶም *መገዲ* ድማ ንረቢ ክንግዛእ ይግድደና። ብኦኦም ምእማን ብዙሕ ዓሰቢ ከምዘለዎ: ነቲ ናቶም *መገዲ* ምግዳፍ ከኣ *መቅጻዕቲ* ከምዘስዕብ ብምርዳእ እቲ ናትና ግደ: ነቲ ሒዞሞ ዝመጹ ኣብ ናይ ሂወትና *መ*ነባብሮ ክንትግብሮ ይግበኣና።

ነዚ ነገር'ዚ ዝእዝዝ ኣብ ኪታብን ሱናን ኣሎ: ገለ ካብኡ ንምጥቃስ፥

1ይ- ከምቲብረብን፣ ብመላኢካታትን፣ ብመጻሕፍትን፣ ንኽንኣምን ረቢ ዝኣዘዘና ብነብይ *ሙሓመድ* صلى الله عليه وسلم ክንኣምን ከኣ ተኣዚዝና ኢና: ናይዚ ዓሰቢ ከኣ ረቢ ኣዳልዩሉ'ሎ። ከምኡውን ብኦኦም ዘይምእማን: ስቅያት ዝመልኦ *መቅጻዕቲ* ተዳልዩሉ'ሎ።

ረቢ ከምዚ ይብል፥

(( يَاأَيُّهَا الَّذِينَ آمَنُوا آمِنُوا بِاللَّهِ وَرَسُولِهِ وَالْكِتَابِ الَّذِي نَزَّلَ عَلَى رَسُولِهِ وَالْكِتَابِ الَّذِي أَنزَلَ مِنْ قَبْلُ وَمَنْ يَكْفُرْ بِاللَّهِ وَمَلَائِكَتِهِ وَكُتُبِهِ وَرُسُلِهِ وَالْيَوْمِ الْآخِرِ فَقَدْ ضَلَّ ضَلَالًا بَعِيدًا(١٣٦)
النساء

ከምኡውን

(( يَاأَيُّهَا الَّذِينَ آمَنُوا اتَّقُوا اللَّهَ وَآمِنُوا بِرَسُولِهِ يُؤْتِكُمْ كِفْلَيْنِ مِنْ رَحْمَتِهِ وَيَجْعَلْ لَكُمْ نُورًا تَمْشُونَ بِهِ وَيَغْفِرْ لَكُمْ )) الحديد

ከምኡውን

(( فَآمِنُوا بِاللَّهِ وَرَسُولِهِ وَالنُّورِ الَّذِي أَنزَلْنَا )) التغابن

ከምኡውን

(( فَآمِنُوا بِاللَّهِ وَرَسُولِهِ النَّبِيِّ الْأُمِّيِّ الَّذِي يُؤْمِنُ بِاللَّهِ وَكَلِمَاتِهِ ))
الأعراف

ከምኡውን

(( وَمَنْ لَمْ يُؤْمِنْ بِاللَّهِ وَرَسُولِهِ فَإِنَّا أَعْتَدْنَا لِلْكَافِرِينَ سَعِيرًا(١٣) )) الفتح

ካልእ'ውን ነዚ ዝመስል ዓንቀጻት ናይ ቁርኣን ብዙሕ ኣሎ። ኣቡ ሁረይራ ረዲየላሁ ዓንሁ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ከምዚ ኢሎም ይብል፥

(( عـــن أبى هريرة رضى الله عنه قال: قال رسول الله صـــلى الله عليه وسلم: أمرت أن أقاتل الناس حتى يشهد أن لآ إله إلا الله، ويؤمنوا بي وبما جئت به ))

(ደቂ ሰባት ብጆካ ሓደ ኣላህ ብሓቂ መግዛእቲ ዝግበአ የለን ኢሎም ክሳብ ዝምስክሩን ብኣይ ክሳብ ዝኣምኑን ንኽዋጎኦም ተኣዚዘ እየ)
ከምኡውን ነብይ ሙሓመድ صـــلى الله عليه وسلم ኣብ ሓዲስ ናይ ጂብሪል: ኢማን ማለት እንታይ'ዩ ኢሎም ምስተሓተቱ
(( أن تؤمـــن بـــالله وملآئكـــته وكتبه ورسوله واليوم الآخر وبالقدر خيره وشره ))

(ኢማን ማለት: ብረቢ: ብመላኢካ: ብመጻሕፍት: ብልኡኻት : ብመጨረሻ መዓልትን በቲ ጹቡቅን ሕማቅን ዘጓንፈካ ብቀደር ናይ ረቢ ምኳኑ ክትኣምን)ኢሎም ገሊጸሙሉ ።
ብነብይ ሙሓመድ صـــلى الله عليه وسلم ምእማን ዝበሃል በቲ ሒዞሞ ዝመጹ ክትኣምን ዘገድድ እዩ። ከምኡውን እቲ ናቶም መልእኽቲ ቅኑዕ ምኳኑን ምእማን ማለት እዩ ።
እቲ መሰረት ናይ ኢማን ዝበሃል ድማ : ነቲ ቅኑዕ ኢልካ ትኣምነሉ ብልብኻ ተረጋግጸሉን ትቀስነሉን ዝኾነ እዩ።

ብእምነትን ብኣፍልጦን ድማ ብቃልካ ትምስክረሉ ትምስክረሉ ከምኡውን ነቲ ብልብኻን ብመልሓስካን

ዝበልካዮ ኣብ ተግባር ምስ ኣዉዓልካዮ እዚ ኩሉ ተጠቒሊሉ ድማ ኢማን ይበሃል፡ እዚ ኸኣ መሳገሪ ናይ ድሕነት እዩ ዝቁጸር። እቲ ምስክርነት እንተዳኣ እምነት ናይ ልቢ ጎዲልዎ ይበላሽ፡ ብኣፍካ ምምስካር ከኣ ክንቱ ኮይኑ ይተርፍ፡ ስለዚ'ዩ ከኣ ረቢ ነቶም ሙናፊቅን ሓሰዉቲ'ዮም ዝበሎም።

ረቢ ኣብ ቁርኣኑ ከምዚ ይብል፥

(( إِذَا جَاءَكَ الْمُنَافِقُونَ قَالُوا نَشْهَدُ إِنَّكَ لَرَسُولُ اللَّهِ وَاللَّهُ يَعْلَمُ إِنَّكَ لَرَسُولُهُ وَاللَّهُ يَشْهَدُ إِنَّ الْمُنَافِقِينَ لَكَاذِبُونَ(١) )) المنافقون

2ይ- ካብ ትእዛዝ ናይ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ዘይምውጻእ :-

ካብቲ ዘየጠራጥር ምልክት ናይ ኢማን ድማ ንነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ክትእዘዝ እዩ። እቲ ድልዱል ዝኾነ ኢማን ከኣ ነቲ ካብ ረቢ ዘማሓላለፍዎ ትእዛዛት፡ ናቱ ተኸታሊ ክትከዉን የገድደካ።

ነቲ ትእዛዝ ናይ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ንገለ ካብኡ ወይ ብሙሉኡ ብእምቢይታ ወይ ብሸለልትነት ምስ ዝጻረሮ ኣብቲ ናቱ ምስክርነት ሓቀኛ ኣይኮነን ማለት እዩ።

ረቢ'ውን ኣብ ብዙሕ ዓንቀጻት ናይ ቁርኣን ንትእዛዝ ናይ ረሱል صلى الله عليه وسلم ክነኽብር ኣዚዙና እዩ።

ኣላህ ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል፥

(( يَاأَيُّهَا الَّذِينَ آمَنُوا أَطِيعُوا اللَّهَ وَأَطِيعُوا الرَّسُولَ وَأُولِي الْأَمْرِ مِنْكُمْ فَإِنْ تَنَازَعْتُمْ فِي شَيْءٍ فَرُدُّوهُ إِلَى اللَّهِ وَالرَّسُولِ إِنْ كُنْتُمْ تُؤْمِنُونَ بِاللَّهِ وَالْيَوْمِ الْآخِرِ )) النساء

ከምኡውን ከምዚ ይብል ፥

(( وَأَطِيعُوا اللَّهَ وَأَطِيعُوا الرَّسُولَ وَاحْذَرُوا فَإِنْ تَوَلَّيْتُمْ فَاعْلَمُوا أَنَّمَا عَلَى رَسُولِنَا الْبَلَاغُ الْمُبِينُ(٩٢) )) المائدة

ከምኡውን ከምዚ ይብል፥

(( قُلْ أَطِيعُوا اللَّهَ وَأَطِيعُوا الرَّسُولَ فَإِنْ تَوَلَّوْا فَإِنَّمَا عَلَيْهِ مَا حُمِّلَ وَعَلَيْكُمْ مَا حُمِّلْتُمْ وَإِنْ تُطِيعُوهُ تَهْتَدُوا )) النور

ከምኡውን ንዕኡ ዝመስል ዓንቀጽ ናይ ቁርኣን ረቢ ከምዚ ይብል፥

(( وَمَا آتَاكُمُ الرَّسُولُ فَخُذُوهُ وَمَا نَهَاكُمْ عَنْهُ فَانْتَهُوا )) الحشر

እኳ ደኣ ንትእዛዝ ናይ ነብይ صلى الله عليه وسلم ዝተኸተለ ብዙሕ ዓስቢ ከምዝረክብ ረቢ ገሊጹ እዩ። ኣላህ ኣብ ቁርኣኑ ከምዚ ይብል፥

(( وَأَطِيعُوا الرَّسُولَ لَعَلَّكُمْ تُرْحَمُونَ(٥٦) )) النور

ከምኡውን ረቢ ከምዚ ይብል፥

(( وَمَنْ يُطِعِ اللَّهَ وَرَسُولَهُ فَقَدْ فَازَ فَوْزًا عَظِيمًا(٧١) )) الأحزاب

ከምኡውን ንትእዛዝ ናይ ረሱል صلى الله عليه وسلم ዘይፍጽም ከቢድ መቕጻዕቲ ከምዘለዎ ኣጠንቂቑ'ዩ።
ኣላህ ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል፥

(( وَمَنْ يُطِعْ اللَّهَ وَرَسُولَهُ يُدْخِلْهُ جَنَّاتٍ تَجْرِي مِنْ تَحْتِهَا الْأَنْهَارُ خَالِدِينَ فِيهَا وَذَلِكَ الْفَوْزُ الْعَظِيمُ(١٣)وَمَنْ يَعْصِ اللَّهَ وَرَسُولَهُ وَيَتَعَدَّ حُدُودَهُ يُدْخِلْهُ نَارًا خَالِدًا فِيهَا وَلَهُ عَذَابٌ مُهِينٌ(١٤) )) النساء

ብዛዕባ እቶም ኣብ ሓዊ ዝቕጽዑ ዝብልዎ ኣመልኪቱ ረቢ ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል ፥

(( يَالَيْتَنَا أَطَعْنَا اللَّهَ وَأَطَعْنَا الرَّسُولَ(٦٦) )) الأحزاب

ኣቡሁረይራ (ረዲየላሁ ዓንሁ) ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ከምዚ ኢሎም ይብሉ፥
( من أطاعنى فقد أطاع الله ومن عصاني فقد عصي الله )

((ናዓይ ዝተኣዘዘ ንረቢ ተኣዚዙ ናዓይ ዘይተኣዘዘ ንረቢ ኣይተኣዘዘን)) እዚ ማለት ከኣ ነብይ صلى الله عليه وسلم ዝእዝዝዎ ረቢ ዝላኣኾም ጥራይ ስለዝኾነ ንዐኦም ምምእዛዝ ንረቢ ምምእዛዝ ማለት እዩ።
ረቢ ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል፥

(( مَنْ يُطِعْ الرَّسُولَ فَقَدْ أَطَاعَ اللَّــهَ وَمَنْ تَوَلَّى فَمَا أَرْسَلْنَاكَ عَلَيْهِمْ حَفِيظًا(٨٠) )) النساء

ኣቡሁረይራ(ረዲየላሁ ዓንሁ) ነብይ صلى الله عليه وسلم ከምዚ ኢሎም ይብሉ ፥

(( كــل الــناس يدخل الجنة إلا من أبي، قالوا: يارسول الله وكــيف يابي؟ قال: من أطاعني دخل الجنة ، ومن عصاني فقد أبي )) رواه البخاري

((ብጀካ ኣይደልን ዝብል፡ ኩሉ ንጀና ክኣትዉ'ዩ)) ኢሎም፡ ብጾቶም ከኣ ኦ ሉኡኽ ኣላህ ከመይ ኢሉ ንጀና ምእታዉ ይኣቢ? ምስ በሉ፡ ((ንዓይ ዝተኣዘዘ ጀና ኣተወ፡ ንዓይ ዘይተማእዘዘ ድማ ኣብዩ ማለት'ዩ)) ኢሎሞም።

እቲ ንዐኦም ምምእዛዝ ዝበሃል ከኣ፡ ነቲ ናቶም ትእዛዝ ምፍጻም ካብቲ ዝኸልከልዎ ምኽልካል ነቲ ሒዞሞ ዝመጹ ምቅባል በቲ ናቶም ፍርዲ ምዕጋብ ነቲ ዘምጽዎ ሸሪዓ ዘይምጽራር ከምኡውን ክትነቅፎ ይኹን ክትምላኣሉ ዘይምሕሳብ እዩ።

3ይ- ሓደ ካብቲ ብነብይነት ናይ ነብይ ሙሓመድ ምምስካር صلى الله عليه وسلم ድማ፡ በቲ ሒዞሞ ዝመጹ ሱና ኣሰሩ እናሳዓብካ ምኽታል'ዩ፡ ነዚ ዝፍጽም ከኣ ረቢልዓለሚን ናብቲ ቅኑዕ መገዲ

ይሕብሮ ንዘንቡ ድማ ይምሕሮ። እዚውን ሓደ ካብ ምልክት ምፍታዉ ንረቢ ምኻኑ ዝሕብር እዩ።

ረቢ ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል፥

(( وَاتَّبِعُوهُ لَعَلَّكُمْ تَهْتَدُونَ(١٥٨) )) الأعراف

የሁድን ነሳራን ከኣ ንሕና ደቂ ረብን ናብ ረቢ ፍትዋትን ኢና ምስ በሉ ናብ ረቢፍቱዉ ዝኾዉን ፡ እቲ ተኸታሊ ነቢይ ጥራይ ምኻኑ ዝገልጽ ዓንቀጽ ናይ ቁርኣን ኣዉሪዱ፡ ረቢ ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል፥

(( قُلْ إِنْ كُنْتُمْ تُحِبُّونَ اللَّهَ فَاتَّبِعُونِي يُحْبِبْكُمُ اللَّهُ وَيَغْفِرْ لَكُمْ ذُنُوبَكُمْ وَاللَّهُ غَفُورٌ رَحِيمٌ(٣١) قُلْ أَطِيعُوا اللَّهَ وَالرَّسُولَ فَإِنْ تَوَلَّوْا فَإِنَّ اللَّهَ لَا يُحِبُّ الْكَافِرِينَ(٣٢) )) آل عمران

ካብቲ ዘየጠራጥር ከኣ ባሮት ነቲ ዝፈጠረሙን ሽሻዩ ዝለገሰሎምን ክፈትውዎ ግዴተኦም እዩ። ግን እቲ ምፍታዉ ክሀልውን ተቀባልነት ክሀልዎን ተኸተልቲ ነብይ ምስ ዝኾኑ ጥራይ እዩ። እቲ ንነብይ صلى الله عليه وسلم ዝኸተል ናቱ ዓስቢ ፍቶት ናይ ረብን ምሕረት ናይ ዘንብን ይረክብ።

እቲ ሓደ ምልክት ናይ ነብይ ምኽታል ፡ በቲ መገዶም ምኻድ ንተግባራቶም ምስዓብ ናብ ረቢ ክትቀርብ ኢልካ ትፍጽሞ ዒባዳ ብመገዶም ክኸዉን ከምኡውን ካብቲ ዝኸልከልዎን ፣ ንዐኦም ካብ ዝጻረርን ካብ መገዶም ዘዉጽኣካን ክትቁጠብ እዩ።

ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ውን ኣብ ዘረብኦም ከምዚ ኢሎም፥

(( فمن رغب عن سنتىفليس مني ))

(ሱና ናተይ ዝገደፈ ካባይ ኣይኮነን) ኢሎም።

4ይ- ንነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ብልብኻን ኣቃልቦኻን ሓቀኛ ምፍታዉ ከትፈትዎም እኳ ደኣ ካብ ዝኾነ ነገር ነቲ ናቶም ምፍታዉ ከተቀድም። ረቢ ከምዚ ይብል፥

(( قُلْ إِنْ كَانَ آبَاؤُكُمْ وَأَبْنَاؤُكُمْ وَإِخْوَانُكُمْ وَأَزْوَاجُكُمْ وَعَشِيرَتُكُمْ وَأَمْوَالٌ اقْتَرَفْتُمُوهَا وَتِجَارَةٌ تَخْشَوْنَ كَسَادَهَا وَمَسَاكِنُ تَرْضَوْنَهَا أَحَبَّ إِلَيْكُمْ مِنَ اللَّهِ وَرَسُولِهِ وَجِهَادٍ فِي سَبِيلِهِ فَتَرَبَّصُوا حَتَّى يَأْتِيَ اللَّهُ بِأَمْرِهِ وَاللَّهُ لَا يَهْدِي الْقَوْمَ الْفَاسِقِينَ(٢٤) )) التوبة

ረቢ ኣብዛ ዓንቀጽ ናይ ቁርኣን ዝዘከረን ሸሞንተ ነገራት ነፍሲ ብተፎጥሮኣ ናብኣተን ዝዘምበለት እንተኾነት እኳ ነቶም ንዐኣን ዘብልጹ ረቢ መጠንቀቕታ ድሕሪ ምሃቡ ከምኡ እንተኾነውን መቕጻዕቲ ናተይ ተጸበዩ ኢሉ ኣፈራሪህዎም'ዩ እዚ ኣጸቢቁ ዘብረሃልና ነገር እንተሃለወ ንረብን ንረሱልን ክንፈቱ ከምዝግበኣና ዝሕብር እዩ ።

ነብይ صلى الله عليه وسلم ውን ኣብ ሓዲስ ብዝያዳ ኣረጋጊጾምልና እዮም።

ኣነስ (ረዲየላሁ ዓንሁ) ነብይ صلى الله عليه وسلم ከምዚ ኢሎም ይብል፥

(( ثــلاث من كن فيه وجد فيهن حلاوة الإيمان، أن يكون الله ورســـوله أحب إليه مما سواهم، وأن يحب المرء لايحبه إلا لله، وأن يكــره أن يعــود فى الكفر بعد إذ أنقذه الله منه كما يكره أن يقذف في النار )) متفق عليه

(ሓደ ወዲ ሰብ ሰለስተ ነገራት ኣብ ነፍሱ እንተሌነኦ መቀረት ናይ ኢማን ይረክብ፡ ረብን ረሱልን ካብ ዝኾነ ነገር ናብኡ ዝተፈትው እንተኾይኖም፣ ንሓደ ወዲ ሰብ ክፈትዎ እንከሎ ምእንቲ ረቢ ኢሉ ዝፈትዎ እንተኾይኑ፣ ረቢ ካብ ኩፍሪ ምስ ኣዉጸኦ ናብኡ ንኽምለስ ኣብ ነፍሱ ዝተጸልአ ነገር ኮይኑ ልክዕ ከምቲ ነፍሱ ናብ ሓዊ ንኽትድርበ ዝጸልእ ከምኡ ጌሩ ንኩፍሪ እንተጸሊእዎ) ኢሎም ።

ከምኡውን ኣነስ (ረዲየላሁ ዓንሁ) ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ከምዚ ኢሎም ይብል፡

( لايؤمـــن أحدكـــم حـــتى أكون أحب إليه من ولده ووالده والناس أجمعين)

(ዝኾነ ሰብ ኢማኑ ሙሉእ ኣይከዉንን'ዩ ክሳብ ኣነ ካብ ደቁን ወለዱን መላእ ደቂ ሰባትን ናብኡ ዝተፈተኹ ዝኸዉን)።

ዑመር ቢን ኸጣብ(ረዲየላሁ ዓንሁ) ንነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ከምዚ ኢልዎም ይብል ፥

(( والله لأنت أحب إلي من كل شيء إلا من نفسي. قال: (لا ياعمر) حتى أكون أحب إليك من نفسك، فقال رضي الله عنه والله لأنت أحب إلي من كل شيء حتى من نفسي. فقال ( (الآن يا عمر) ))

(ኣነ ብኣሳህ ይምሕል ኣለኹ: ብጀካ ካብ ነፍሰይ) ንስኹም ካብ ዝኾነ ነገር ናባይ ዝተፈተኹም ኢኹም ምስ በሎም (ጉና ኢማንካ ሙሉእ ኣይከዉንን'ዩ ክሳዕ ካብ ነብስኻ ተብልጸኒ) ምስ በልዎ (እምበኣር ብረቢ ይምሕል ኣለኹ ወላ ካብ ነብሰይ ንሳዕሊ ኣብሊጸየ ዝፈትወኩም) ምስ በሎም (እኸሆ እምበኣር ሕጂዩ) ማለት ኢማንካ ሙሉእ ዝኸዉን ኢሎሞ።

ንነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ዝፈትዉ ዓስቢ ናቱ ኣብ የዉመልቂያማ ንነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم መታሓዉስቶም ይኸዉን። ነዚ ዘረጋግጽ መርትየ ከኣ ሓደ ሰብኣይ ንነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم መዓስ'ዩ የዉመልቂያማ ኢሉ ምስ ሓተቶም ረሱል صلى الله عليه وسلم ከኣ እንታይ ኣዳሊኻ'ለኻ ኢሎም ሓተትዎ: ዘዳለኽዎ ነገር እኳ የብለይን እንትርፈ ንረብን ረሱልን ምፍታዉ እንተዘይኮይኑ ምስ በሎም ረሱል صلى الله عليه وسلم ከኣ እስኻ ኣብ የዉመልቂያማ ምስ ትፈትዎ ኢኻ ትኸዉን ብምባል መለስሉ።

ኣብ ካልእ ሓዲስ ኢብኒ መስዑድ (ረዲየላሁ ዓንሁ) ነብይ صلى الله عليه وسلم ከምዚ ኢሎም ይብል፥

((المـــرء مـــع من أحب )) رواه البخاري

(ሓደ ወዲ ሰብ ኣብ የውመልቂያማ ምስ ዝፈትዎ'ዩ ዝኸዉን) ኢሉዎ ስለዚ ንነብይ ምፍታዉ እዚ ዓስቢ ጥራይ ምርካብ እኹል'ዩ። ግን እቲ ሓቀኛ ምፍታዉ ድማ ንዐእም ክትክተልን ክምቲ ናቶም ስነ ምግባር ክትፍጽምን ነቲ ናቶም ሱና ካብ ትፈትዎ ነገር ክተቀድም ዝግድድ እዩ። ከምኡውን ንዐእም ዝፈቱ ሰብ ክትፈትዎ ንዐእም ዝጸልእ ከኣ ወላኳ ቀረባ ቤተሰብካ እንተኾነ ክትጸልእን ክትጻረሮን ዝግድደካ ምፍታዉ፡ እዚ'ዩ እቲ ሓቀኛ ምፍታዉ ዝበሃል።

እዚ ዓይነት ጠባያት ዘማልእ ሓቀኛ ምፍታዉ ዘለዎ እዩ። እዚ ዓይነት ተግባራት ዘየማልእ ከኣ ሙሉእ ዝኾነ ምፍታዉ ዘይብሉ እዩ።

5ይ- ንነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ክተኸብሮምን ክተታዓባብዮም ክተዐዉቶምን

ኣላህ ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል፥

(( لِتُؤْمِنُوا بِاللَّهِ وَرَسُولِهِ وَتُعَزِّرُوهُ وَتُوَقِّرُوهُ )) الفتح

ከምኡውን ከምዚ ይብል፥

(( يَاأَيُّهَا الَّذِينَ آمَنُوا لَا تُقَدِّمُوا بَيْنَ يَدَيْ اللَّهِ وَرَسُولِهِ وَاتَّقُوا اللَّهَ إِنَّ اللَّهَ سَمِيعٌ عَلِيمٌ(١)يَاأَيُّهَا الَّذِينَ آمَنُوا لَا تَرْفَعُوا أَصْوَاتَكُمْ فَوْقَ صَوْتِ النَّبِيِّ وَلَا تَجْهَرُوا لَهُ بِالْقَوْلِ كَجَهْرِ بَعْضِكُمْ لِبَعْضٍ أَنْ تَحْبَطَ أَعْمَالُكُمْ وَأَنْتُمْ لَا تَشْعُرُونَ(٢)إِنَّ الَّذِينَ يَغُضُّونَ أَصْوَاتَهُمْ عِنْدَ رَسُولِ اللَّهِ أُوْلَئِكَ الَّذِينَ امْتَحَنَ اللَّهُ قُلُوبَهُمْ لِلتَّقْوَى لَهُمْ مَغْفِرَةٌ وَأَجْرٌ عَظِيمٌ(٣) )) الحجرات

ረቢ ኣብዛ ዓንቀጽ ናይ ቁርኣን ኑቲ ኑብይ ሒዞሞ ዝመጹ ዝጸረር ሪኢቶ ኮነ ወይ ሓሳብ ከየቀድሙ ከልኪልዎም፡ ከምኡውን ኣብ ቅድሜኦም ድምጾም ዓዉ ከየብሉ ከልኪልዎም፡ ከምኡ ንዝፍጽሙ ድማ ስርሖም ንኸይበላሸ ኣጠንቂቑዎም።
ረቢ ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል፥

(( لَـا تَجْعَلُـوا دُعَاءَ الرَّسُولِ بَيْنَكُمْ كَدُعَاءِ بَعْضِكُمْ بَعْضًا ))
النور

እዚ ማለት ከኣ ንነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ከምቲ ነንሕድሕድኩም ትጸዋዉዕዎ ጌርኩም ብሽሙ ፈሊኹም(ሙሓመድ) ኣይትበልዎ እንታይ ደኣ በቲ ንሶም ዝፍለይሉ ቅጽል ሽም ነብይ ሙሓመድ፡ ሉኡኽ ናይ ኣላህ ኢልኩም ጸውዕዎም።

እዚ ከኣ እቲ ረቢ ልዕልናን ብልጻትን ዝሃቦም እዩ። ንነብይ ምትዕብባይን ምኽባርን ኣብ ነፍሲ ተኸተልቶም ዕብየት ምሕዳር ከምኡ ኸኣ ነቲ

ሱና ናቶም ንኽትክተልን ካብ ዝኽልከልዎ ክትክልከልን ዝርከቦ ፍረ እዩ።

6ይ- ኣብ ዝኾነ ጉዳይካ በቲ ናይ ነብይ ፍርዲ ክትፈርድን ብዘይምጽራር ብኡ ኡ ክትዓግብን ናይ ግ ድን እዩ፡

ረቢ ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል፥

(( فَإِنْ تَنَازَعْتُمْ فِي شَيْءٍ فَرُدُّوهُ إِلَى اللَّهِ وَالرَّسُولِ )) النساء

ከምኡውን ከምዚ ይብል፥

(( فَلْيَحْذَرِ الَّذِينَ يُخَالِفُونَ عَنْ أَمْرِهِ أَنْ تُصِيبَهُمْ فِتْنَةٌ أَوْ يُصِيبَهُمْ عَذَابٌ أَلِيمٌ(٦٣) )) النور

ከምኡውን

(( فَلَا وَرَبِّكَ لَا يُؤْمِنُونَ حَتَّى يُحَكِّمُوكَ فِيمَا شَجَرَ بَيْنَهُمْ ثُمَّ لَا يَجِدُوا فِي أَنْفُسِهِمْ حَرَجًا مِمَّا قَضَيْتَ وَيُسَلِّمُوا تَسْلِيمًا(٦٥) ))

ብድሕሪ ነብይ صلى الله عليه وسلم ካብዛ ዓለም ብሞት ምስ ተፈለዩ፡ ናብኦም ክትምለስን ናብኦም ክትፍረድን ክበሃል ከሎ፡- ናብቲ ናቶም ሱና ምኻኑ ብሙስሊም ዑለማእ ዝተሰማምዕሉ እዩ።

እዚ ዓንቀጽ ናይ ቁርኣን ዝሕብሮ ዘሎ ንነብይ ምጽራር ሓራም ምኻኑ ዓቢይ መርትዖ

እዩ። ከምኡውን ንሱና ናቶም ገዲፍካ ብኻልእ ክትክእ ኩልኩል እዩ።

ስለዚ ኾዚ ፃንቀጻት ናይ ቁርኣን ተዓዘቦ፡ ረቢ ነቲ ናቱ ትእዛዝን ንሱና ናይ ነብይ ዝጻረሩ ፊትና ማለት ሽርኪ ንኸየጋጥሞም ወይ'ውን ካብቲ ቅኑዕ መገዲ ንኸየዘንብሉም ወይ'ውን ብርቱዕ መቕጻዕቲ ንኸየዉርደሎም ኣጠንቂቕዎም እዩ።

ደቂ ሰባት ኣብ ዝኾነ ይኹን ጉዳይ ምስሕሳብ ኣብ ዘጋጥሞም ኣብቲ ናቱ ፍርዲ እንተዘይተመልሱ ኢማን ከምዘይብሎም ረቢ ሚሒሉ'ዩ፡ ከምኡውን በቲ ፍርዲ ናይ ቁርኣንን ሱናን ዝተፈረዱ እሰይ(ኣሜን) ኢሎም ክቕበልዎን ኣብ ነፍሶም ዝኾነ ናይ ዘይምዕጋብ ይኹን ምትህልላኽ ክረአ የብሉን።

እንተ'ቲ ንሱና ናይ ነብይ ገዲፉ እናፈለጠ ወይ ብሸለልትነት ወይ ብምስትንፃቕ ወይ'ውን በቲ ባህላዊ ዝለመዶ ልምድን ወይ በቲ ደቂ ሰባት ዘሰፈርዎ ሕጊ ዝተኸተለ እቲ መጠንቀቕታን መፈራርሕን ናይ ረቢ ይጸቦ።

7ይ) ንጉቡእ ናይ ኾብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ካብ ደረት ከየሕለፍካን ከይጉደልካን

ምሕሳዉ:-

ኣብ መብዛሕቶም ደቂ ሰባት ከዉንነት ኮይኑ ዝርከብ ገለ ካብ ደረት ዝሓለፈ ገለዉን ካብቲ ጉቡእ ዘጉድል እዩ። ኣብ መብዛሕቶም ዝሓለፉ ህዝብታት'ውን ገሊኦም ደረት ዝጣሓሱ ገሊኦምውን

ዞግደሉ ስለዝኾኑ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ካብቲ ንዐኦም ዝተዋህበ ደረት ንላዕሊ እሞ ንረቢ ዝግበእ፡ ንዐኦም ንኽይዋሃቦም ኣጠንቂቆም'ዮም። እዚ ከኣ ኣብዘን ዝስዕባ ነጥብታት ይበርሃልና፥

1ይ- ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ሓደ ካብቶም
ረቢ ዝፈጠሮም ደቂ ኣዳም እዮም፡
ረቢ ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል፥

(( قُلْ إِنَّمَا أَنَا بَشَرٌ مِثْلُكُمْ يُوحَى إِلَيَّ)) الكهف

ኣብዛ ዝሓለፈት ዓንቀጽ ናይ ቁርኣን ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ካብ ደቂ ሰባት ፍልይ ዘብሎም ዋሕይ ስለ ዝወረዶም ጥራይ ምዃኑ ገሊጹልና።

ከምኡውን ረቢ ከምዚ ይብል፥

(( قُلْ سُبْحَانَ رَبِّي هَلْ كُنتُ إِلَّا بَشَرًا رَسُولًا(٩٣))) الإسراء

እዚ ኸኣ ሙሽሪከን ንነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ንመሬት ክፍጅርዋ ወይ'ውን ሰማይ ናብ መሬት ንኽዉድቅዎን ከምኡ ዝኣመስለ ካልእ ነገራትን ምስ ጠለብዎም ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ዝዜ ዝዉንና ረቢ ጥራይ ምዃኑ በዛ ዝሓለፈት ዓንቀጽ ናይ ቁርኣን ኣብሪሆሙሎም።

ነብይ صلى الله عليه وسلم ግን ካብ ደቂ ሰባት ፉሉይ ዝንብሮም በቲ ረቢ ዘሰከሞም መልእኽቲ ጥራይ እዩ።

እቶም ዝሓለፉ ህዝብታት'ውን ነቶም ናብኣቶም ዝተላእኩ ሉኡኻት፡ ደቂ ሰባት ኢኹም ብምባል የስተናእስዎም ከምዝነበሩ ረቢ ኣብ ቁርኣን ኣዘንቲዩልና እዩ።

ህዝቢ ናይ ነቢላህ ሁድ ከምኡውን ሳልሕ ዝበልዎ ረቢ ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል፥

(مَـــا هَـــذَا إِلَّا بَشَرٌ مِثْلُكُمْ يَأْكُلُ مِمَّا تَأْكُلُونَ مِنْهُ وَيَشْرَبُ مِمَّا تَشْـــرَبُونَ(٣٣)وَلَئِنْ أَطَعْتُمْ بَشَرًا مِثْلَكُمْ إِنَّكُمْ إِذًا لَخَاسِرُونَ(٣٤) )

المؤمنون

ከምኡውን እቶም ንነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ሓሶት ዝበልዎም ረቢ ብዛዕባኦም ከምዚ ይብል፥

(( مَالِ هَذَا الرَّسُولِ يَأْكُلُ الطَّعَامَ وَيَمْشِي فِي الْأَسْوَاقِ ))

الفرقان

ከምኡውን ነቢይ ተባሂሉ ከመይ ኢሉ ናይ ዕለታዊ መነባብሩኡ ደልዩ ኣብ ናይ ንግዲ ቦታ ይሳተፍ ምስበሉ፡ ረቢ ብከምዚ ዝሰዕብ መልሲ ኣብ ቁርኣን መለሰሎም፥

(( وَمَــا ارْسَــلنَا قَــبْلَكَ مِنْ الْمُرْسَــلِينَ إِلَّــا إِنَّهُمْ لَيَاكُلُونَ الطَّعَامَ وَيَمْشُونَ فِي الْاسْوَاقِ )) الفرقان

እቶም ቅድሜኻ ዝነበሩ ሉኡኻት'ውን መላኢካታት ኣይኮኑን ኔይሮም ምኽንያቱ ደቂ ሰባት ንመላኢካ ክሪእዎም ኣይክእሉን'ዮም፡ ረቢ ወላውን ንመላኢካ ሉኡኽ ገይሩ እንተዝልእኮ ብሰብ እንተዘይተመሲሉ ክሪኢዎ ኣይክእሉን'ዮም። ረቢውን ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል፥

( وَلَــوْ جَعَلْنَاهُ مَلَكًا لَجَعَلْنَاهُ رَجُلًا وَلَلَبَسْنَا عَلَيْهِمْ مَا يَلْبِسُونَ)) الأنعام

ሓደ እዋን ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم እናሰገዱ ከለዉ ብምርሳዕ ኣጉዲሎም ምስ ሰገዱ ብጸቶም ከኣ ሰላት ጎዲሉ ማለት'ዩ ምስ በሉ (ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ኣነ ከማኻትኩም ሰብ'የ ከምቲ ትርስዕዎ ይርስዕ'የ ስለዚ እንተረሲዐ ኣዘክሩኒ) ኢሎም መለሱሎም።

ስለዚ ኩሎም ሉኡኻት ካብ ደቂ ሰባት ካብ ኮኑ እቲ ንረቢ ዝግባእ መግለጺታትን ስራሕን ክንህቦም ኣይግበኣናን እዩ።

2ይ- ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ዒልመል ቀይቢ (ሱውር ነገር) ኣይፈልጡን'ዮም እንተኾነ ግን በቲ ረቢ ዝፍለጦም ዋሕይ ጥራይ'ዮም ዝነግሩ:-

ረቢ ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል፥

(( قُـــلْ لَـــا أقُولُ لَكُمْ عِندِي خَزَائِـــنُ اللَّهِ وَلَا أَعْلَمُ الْغَيْبَ وَلَا أَقُولُ لَكُمْ إِنِّي مَلَكٌ إِنْ أَتَّبِعُ إِلَّا مَا يُوحَى إِلَيَّ )) الأنعام

ከምኡውን

(( قُلْ مَا كُنْتُ بِدْعًا مِنْ الرُّسُلِ وَمَا أَدْرِي مَا يُفْعَلُ بِي وَلَا بِكُمْ )) الأحقاف

ከምኡውን

(( وَلَـــوْ كُنـــتُ أَعْلَمُ الْغَيْبَ لَاسْتَكْثَرْتُ مِنْ الْخَيْرِ وَمَا مَسَّنِي السُّوءُ )) الأعراف

ናይ ቐደቢ ማለት ናይ ስዉር ነገራት እንትርፎ ሓደ ኣላህ ካልእ ዝፈልጥ የልቦን፡ ንሉኡኻቱ ግን ገለ ገለ ስዉር ነገራት የፍልጦም'ዩ እዚ ከኣ መታን ነቲ ሒዞሞ ዝመጹ ሓቂ፡ መረጋገጽን ታኣምርን ክኸዉን ብምባል እዩ።
ረቢ ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል፥

(( عَالِمُ الْغَيْبِ فَلَا يُظْهِرُ عَلَى غَيْبِهِ أَحَدًا(٢٦)إِلَّا مَنْ ارْتَضَى مِنْ رَسُولٍ فَإِنَّهُ يَسْلُكُ مِنْ بَيْنِ يَدَيْهِ وَمِنْ خَلْفِهِ رَصَدًا(٢٧) )) الجن

እዚ ማለት ከኣ ነቶም ሉኡኻቱ ንዝደለየሎም ገለ ካብ ስዉር ነገራት ናይ ዝሓለፈ ወይ'ውን ናይ ዝመጽእ የፍልጦም እዩ ኮይኑ ግን እዚ ምስቲ ቃል ናይ ረቢ (ብጀካይ ቐደቢ ዝፈልጥ የለን) ዝብል ፃንቀጽ ዝጻረር ኣይኮነን።

(( قُــلْ لــا يَعْلَــمُ مَــنْ فِي السَّمَاوَاتِ وَالْأَرْضِ الْغَيْبَ إِلَّا اللَّهُ وَمَا يَشْعُرُونَ أَيَّانَ يُبْعَثُونَ(٦٥) )) النمل

እቲ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ብዛዕባ ናይ ዝመጽእ ግዜ ኣብ ሓዲስ ዝተዛረብዎ'ውን ሓደ ካብቲ ዋሕይ ናይ ረቢ ብመላኢካ ገይሩ ዘፍለጦም ወይ ከኣ ብኢልሃም ዝኸፈተሎም እዩ።

ስለዚ እምበኣር እዚ ከምዚ ዝበለ መግለጺ ናይ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلمን ከምኡውን ናይቶም ቀዳሞት ዝነበሩ ሉኡኻትን ካብ ኮነ ካብቲ ንኣሳህ ንብሕቱ ዝግባእ ዒባዳ ንዐኦም ክንፍጽመሎም ኣይፍቀድን እዩ። ከምኡውን በቲ ናይ ኣሳህ ናይ ብሕቱ ዝኾነ መግለጺ ክንገልጾም ፈጺሙ ኣይፍቀድን'ዩ። ስለዚ'ዮም ከኣ ነብይና ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ደቂ ሰባት ኣብ ከምዚ ዓይነት ንኸይወድቁ ዘጠንቀቑ ዝነበሩ።

ሓደ እዋን ክልተ ኣብ ባርኖት ዝነበራ ኣዋልድ (ናይ ጽባሕ ንግሆ ዝፈልጥ ነብይ ኣለና) ክብላ ምስ ሰምዑ ዝኢጾመን።

ዓኢሻ በዓልቲ ቤቶም ረዲየላሁ ዓንሃ

(( مــن حدثــك أن محمدا يعلم مافى غد فلا تصدقه )) رواه البخاري

(ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ናይ ጽባሕ ንግሆ ይፈልጥ'ዩ ዝብለካ ኣይትእመኖ) ይብላ

ከምኡውን ኣብ ሓዲስ ናይ ጂብሪል ንነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم መዓስዩ የዉመልቂያማ ኢሉ ምስ ሓጽቶም፡

(( ما المسؤول عنها باعلم مـــن السائل، وساحدثك عن أماراتها إذا ولدت الأمة ربها، وإذا رأيت الحفاة العراة رعاة الشاء يتطاولون فى البنيان ، ))

(እቲ ተሓታታይ ካብ ሓታታይ ኣይፈልጥን'ዩ እንተኾነ ግን ብዛዕባ ምልክታታ ክነግረካ (ባርያ ንዓኣ ትእዝዛ እንተወሊዳ፣ ዑሩቃት ጫማ ዘይለብሱ ጓሶት ዝዝበሩ ኣብ ምዉድዳር ናይ ህንጻታት እንተበጺሖም'ዩ፡ ኢሎሞ ፡ ኣስዒቦም ሓሙሽተ ነገራት ብጀካ ሓደ ኣላህ ካልእ ዘይፈልጦን ኣለዋ ኢሎም እዚ ዓንቀጽ ናይ ቁርኣን ቀሪኦምሉ፥

ان الله عنده علم الساعة وينزل الغيث ويعلم ما في الأرحام وما تدري نفس ماذا تكسب غدا وما تدري نفس بأي أرض تموت إن الله عليم خبير (٣٤)

እዘን ሓሙሽተ ሱውር ነገራት(መፍትሕ ናይ ዒመልቶይቢ) ተባሂለን ይፍለጣ ረቢ ኣብ ቁርኣን ክምዚ ይብል፥

﴿ وَعِندَهُۥ مَفَاتِحُ ٱلْغَيْبِ لَا يَعْلَمُهَآ إِلَّا هُوَ ﴾ [الأنعام:٥٩]

ካብዘን ሓሙሽተ ነገራት ይፈልጥ'የ ዝበለ ወይ'ውን እከለ ይፈልጥ'ዩ ዝበለ ሓሳዊ እዩ።

3ይ- ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ንደቂ ሰባት ወይ ከኣ ንነብሶም ክጠቅምዋ ወይ'ውን ክጎድእዋ ከምዘይክእሉ ረቢ ኣብ ቁርኣን ከምዚ ኢሉ፥

(( قُلْ لَا أَمْلِكُ لِنَفْسِي نَفْعًا وَلَا ضَرًّا إِلَّا مَا شَاءَ اللَّهُ ))
الأعراف

ከምኡውን ረቢ ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል፥
(( قُلْ إِنِّي لَا أَمْلِكُ لَكُمْ ضَرًّا وَلَا رَشَدًا(٢١) )) الجن

ንምንታይ እሞ እቲ ንጥቕምን ጉድኣትን ዝዉንን ሓደ ረበ-ልዓለሚን ጥራይ እዩ፡ ንሱ'ዩ ከኣ ጥቕምን ጉድኣትን ምሃብን ምኽላእን ኣብ ኢዱ ዝኾነ፡ ንሱ ኸኣ ናይ ወነንቲ ወናኒ፡ ነቲ ንሱ ዝዉስኖ መላሲ ዘይብሉ፣ ነቲ ናቱ ፍርዲ ዝዉሰኾ ዘይብሉ ንሱ ጥራይ እዩ፡ ፍጡራት ብሙሉኦም ምስ ሉኡኻቱ ብጠቕላላ ኣብ ትሕቲ ዋንነት ናይ ረቢ እዮም ዝርከቡ፡ ረቢ ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል፥
لـــا يَمْلِكُونَ مِثْقَالَ ذَرَّةٍ فِي السَّمَاوَاتِ وَلَا فِي الْأَرْضِ وَمَا لَهُمْ فِيهِمَا مِنْ شِرْكٍ وَمَا لَهُ مِنْهُمْ مِنْ ظَهِيرٍ(٢٢) )) سبا

ሸኽ ኣል ኢስላም ኢብኒ ተይሚያ በዛ ዓንቀጽ ናይ ቁርኣን ኣስዒቦም ከምዚ ይብሉ፥ (ረቢ ነቲ እቶም ሙሽሪኪን ዝጽግዕዎ ኩሉ ነጺግዎ፡ ብጀከኡ ዝዉንን፣ ወይ ከኣ ዝኾነ ናይ ምዉናን ግደ ዘለዎ ከምዘየሉን ንረቢ ሓጋዚ ከምዘይብሉን ኣረጋጊጹ)።
ረቢ ኣብ ቁርኣን ንነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ከምዚ ኢልዎም፥
(( لَيْسَ لَكَ مِنَ الْأَمْرِ شَيْءٌ )) آل عمران

እዛ ዓንቀጽ እዚኣ ናብ ነብይ ዝወረደትሉ ምኽንያት ከኣ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ኣብ ዉግእ ናይ ኡሑድ፡ ርእሶም ምስተሃርሙ ከምኡውን (ዓቃብ ዓቃቢት ናይ ስኖም ምስ ተሰብረ) ከምዚ ዝስዕብ ኢሎም፥

((ንነብይ ናቶም ዝፈግኡስ ረቢ ከመይ ኢሉ ከዐዉቶም'ዩ)) ምስ በሉ :
((لَيْسَ لَكَ مِنَ الْأَمْرِ شَيْءٌ)) ዝኾነ ንስኻ ትእዝዞ ጉዳይ የብልካን ዝብል ዓንቀጽ ናይ ቁርኣን ወሪዱ:: ከምኡውን ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ኣብ መካ ንዝነበሩ ሙሽሪከን ኣብ ሰላት ቁኑት ገይሮም ክረግ ምዎም ምስ ጀመሩ እዚ ጉዳይ ንረቢ ዝምልከት ጥራይ ምዃኑ ንዐኦም ዝምልከት ከምዘይኮነ እዛ ዓንቀጽ ናይ ቁርኣን ኣዉረደሎም::

ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ንቤተሰቦምን ኣዝማዶምን፥

(( أنقذوا أنفسكم من النار لاأغنى عنكم من الله شيئًا )) رواه البخاري

(ንነብስኹም ካብ ሓዊ ኣድሕንዋ ኣነ ኣብ ቅድሚ ረቢ ሓንቲ ኣይጠቅመኩምን'የ) ይብልዎም ነበሩ: ከምዚ ዓይነት ዘረባ ከኣ ንሓወቦኦምን ንጓሎምን ከይተረፈ ይብልዎም ነይሮም (ነብስኹም ግዝእዋ) ማለት ብተውሒድን ብዒባዳን ብፍጹምነትን በቲ ረቢ ዝኣዘዞ ብምፍጻም ካብቲ ረቢ ዝኸልከሉ ብምኽልካል ነፍስኹም ካብ ሓዊ ኣድሕንዋ ናብ ዝምድናን ከምኡ ዝኣመሰለን ኣይትጸግዑ ይብሉ

ነበሩ: እዚ ኹላ እቲ ገለ ደቂ ሰባት ንሕና ካብ እንዳ እከለ ኢና ኣብ ረቢ ዝወሓሱና ኣለው ኢሎም ዝሓስብዎ ገርሀኛታት ከምዘይጠቅሞም: እቲ ብዙሓት ንሕና ናይ ረሱል ዘርኢ ኣለና ካብ ኩብራት ቤተሰብ ኢና ኢሎም ካብ ምስራሕ ተቆጢቦም እኳደኣ ኣንጻር ናይ ሱና እናሰርሑ ንረብሽ ንረሱልን ዘይምእዘዙ: ገሊኦም ንሕና ንነብይ ንፈቱ ኢና ኢሎም ንዉሕስነት ናይ ነብይ ዝጽበዩ እቲ ምፍታዉ በቲ ናቱ መንገዲ ምኻድ ምኻኑ ዘይፈልጡ ንዝሓስብዎ ኩሉ ነብይ صلى الله عليه وسلم ነጺጎሞ እዮም።

ነብይ صلى الله عليه وسلم ከምቲ ረቢ ኣብ ቁርኣን ዝበሎ ንነብሶም ከጠቅምዋ ከምኡውን እንተድኣ ዘንቢ ፈጺሞም ንመቅጻዕቲ ረቢ ክከላኸሉ ከምዘይክእሉ ኒኢሩ እዩ። ረቢ ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል ፥

(( قُلْ إِنِّي لَنْ يُجِيرَنِي مِنَ اللَّهِ أَحَدٌ وَلَنْ أَجِدَ مِنْ دُونِهِ مُلْتَحَدًا ))

الجن ٢٢

ንማንም ሰብ ደኣ ወላ እንተቀረበ ወላውን እንተረሓቀ ከመይ ክኽዉንዩ ! !

ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ውን ንቤተሰቦም ካብ መቅጻዕቲ ረቢ ከምዘየድሕንዎም: ጀና ከምዘየእትዉዎም ናብ ረቢውን ከቀራርብዎም ከምዘይክእሉ ሓቢሮም'ዮም ከምኡውን ዝኾነ ሰብ ንነብሱ ዘድሕና ባዕሉ ምኻኑ ሓቢሮሞም'ዮም።

ሓወቦኦም ንነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ግዜ ሞት መሰርከቦም ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم (ኦ ሓወቦይ ላኢላሃ ኢለላህ በል በዛ ቃል እዚኣ ኣብ ረቢ

ክምስክረልካ)             ምስ በልዎም ሕማቃት ኣዕሩኽ ስለዝዝብርዎ ኣብ ናይ ኣቦታትካ ሃይማኖት ይሕሽካ ደኣ ስለዝበልዎም ( ኣብታ መገዲ ናይ ኣባሓጎ ታተይ ) ምስ በሉ ካብዛ ዓለም ተፈልዩ። ቃል ናይ ረቢ ከኣ ከምዚ ዝብል ወረደ፥

(( إِنَّــكَ لَـــا تَهْــدِي مَنْ أَحْبَبْتَ وَلَكِنَّ اللَّهَ يَهْدِي مَنْ يَشَاءُ ))
القصص

እዚ ዝሓለፈ ዛንታ ዓቢ መርትዖ'ዩ ነቶም ንነብይ ካብ ደረቶም ንላዕሊ ዘሕልፍዎም ከምኡውን ካብ ጸገማቶም ንኸድሕንዎም ንነብይ صلى الله عليه وسلم ዝሓቱ ካብኡ ሓሊፎም'ውን ዘንቦም ንኽምሕርዎም ዝልምኑ ከምኡውን ኣብ ጽንኩር ኩነታት ያ ረሱለላህ ዝብሉ ከምኡውን ካልእ ንዕኡ ዝኣመሰለን ጌጋ ምኽኑ ይሕብረና።

ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ዝበለጹ ፍጡር : ዝቀረቡ ኣብ ረቢ: ዝላዓለ ክብረት ዘለዎም ኮይኖም ከብቅዑ ንሓወቦኦም ኣብ ቅኑዕ እምነት ክሞቱ ምስቲ ዓቢ ድልየት ዝነብሮም ክፍጽምዎ ኣይካኣሉን ንምንታይ እሞ ረቢ ንሓወቦኦም ቅርስስና ስለ ዝጻሓፈሎም እዩ። ግን ነብይ ተስፋ ከይቆረጹ እስቲቕፋር ክገብረሉ'የ ምስ በሉ ረቢ ከልኪልዎም።

ረቢ ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል፥

(( مَا كَانَ لِلنَّبِيِّ وَالَّذِينَ آمَنُوا أَنْ يَسْتَغْفِرُوا لِلْمُشْرِكِينَ وَلَوْ كَانُوا أُولِي قُرْبَى مِنْ بَعْدِ مَا تَبَيَّنَ لَهُمْ أَنَّهُمْ أَصْحَابُ الْجَحِيمِ(١١٣) )) التوبة

እዚ ዓንቀጽ ናይ ቁርኣን ዘረድኣና ነብይ صلى الله عليه وسلم ንኻልእ ክጠቅሙን ክጎድኡን ከምዘይክእሉ እዩ ። ወላኺ እቶም ንነብይ ንፈቱ ኢና እናበሉ ተስፋ ዘንብሩን ብሽሞም እናጸውዑ ዝልምንዎምን ዘለው፡ እቲ ናብ ቅንዕና መገዲ ምእታዉ ኣብ ኢድ ነብይ صلى الله عليه وسلم ነይሩ እንተዝኸውን ከምኡውን ካብ ጸገማት ድሕነት ምሃብ ኣብ ኢዶም ነይሩ እንተዝኸውን ነቲ ንዐኦም መቅረባ ዝኾነ ካብቶም ናይ ሙሽሪክን ክፉእ ንኽይረኽቦም ዝከላኸልሎም ዝነበረ ሓወቦኦም ክጠቅምዎ ካብ ዘይክኣሉ ንኻለልእ ዳኣ ከመይ ገይሮም ይጠቅምዎ፤ ???

4ይ- ንኑብይ صلى الله عليه وسلم ባርያ ረቢ ኢልካ ምስማዮም ብልጸትን ክብረትን እዩ:-

ዑመር ቢን ኸጣብ ረዲየላሁ ዓንሁ ነብይ صلى الله عليه وسلم ከምዚ ኢሎም ፥

(( لا تطـــرونى كما أطرت النصارى ابن مريم إنما أنا عبد الله، فقولوا عبد الله ورسوله.))

(ነዓይ ንምንኣድ ኢልኩም ከምቲ ንወዲ መርየም ንምንኣድ ኢሎም ወሰን ዝሓለፉ ወሰን ኣይትሕለፉ

ኣነ ባርያ'የ እስኻትኩምውን ባርያ ረቢ ሉኡኽ ኣላህ በሉኒ) ይብሉ።

ሽኽ ሱለይማን ቢን ዓብዱላህ ረቢ ይርሓመሉም፡ ብዛዕባ እዛ ዝሓለፈት ሓዲስ ናይ ነብይ صلى الله عليه وسلم ኣብ ኪታብ ናይ ተውሒድ ክገልጹ ከለው ከምዚ ይብሉ፥
(ኣነ ባርያ'የ እስኻትኩምውን ባርያ ረቢ ሉኡኽ ኣላህ በሉኒ) ዝበሉ:- ኣይትንኣዱኒ ካብ ወሰን ክይትሓልፉ ከምቲ ነሳራ ንዒሳ ብምንኣድ ወሰን ሓሊፎም ክሳብ ረቢ ክብልዎ ዝበጽሑ ኣይትብጽሑ፡ ኣነ ባርያ ረቢ'የ ከምቲ ረቢ ዝገለጸኒ ባርያ ረቢ ኢልኩም ክኣ ጸውዑኒ፡ ስለዚ ባርያ ረቢ ሉኡኽ ኣላህ በሉኒ ማለት'ዩ እንተኾነ ግን ንመቃብር ዝግዝኡ ሰባት ኢምቢ ብምባል ንትእዛዝ ናይ ረሱል صلى الله عليه وسلم ተጻሪሮም ኣብቲ ዝኸልከልዎ ወዲቆም ዓቢ ምጽራር ክኣ ፈጺሞም። ንነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ባርያ ረቢ ኢልካ ክትጽወዮም ይኹን ከምኡውን ንዐኦም ክትልምኖም የብልካን ምባል ከምኡውን ብኡኦም ኣይሕጉዘን'ዩ፡ ንዐኦም ምምጽባዕ ኣይፍቀድን'ዩ ኣብቲ ቀብሮም ከም ካዕባ ጠዋፍ ኣይግበርን፡ ዝኾነ ጉዳይ ክፍጽሙ ኣይክእሉን'ዮም፡ ዒልመልቐይቢ ብጀካ እተን ረቢ ዘፍለጦም ካልእ ኣይፈልጡን'ዮም ምባል ክብረት ናይ ነብይ صلى الله عليه وسلم ምስትንኣስ ኮይኑ ይስመዮም፡ከምኡውን ካብ ደረጀኦም ምጉዳል ኮይኑ ይመስሎም፡ ስለዚ ኸኣ ካብቲ ረቢ ንነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ዝሃቦም ደረጃ ንላዕሊ

ክሀብምም ይረኣዩ ከም'ቲ ነጎራ ኣብ ዲሳ ዝፈጸምዎ ወይ ክንድኡ ብምብጹሖም ገሊኦም ዘንብና ምሓረና ዝብሉ ገሊኦም ካብዚ ጸበባ ፈርጀና ዝብሉ ኣለው።

ሸኽ ኣል-ኢስላም ኢብኒ ተይሚያ (ኣልኢስቲቓሳ) ኣብ ዝተባህለ መጽሓፍ: ገለ ካብቲ ኣብ ግዜኦም ዝነበሩ ሰባት ንረሱል ርድኣና መሓረና ዝብሉን ልክዕ ከም'ቲ ካብ ረቢ ትሓቶ ካብ ረሱል صلى الله عليه وسلم ይፍቀድ'ዩ : ዝብሉ ኣለው ይብሉ: ብዛዕባ'ዚ ዝምልከት ከኣ ብዙሕ ጺሒፉ ኣሉ: ገለ ካብቲ ዝብልዎ ከኣ ፥

ብጀካ እቲ ረቢ ጥራይ ዝፈልጦ (ዒልመልቀይቢ) ነብይ صلى الله عليه وسلم ይፈልጡዎ'ዮም ዝብሉን (ነብይ صلى الله عليه وسلم ከም'ቲ ናይ ረቢ ፍልጠትን ክእለትን ኣለዎም ዝብሉን እዚ ዓይነት ክእለት ከኣ ናብ ሓሰን ወዲ ሰይድና ዓሊ ሓሊፉ ብድሕሪኡ ናብ ናይ ዘርኢ ናይ ሓሰን ዘለዎም ምስ ሓለፈ ናብ ኣቢ ኣልሓሰን ኣሻዝሊ ዝተባህሉ ሓሊፉ'ዩ ዝብሉን እዚ ከኣ ደረጃ ናይ ኣል ቁጡብ: ኣልቀዉስ: ኣልፈርድ ኣልጃምዕ'ዩ ዝብሉ: ገሊኦም ከኣ እቲ وتسبحو ه بكرة وأصيلا

ዝብል ቃል ናይ ረቢ - ተስቢሕ ንግሆን ምሸትን ዝግበረሉ ንነብይ'ዩ ዝብሉን ከምኡውን ንረብን ንረሱልን ኢና ንግዛእ ዝብሉ ንረሱል ገዛኣይ ዝገብርዎም ኣለው ሓደ ካብኣቶምውን ኣልከዉሰሪ ዝበሃል ከምዚ ዚበለ ግጥሚ ገጢሙ፥

فإن جودك الدنيا وضرتها

ومن علومك علم اللوح و القلم

*ሓዱንያን ሓኼራን ልግሲ ናይ ነብይ* صلى الله عليه وسلم *ገይርዎ:*

ከምኡውን ብርግጽ ፍልጠት ናይ ለዉሕ ኣልማሕፉዝ ኣለዎም ይብል:

እዚ ኸኣ ሸኽ ኣል-ኢስላም ዘዘንተውዎ ኣብ ግ ዜኦም ዝነበሩ እዮ። እዚ ድማ ግልጺ ዝኾነ ኩፍሪ ካብ እስልምና ቧሕጊጉ ዘዉጽእ ቃላት እዩ።

ካብቲ ዝገርም ግን እዚ ከም ምፍታዉ(ማሓባ) ናይ ነብይ صلى الله عليه وسلمን ክብረትን ኣምሲሉ ሸይጣን ኣንጸባሪቅሉም: እዚ ከኣ ሓደ ካብ ተግባራት: ናይቲ ረቢ ዝሳዓና ሸይጣን እዩ: ንሱ ነቲ ሓሶት ምስቲ ሓቂ ሓዋዊሱ ነቶም ካብ እንስሳ ዘይፍለዩ ብብርሃን ናይ ዒልሚ ዘይርእዩ ናብ ድልዱል ዓንዲ ዘይጽግዑ ብኸምዚ ዓይነት ገይሩ የታልሎም: እዚ ከኣ ክብረት ንነብይ صلى الله عليه وسلم ኣይኮነን: እቲ ሓቀኛ ክብረት ኣብ ልብን መልሓስን ተግባርን እዩ: እሳቶም ግን ካብዚ ሩሑቃትዮም ዘለው።

እቲ ናይ ልቢ ምፍታዉ እምበኣር: ባርያ ረቢ ሉኡኽ ኣላህ ኢልካ ምስ ኣመንካ ካብ ነፍስኻን ወለድኻን ደቅኻን ኩታ ካብ መላእ ደቂ ሰባት ኣብሊጽካ ክትፈትዎም እዩ። እዚ ምፍታዉ ከኣ ብኸልተ ነገራት ይግለጽ፥

*(ሀ)* ን ተውሒድ ቀጥ ኣቢልካ ክትሕዝ=

ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ንተሒውድ ምሓዝ ብጣዕሚ ይግደሱ ኔይሮም፡ ናብ ሽርኪ ገጹ ዘምርሕ ተግባራት ብኹሉ ሸነኻቱ ይኾልፍዎ ነይሮም ነዚ መርትየ ዝኸዉን ከኣ፥

قال له رجل ( ماشاء الله وشئت) قال: (أجعلتِنى لله ندًا؟ بل ما شاء الله وحده) رواه/احمد

ሓደ ስብኣይ (ኦ ሉኡኽ ኣላህ ረቢ ደልይዎ ንስኹምውን ደሊኹሞ፡ ምስ በሉም፡ ምስ ረቢ ማዕረ ገይርካኒ ? ረቢ ጥራይ'ዩ ንበይኑ ደልይዎ) ኢሎም መለስሉ::

*ንረቢ ገዲፍካ ብኻልእ ንኽይማሓል ከልኪሎም ሽርኪ ምዃኑውን ሓቢሮም።

*ኣብ መቃብር ሰላት ንኽይስገድ ወይ'ውን ከም መስጊድ ገይርካ ከይዉሰድ : ወይ'ውን ከም ዒድ ማለት ብቆጸራ እናዝበርካ ምምልላስ ከይግበረሉ ከልኪሎም ኣብኡ ዝኾነ መብራህቲ ከይበርህ'ውን ከልኪሎም።

እዚ ኸኣ እቲ መሰረት ናይ ዲን ኮይኑ እኳ ደኣ እቲ ቀንዲ ሕምብርቲ ናይ ድሕነት እዩ። ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ኩሉ ናብ ሽርኪ ዘምርሕ፡ ብሙሉኡ ብቃሎምን ተግባሮምን ዓጺዮሞ'ዮም። ከምናቶም ኣገላልጻ ገይሩ ዝገለጸውን የልቦን፡ ስለዚ ንነብይ صلى الله عليه وسلم ክብረት ምሃብ ዝበሃል በቲ ሒዞሞ ዝመጹ ክትቅየድ ደኣምበር ንዕኦም ብምጽራር ኣይኮነን።

2ዩ) ናይ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ተኸታላይ ምዃን ከምኡውን ኣብ ዝዓበየን ዝናኣሰን ኣብ መሰረትን ጨንፈራትን ናይ ዲን ብናቶም ፍርዲ ክትፍረድ፣ በቲ ፍርዶም ክትፈትዉ፣ በቲ ናቶም ሱና ክትቅየድን ክትቅበልን፣ ነቲ ናቶም ሱና ዝጻረር ቁሊሕ ከይበልካ ክትገድፎ ንሶም ፈራዳይ ዘረበኦም ቁቡል ኢልካ ክትክተሎም እቲ ንዐኦም ዝጻረር ክትነጽግ ንሓደ ኣላህ ክትግዝኦን ካብኡ ሓገዝ ክትደልይን ናብኡ ጥራይ ክትዉክል ናብኡ ጥራይ ፍርሀኻን ተስፍስኻን ከተንበር፡ ነቲ ጸገማት ንኸፈትሓልካ ተስፋ ትገብረሉ ከምኡውን ንዘንብኻ ምሕረት ትሓቶ በቲ ናቱ ልግሲ ኣዱንያን ኣኼራን እተረኽበት ንሱ ድማ ንበይኑ ንፍጡራት ሽሻይ ዝለገሰሎም፡ ካብ ቀብሮም ዘተስኦም፣ ዝምሕር ዝርህርህ እንተደልዩ ናብ ቅኑዕ መገዲ ዝመርሓካ እንተደልዩ ዘጥፋኣካ፣ ሩሑስን ቁርሱስን ዝገብር እዚ ኩሉ ጉዳያት ብጀክኡ ዝኾነ እንተኾነ ከም ነብይ صلى الله عليه وسلم ይኹን ወላውን ጂብሪልን ካልኦት ዝፍጽሞ የልቦን ብምባል ናይ ዉሽጣዊ እምነት ክህልወካ ይግባእ።

እዚ'ዩ ከኣ እቲ ናይ ብሓቂ ክብረት ነቶም ክቡር ዝኾኑ ነብይ صلى الله عليه وسلم ምኽባር ዝበሃል እዚ ከኣ'ዩ ኣብ ኣዱንያ ይኹን ኣብ ኣኼራ ዝጠቕም ከምኡውን ሓደ ካብቲ ግዴታታት ናይ ኢምን ዝእዝዞ እዚ'ዩ።

እቲ ብመልሓስካ ምኽባር ከኣ በቲ ረቢ ዝሞጎሶምን ክብረት ዝሃቦምን በቲ ንሶም ንነብሶም ዝሞጎስዋ ወሰን ከይሓለፍካን ከየጉደልካን

ክትምጉሰም እዩ። እቶም ንቀብሪ ዝግዝኡ ግን ኣብ ሞንሰኦም ወሰን ሓሊፎም'ዮም።

ከምኡውን እቲ ብኣካላትካ ክብረት ድማ፡ በቲ ንሰም ዝኣዘዝዎ ክትሰርሕ እቲ ናቶም ሃይምኖት ንኸስፋሕፋሕ ምጽዓር ነቲ ሒዞሞ ዝመጹ ክተዐዉት ነቲ ንዐኦም ዝጻረር ክትቃለስ እዩ።

ብሓፈሻ'ምበኣር እቲ ንነብይ صلى الله عليه وسلم ክብረት ዝበሃል በቲ ዘረባኦም ክትኣምን፣ እቲ ዝኣዘዝዎ ክትፍጽም፣ ካብቲ ዝኸልከልዎን ዘጠንቀቅዎን ክትቁጠብ፣ ምእንተኦም ኢልካ ክትፈትውን ክትዓርኽን ምእንተኦም ኢልካ ክትጸልእ ከምኡውን እቲ ናቶም ፍርዲ ክትፍጽምን ክትፈትዎን፣ ነቲ ናቶም ፍርዲ ገዲፍካ ናብ ጣዖታዊ ፍርዲ ዘይምኻድ እዩ።

እንተ ነቲ ቃላት ናይ ነብይ صلى الله عليه وسلم ዝሰማማዓካ ክትቅበል ነቲ ዘይሰማማዓካ ክትነጽግን ወይ ሸለል ክትብልን ወይ'ውን ዘይቁኑዕ ትርጉም ሂብካ ክትገድፎ ግን ዘይፍቀድ ኣብ ርእሲ ምዃኑ ነቲ ክብረት ናይ ነብይ ዝጻረር እዩ።

እዚ ዝሓለፈ ዘረባ እምበኣር ኢብኒ ተይሚያ ኣብ ዝነበርሉ ግዜን ቅድሚኡን ዝነበሩ ብዛዕባ ተዉሒድ ዘይፈልጡ እሞ ናይ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ምፍታዉ(ማሓባ) ኣለና ብምባል ኣብቲ ሞንሰኦም ደረት ዝጣሓሱ ብጀካ ንረቢ ንኻልእ ዘይፍቀድ ዝኾነ መግለጺ ገይሮም ወናኒን ፈላጥን ኣብዛ ዓለም ድላዮም ከምዝፍጽሙን ገይሮም ገሊጾሞም። ከምኡውን እቲ ካብ ረቢ ጥራይ ዝግባእ ከም ምልማን፣ ተስፋ ምግባር፣ ኩሉ

ጉዳይካ ናብኡ ምግዳፍን ናብኡ ምጽጋዕን ዝኣመሰለ ንነብይ صلى الله عليه وسلم ሂቦሞም።

ሸኽ ኢብኒ ተይሚያ ኣብ መጽሓፎም ንኪታብ ናይ ተውሒድ ዝገልጽ ኣብ ገጽ 186 እቶም ደረት ዝሓለፉ ኣብ መግለጺ ናይ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ኣብ ቡርዳ ዝተባህለ ናይ በውሰሪ መጽሓፍ ደረት ዝሓለፈ ግጥሚ ዝገጠሞ፥

يا أكرم الخلق مالى من ألوذ به # سواك عند حلول الحادث العمم

ምስ ዘከሩ፡ ብዛዕባ እቲ ግልጺ ዝኾነ ሽርኪ ሒዝዎ ዘሎ ዘኪሮም ብሩህ ዝኾነ ሽርኪ ከም ምዃኑ ገሊጾም፡ ከምኡውን ካልእ ገለ ግጥምታት ናይ ቡርዲ ደረት ዝሓለፈ ናእዳ ዘኪሮም ናብ ረሱል صلى الله عليه وسلم ዒባዳ ከም ዝወደቀ ናይ ረቢ ዒባዳ ከምዝረሰዐ፡ ገሊጾሞ ኣለው። ከምኡውን ኣኑዐይሚ ኣብ ማዓርጅ ኣል-ኣልባብ ገጽ 169 ገለ ናይቶም ደረት ዝጥሕሱ ብምውታን ዝተንጠልጠሉ ዘኪሮም ኣለው ካብቲ ሽርኪ፡ ዝሓዘለ ግጥሚታቶም ከኣ፥

ياسيدى يا صفى الدين يا سندى #
يا عمدتى بل ويا ذ خرى ومفتخري
أنت الملاذ لما أخشى ضرورته #
وأنت لي ملجأ من حادث الدهر

ዝብል ናይ ሽርኪ ዝመልአ ግጥምታት ምስ ዘከሩ ብዛዕብኡ ኣመልኪቶም ( ንሕና ክንፈልጠ

ዘይከኣልና፡ እዚ ሙሽሪክ ዝኾነ ሸረኛ ገጣማይ ድሕሪ'ዚ መግለጺ ንረሱል صلى الله عليه وسلم ምሃቡ ናይ ረቢ መግለጺ ደኣ እንታይ ተረፍዎ) ‼ እቲ ናብ ረቢ ምድላይ ናብ ረቢ ምጽጋዕ ዝኣመሰለ ጉዳያት እንታይ ኣትረፍሉ፣ እቶም ሙሽሪክን ንጣኦት ዝግ ዝኡ ዝነበሩ ነቶም ዝግዝእዎም ክንዲዚ ዝኣክል ስልጣን ወላ ዝዋሓደውን ንረቢ ገዲፎም ኣይሀብዎምን'ዮም ኔይሮም።

ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم 'ውን ነዚ ከምዚ ኢልካ ካብ ደረት ምሕላፍ ንህዝቦም ኣዝዮም ይፈርሑሉም ስለዝነበሩ ነቲ ናብኡ ዘብጽሕ መገዲ 'ውን የጠንቅቑዎም ነይሮም።

فقـــد روى أبـــو داود بسند جيد عن عبدالله بن الشخير رضي الله عنه قال: انطلقت في وفد بني عامر إلى رسول الله صلي الله عليه وسلم فقلنا :أنـــت ســـيدنا .فقال: (السيد الله تبارك وتعالى )قلنا : وأفضلنا فضلاً وأعظمنا طولاً،فقال:(قولوا بقولكم أو بعض قولكم )

ናብ ነብይ صلي الله عليه وسلم ካብ በኒ ዓምሩ ዝተባህሉ ልኡኻት ምስ መጹ እስኻ ጎይታና ኢኻ ምስ በልዎም፡ ኣላህ'ዩ ጎይታ ኢሎሞም፡ መሊሶም፡ ካባና ዝበለጽኩም ቡሉጽ ናይ ቡሉጻትን ዝዓበኹምን ኢኹም ምስ በልዎም :ካብዚ ንላዕሊ ኣይትሕለፉ ኢሎምዎም ።

ከምኡውን

(( عــن أنس رضى الله عنه أن ناس قالوا: يارسول الله يا خــيرنا وسيدنا وابن سيدنا. فقال: (( يا أيهاالناس قولوا بقولكم ولا يســتهوينكم الشيطان أنا محمد عبد الله ورسوله ما أحب أن ترفعونــي فــوق منزلتــي التي أنزلني الله عز وجل)) ))
رواه النسائي

ኣነስ ቢን ማሊክ ረዲየላሁ ዓንሁ (ገለ ሰባት ንረሱል صلى الله عليه وسلم እ ሉኡኽ ኣላህ ንስኹም እኮ ብሉጽ ናይ ቡሉጻት ሰይዱና ወብኒ ሰይዱና ኢኹም ምስ በልምም: ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم እ ኣንቱም ደቂ ሰባት........ ሸይጣን ከየታልለኩም ኣነ ሙሓመድ ባርያ ረቢ ሉኡኽ እላህ'የ ካብቲ ረቢ ዝሃበኒ ደረጃ ንላዕሊ ኣይትሃቡኒ . ) ኢሎሞም ።

ነዚ ዝመስል ቃላት ናይ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ብዙሕ ኣሎ: ከምኡውን ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ከምዚ ይብሉ፥

(( إنه لايستغاث بى وإنما يستغاث بالله )) رواه الطبراني

(ካብ ረቢ'ዩ ሓገዝ ዝድለ ብኣይ ሓገዝ ኣይድለን'ዩ) ይብሉ ኔሮም። ከምኡውን ሓደ ሰብኣይ ናብ ረሱል صلى الله عليه وسلم መጺኡ፥
((ماشــاء الله وشــئت)) فقال: (( أجعلتني لله مثلا ماشاء الله وحده))

(ረቢ ደልይዎ እስኹም'ውን ደሊኹሞ ምስ በለ፡ ምስ ረቢ መዳርግቲ ገይርካኒ ! ረቢ ጥራይ እዩ ደልይዎ) ኢሉዎም መሊሰሙሉ።

ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ካብ መኣእ ፍጡራት ዝበለጹ'ዮም እንተኾነ ግን ናእዳ ይጸልኡ ኔይሮም ፡ብፍላይ ከኣ እቲ ናእዳ ኣብ ቅድሚ ዝናኣድ ዘሎ እንተኮይኑ ይጸልእዎ ስለ ዝነበሩ፥

(( إذا لقيــتم المداحين فاحثوا في وجوههم التراب.)) رواه مسلم

(ንዝንእዱ ኣብ ገጾም ሓመድ ደርብዩሎም) ይብሉ ነበሩ። ንምንታይ እሞ እቲ ዝናኣድ ዘሎ ክብረትን ትዕቢትን ክስመዖ ስለ ዝኽእል እዚ ዓይነት ጠባይ ከኣ ንስራሕ ደቂ ሰባት ዘበላሹን ካብ ተውሒድ ዘጉድልን ስለ ዝኾነ እዩ።

ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ባርያ ረቢ ንኽበሃሉ ዝኹርዑሉ ዝነበሩ'ዩ። እዚ ከኣ ኣብ ቅድሚ ረቢ ትሕትናን ነፍስኻ ተንእስሉን ስለ ዝኾነ ብልጸትን ክብረት እዩ።

ስለዚ ከኣ ረቢ ኣብ ቁርኣን ባርያይ ኢሉ ሰምይዎም፥

(( وَإِنْ كُنتُمْ فِي رَيْبٍ مِمَّا نَزَّلْنَا عَلَى عَبْدِنَا )) البقرة

ከምኡውን

(( سُبْحَانَ الَّذِي أَسْرَى بِعَبْدِهِ )) الإسراء

ከምኡውን

(( الحَمْدُ لِلَّهِ الَّذِي أنزَلَ عَلَى عَبْدِهِ الكِتَابَ )) الكهف
ከምኡውን
(( وَأَنَّهُ لَمَّا قَامَ عَبْدُ اللَّهِ يَدْعُوهُ )) الجن

ባርያ ናይ ረቢ ንኽትበሃል እቲ ዝለዓለ ትሕትናን ዝለዓለ ምፍታውን ዘጠቓልል'ዩ። ናብ ረቢ ትሕትና ምግባር ወይ ንነፍስኻ ምስትንኣስ ዘስዕቦ ናብ ረቢ ምምብርካኽን ፍርሕን'ዩ።

ንነብስኻ ኣብ ቅድሚ ረቢ ጉቡኣ ከምዘጉደለት ሕስርቲ ጌርካ እንተሪኢኻያ ንነፍስኻ ዘጉደለቶ ክትቆጻጸራን ክትወቅሳን ትኽእል፡ ከምኡውን ረቢ እቲ ዝበለጸን ለጋስን ምኳኑ ትፈልጥ። ንረቢ ምፍታዉ ዘስዕቦ ከኣ እቲ ረቢ ዝፈትዎ ትፈትዉ እቲ ረቢ ዝጸልእ ቃላትን ተግ ባርን ትጸልእ እሞ ኣብቲ ናይ ብሓቂ ባርነት ናይ ረቢ ድማ ትኣትዉ።

5ይ- ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ከምቶም ቅድሜኡም ዝሓለፉ ሉኡኻት ሞይቶም'ዮም ረቢ ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል፧

(( إِنَّكَ مَيِّتٌ وَإِنَّهُمْ مَيِّتُونَ(٣٠) )) الزمر
ከምኡውን
((وَمَا جَعَلْنَا لِبَشَرٍ مِنْ قَبْلِكَ الْخُلْدَ أَفَإِيْنْ مِتَّ فَهُمُ الْخَالِدُونَ (٣٤)
كُلُّ نَفْسٍ ذَائِقَةُ الْمَوْتِ )) الأنبياء

ካብቲ ሓደ ኩሎም ሙስሊሚን ዝኣምንሉ ቅድሚ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ዝነበሩ ሉኡኻት እቲ ረቢ ዝጻሓፈሎም ዕድመ ናይ ኣዱንያ ወዲኦም ኣብ ዓለም ናይ በርዘኽ (ኣብ መንጎ ኣዱንያን ኣኼራን ዘሎ ዓለም) ተሰጋጊሮም'ዮም:

ኣብ ዓንቀጻት ናይ ቁርኣን'ውን ሹሃዳእ (ኣብ ጂሃድ ዝሞቱ) ኣብ በርዘኽ ህያዎት ምኻኖም ዝገልጽ ኣሎ።

ረቢ ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል፥

(( وَلَــا تَحْسَبَنَّ الَّذِينَ قُتِلُوا فِي سَبِيلِ اللَّهِ أَمْوَاتًا بَلْ أَحْيَاءٌ عِنْدَ رَبِّهِمْ يُرْزَقُونَ(١٦٩) )) آل عمران

እዚ ዓይነት ሂወት ከኣ ብዝበለጸ ኣንቢያእ ዝነብሩሉ እዩ። ሹሃዳእ ምይቶም ካብዛ ዓለም ተፈልዮም: ገንዘቦም ተወሪሱ ኣንስቶም ንኻልኣት ሓላል ኮይነን ከብቅዕ: ረቢ ህያዋት'ዮም ሙዉታን ኣይትበልዎም ካብ በለና ብዝበለጸ ከኣ ንኣንቢያእ ዝተገበአ እዩ።

ረቢ ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል፥

(( وَلَا تَقُولُوا لِمَنْ يُقْتَلُ فِي سَبِيلِ اللَّهِ أَمْوَاتٌ بَلْ أَحْيَاءٌ وَلَكِنْ لَا تَشْعُرُونَ(١٥٤) )) البقرة

እዚ ዓይነት ሂወት ግን ከመይ ዝበለ ምኻኑ ኣይንፈልጦን ኢና። እቲ ንሕና ነረጋግጾ ካብ

ኣካላቶም ሂወቶም ከምዝተፈልየትን ዕድሜኦምውን ተወዲኡ ስርሖም ከምዝተጠረሸ እዩ።

ብዛዕባ ሂወቶም ዝገልጽ'ውን ኣብ ሓዲስ ናይ ነብይ صلى الله عليه وسلم ተገሊጹ'ሉ። (እቲ ሩሕ ናቶም ኣብ ከብዲ ቀጠልያ ኣዕዋፍ ኣብ ገረብ ናይ ጀና ዝርከባ) ከምዝሉ ገሊጸምልና እዮም። እዚ ዘረጋግጸልና ከኣ ሂወቶም ካብ ኣካሎም ከምዝተፈልየ እዩ። እቲ ፍልይ ዘብሎም ግን እዚ ዝተገልጸ (ናይ በርዘኽ) ሂወት'ዩ። ከምቲ ፍሉጥ ከኣ ነብያትን ሉኡኻት ናይ ረብን ብዝበለጸ እዚ ዓይነት ሂወት ከምዝረኽብዎ ፍሉጥ'ዩ። ኮይኑ ግን ኣብዚ ዓይነት ሂወት ወላ እንተነበሩ ንዝጸወዮም ክሰምዑ ንዝለመኖም ክህቡ ክእለት ዝህቦም ኣይኮነን: ንሕና ከም ንኣምኖ ነብይ صلى الله عليه وسلمኣብ በርዘኽ ካብ ናይ ሹሃዳእ ብዝበለጸ ሂወት ከም ዘሕልፉ እኳ ደኣ ካብቲ ናቶም ብልጸት መሬት ንኣካሎም ከምዘይትበልዮ ንኣምን ኢና።

ኣውስ ኢብን ኣውስ ረዲየላሁ ዓንሁ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ከምዚ ኢሎም ይብል

((إن مـــن خير أيامكم يوم الجمعة فأكثروا من الصلاة علي فـــيه فإن صلاتكم معروضة علي) قالوا: يارسول الله كيف تعـــرض عليك وقد أرمت. قال: ( إن الله حرم على الأرض أن تأكل أجسام الأنبياء) ))

(እቲ ዝበለጸ መዓልቲ ጅምዓት'ዩ ንዓይ'ውን ሰላት ኣብዙሑለይ ኢኹም: ሰላትኩም

ረቢ የብጻሓለይ እዩ) ምስ በሉ ሳሓባ ኽኣ እ ሉኡኽ ኣሳህ ከመይ ኢሉ ክበጽሓኩም ኣብ ሓመድ ምስ በለኹም ምስ በሉ (መሬት ንኣካላት ናይ ኣንቢያእ ንኽይትበልዕ ረቢ ሓራም ገይሩላ'ዩ) ኢሎም መሊሶሙሎም።

እዚ ከኣ ብዝያዳ ዘብራሃልና ነብይ صلى الله عليه وسلم ሩሖም ካብ ኣካሎም ከምዝተፈልየትን ናብ ዝላዓለ ክፍሊ ከምዝደየበትን ኣጸቢቑ የብርሃልና።

ከምኡውን ኣቡሁረይራ ረዲየላሁ ዓንሁ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ከምዚ ኢሎም ፥

((مامـــن مســـلم يسلم علي إلا رد الله علي روحي حتى أرد عليه السلام.))

(ዝኾነ ይኹን ኣስላማይ ሰላም እንተኢሉኒ ክሳዕ ሰላምታ ዝምልሰሉ ረቢ ሩሐይ ይመልሰለይ'ዩ) ይብሉ

ብዛዕባ እዚ ናይ ሩሕ ምምላሳ ከመይ ምኧኑ ዝምልከት ግን ኣብ መንጎ ሙሰማእ ፍልልይ ኣሎ፡ ከምኡውን ኣቡሁረይራ ረዲየላሁ ዓንሁ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ከምዚ ኢሎም፥

(( لا تجعلـــوا بيوتكم قبورا ولا تجعلوا قبري عيدا، وصلوا علي فإن صلاتكم تبلغني حيث كنتم ))

(ገዛዉትኹም መቃብር ኣይትግበርዎ፡ ቀብረይውን ዒድ ኣይትግበርዎ፡ ሰላት ግበሩለይ ኣብ ዝሃለኹም እንተሃለኹም ስላትኩም ይበጽሓኒ'ዩ) ይብሉ ።

ዓሊ ቢን ሑሴን፡ ንሓደ ሰብኣይ ኣብታ ኣብ ምቃብር ናይ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ዝነበረት ሃንፍ እናመጸ ኣብኣ ኣትዩ ዱዓ ክገብር ምስ ረኣይዎ ከልኪሎሞ ኣስዒቦም ከኣ ከንገ ረኩም'ዶ ሓዲስ ካብ ኣቦይ ዝሰማዕክዎ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ዝበልዎ፥

((لا تـــتخذ قبري عيدا ولا بيوتكم قبورا فإن تسليمكم يبلغني أين ماكنتم))

(ቀብረይ ዒድ ኣይትግበርዎ ገዛዉትኹም'ውን ቀብሪ ኣይትግበርዎ ሰላምታኹም ኣብ ዝሃለኹም እንተሃሊኹም ይበጽሓኒ'ዩ) ኢሎም።

ሱሄል ኢብን ኣቡ ሱሄል ዝተባህለ፥ (ሓሰን ኢብን ሓሰን ኢብን ዓሊ ረዲየላሁ ዓንሁም ኣብ መቃብር ምስ ረኣየኒ ጸዊዑ፥ (እንታይ ክትገብር ኢኻ ኣብ ቀብሪ ዝረኣኹኻ? ምስ በለኒ ንነብይ صلى الله عليه وسلم ሰላም ክብሎም'የ ጸኒሐ በልኩዎ'ሞ ኣብ መስጊድ ምስ ኣተኻ ሰላም በሎም ምስ በለ፡ ኣስዒቡ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم (መቃብረይ ዒድ ኣይትግበርዎ ገዛዉትኹም'ውን መቃብር ኣይትግበርዎ ሰላት ግበሩለይ ሰላትኩም ኣብ ዝሃለኹም እንተሃለኹም ይበጽሓኒ'ዩ፡ የሁድ ረቢ ይልዓኖም መቃብር ናይ ነብያት መሳጊድ ገይሮሞ) እስኻትኩምን ኣብ ኣንደሉስ ዘለውን ሓደ ኢኹም (ማለት ሰላምታኹም ይበጽሓኒ'ዩ) ኢሎም'ዮም ኢሉኒ፡

እዚ ዓይነት ሓዲስ ኣብ ቀዳሞት ዝነበሩ ዝዉትር'ዩ ኔይሩ ከምኡውን ንሓዲስ ናይ ነብይ صلى الله عليه وسلم ንምጽናዕን ንምትሕልላፍን ግዱሳት'ዮም ኔይሮም።

(ገዛዉትኹም መቃብር ኣይትግበርዎ) ክኣ: ኣብ ገዛዉትኹም ሰላት ምስጋድን ዱዓ ምግባርን ቁርኣን ምቅራእን ኣይተቋርጹ ከም መቃብር ሰላት ዘይስገዶ ኣይትግበርዎ ማለት'ዩ።

ኣብ ገዛ ሰላት ምስጋድ ክበሃል ከሎ ድማ ንሱና እዩ : (መቃብረይ ዒድ ኣይትግበርዎ) ማለት ከኣ ብፉልይ ኣገባብ ገይርካ ዚያራ ናይ ቀብሪ ምፍጻም ከምኡውን ኣብኡ ልሙድ ዝኾነ ኣኼባ ምፍጻም: ልክዕ ከም ዒድ ጸጸኒሑ ዝማላለስ ኣኼባን ሓጎስን ዘለዎ ኣይትግበርዎ ማለት'ዩ።

ሰላትና ከኣ ካብ ዝሃለናዮ ቦታ ከምዝበጽሖም ሓቢሮምና'ዮም: እዚ ማለት ከኣ እቲ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ንብሎ ካብ ርሑቅን ቀረባን ከም ዝበጽሖም እቲ ኣብ መቃብሮም ብምኻድ ዝፍጸም ሓንቲ ብልጸት ከምዘይብሉን ንርዳእ።

እቲ ብፍላይ ንመቃብሮም እምበር ናብ መስጊዶም ኢሉ ዘይብገስ ዒድ ገይርዎ ማለት'ዩ ናይ ሓሰን ኢብን ሓሰን ኣረዳድኣ ድማ ከምኡ'ዩ ኔይሩ።

ኢማም ማሊክ ረቢ ይርሓመሎም ካብ ደቂ መዲና ንዝኾኑ ናብ መስጊድ ኣብ ዝኣትዉሉ ግዜ :ኩላ ግዜ ናብቲ መቃብር ንኽላግሱ ይጸልእሎም ኔይሮም: ምኽንያቱ ቀዳሞት ዝነበሩ እዚ ተግባር

ስለ ዘይፍጽምዎ ዝነበሩ እዩ። ከምኡውን ኢማም ማሊክ (ዳሕረዎት ክቀንዑ ኣይክእሉን'ዮም እንትርፋ በቲ ናይ ቀዳሞት መገዲ) ይብሉ ነበሩ።

ሳሓባ ከምኡውን ካብቶም ዓበይቲ ታቢዒን ምስ ኹለፋእ ኣራሺዲን ኮይኖም ኣብ መስጊድ ናይ ነብይ ይሰግዱ ኔይሮም፡ ምስ ሰገዱ ኾእ ወይ ይኸዱ ወይ ኮፍ ኢሎም ቁርኣን ይቀርኡ ወይ ካልእ ዒባዳ ይፍጽሙ ኔይሮም ዳእ'ምበር ናብቲ መቃብር ይኸዱ ኔይሮም ዝብል የለን፡ እንታይ ደኣ በቲ ኣብ ሰላት ኣብ ግዜ ኣትሕያቱ ዝፍጸም ሰላምታ ናይ ነብይ የብቅዑ ኔይሮም፡ ኣከንዲ ኣብ መቃብር ጠጠዉ ዝብሉ'ውን እቲ ዝበለጸ ንሱ'ዩ፡ እንተዝደልዩ ግን ዓኢሻ ብሂወተን እንከለዋ ይኹን ብድሕሬኤንውን ክሳዕ ግዜ ኣልወሊድ ኢብን ዓብደልመሊክ መቃብር ናይ ነብይ ሓጹር ከይተገብረሉ እንከሎ ኣብኡ እናኸዱ ሰላት ምገበሩ ኔይሮም እንተኾነ ግን ብጸት ናይ ነብይ صلى الله عليه وسلم ኣብ መቃብር ኬድካ ሰላት ንኽፍጽሙ ልምዲ ኣይነበሮምን እንትርፊ እቲ ገይሹ ዝመጸ ሰብ ኣብቲ መቃብር ከይዱ ሰላም ኢልዎም ይኸይድ ነበረ።

ኣኢማ ኩላቶም ዝተሰማምዑሉ ነገር ከእ ዝኾነ ሰብ ንነብይ ኣብ መቃብሮም ከይዱ ሰላም ዝበሎም፡ ንነፍሱ ዱዓ ክገብር እንተደልዩ ናብቲ መቃብር ገጹ ክገብር የብሉን ናብቲ ዝበለጸ ኣቅጣጫ ንቂብላ ገጹ ዱዓ እንተገይሩ ድዑኡ ቅቡል ንኽኸዉን ተስፋ ኣለዎ ይብሉ።

እንተቲ ኢማም ማሊክ ንመንሱር ዝተባህለ ገጽካ ካብኡ(ካብቲ ቀብሪ) ኣይትፍለዮ ናብኡ ገጽካ

ግበር...... ብኡኡ ጌርካ ድማ ናብ ረቢ ተዋሓሱኒ በል ዝብል ኣዘራርባ ሓሶትን በግታን ምኻኑ ዑለማእ ኣረጋጊጸሞ'ዮም።

6ይ- ናብ መቃብር ናይ ነብይ ኢልካ መገሻ ኩልኩል እዩ

ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ከምዚ ይብሉ፥

(( لا تشـــد الـــرحال إلا إلى ثلاثة مساجد، المسجد الحرام، ومسجدي هذا، والمسجد الأقصى ))

(ብጀካ ናብተን ሰለስተ መሳጊድ ማለት መስጂድ ኣል-ሓራም (ማካ)፤ መስጊደይን፤ መስጊድ ኣልኣቅሳን እንተዘይኮይኑ ናብ ካልእ (ንዒባዳ ኢልካ) ሰንቂ ኣስኒቕካ ኣይግየሽን'ዩ) እዚ ማለት ከኣ ቦታ ፈሊኻ ንዒባዳ ኢልካ ከምኡውን ካብ ካልእ ቦታ ብልጸት ኣለዎ ኢልካ ዝግየሾ ቦታ ወይ ስፍራ ብጀካ እዘን ሰለስተ ቦታ ካልእ የለን፡ማለት እዩ፡ ስለዚ ናብ መቃብር ኢልካ ክትገይሽ ወላውን መቃብር ናይ ኣንቢያእ እንተኾነ ኩልኩል ምኻኑ ኣብዚ ሓዲስ ናይ ነብይ صلى الله عليه وسلم እቲው ኣብ ርእሲ ምኻኑ ከም ዒድ ጌይርካ ወሲድካዮ ማለት'ዩ።

ንረቢ ገዲፍካ ኣብ ምውታን እምነት ምግባር ንዐኦም ንኽትግዘኦም መገዲ ምፍጣር እዩ። እዚ ከኣ ከምዚ ኣብ ግዜና ዝረአ ዘሎ ናብ መቃብር ናይ ኣውሊያእ ዝብልዎም ኾይሖ ጉዕዞ ተጓዒዞም ደኺሞም ክንደይ ገንዘብ ኣጥፊኦም ኣብኡ ምስ በጽሑ ስንቆም ኣራጊፎም እዚ ዘይበሃል ለመናን ጻዊዒትን ብጀካ ንሓደ ረቢ ንኻልእ ዘይግባእ

ዝፍጽሙ፣ ኣብ መቃብር ጠዋፍ ዝገብሩን በቲ ናይ መቃብር ሓመድ ነፍሶም ዝደርዙን ንዐኦም ዝሓርድሎምን ከምኡ ዝኣመሰለን ዝፍጽምዎ ኣብቲ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ንዕኡ ፈሪሖም ብጀካ ናብዘን ሰለስተ ቦታ ናብ ካልእ ኣይግየሽንዩ ዝበልዎ ወዲቆም ይርከቡ።

ኢብኒ ተይሚያ ረቢ ይርሓመሎም ናብ መቃብር ናይ ሳሊሒን ከምኡውን ኣንቢያእ ንዝያራ ጥራይ ኢልካ ምጋሽ ኣብ መንጎ ዑለማእ ንዘሎ ሪኢቶ ምስ ዘከሩ ከምዘይግየሽ ከኣ እቲ ቁኑዕን ሓቒን ምኺኑ ኣረጋጊጸምን ናይ ዝበዝሑ ቃል ናይ ዑለማእ ከም ኢብኒ በጣ ከምኡውን ኣቢልወፋእ: ኢብኒ ዓቂል: ኣልጆወይኒ: ቃዲ ዒያድ እኳ ዳኣ ቃል ናይ ጅምሁር ዑለማእ ምኺኑ ዘኪሮም ከምኡውን ኢማም ማሊክ. ኣይፍቀድን'ዩ ዝበልዎ ካብ ኣኢማ ዝተጻረሮ ከምዘየሎ ዘኪሮም'ዮም። እዚ ግን ነቲ ከይገሽካ ዝግበር ዝያራ ናይ መቃብር ዝጻረር ከምዘይኮነን ኣብ ሸሪዓ'ውን ንመቃብር ምብጻሕ ንኣኼራ ስለ ዘዘክር ንምብጽሑ ዘተባብዕ ኣሎ። እቲ ኣብ መቃብር ዝኸይድ'ውን ነቶም ምውታን ዱዓ ክገብረሎም ረቢ ይርሓመልኩም ንኽብል'ዩ እዚ ኸኣ ኣብ ዝኾነ መቃብር ክፍጸም ይከኣል እዩ።

እንተ ተዳሊኻ ናብ ርሑቕ ቦታ ምእንቲ መቃብር ወይ ብሉጽ ቦታ ኢልካ ዝግየሽ ግን ነቲ ዝተቀብረ ብልጸት ኣለዎ ኢልካ እምነት ስለ ዝኾነ ከምኡውን ክኽብርን ክልመንን ተስፋ ክግበረሉን ይፍቀደ'ዩ ምባል ኣብ ርእሲ ምኺኑ እቲ ንረቢ

ጥራይ ዝግባእ ዒባዳ ናብ ዝሞተ ምፍጻም ማለት'ዩ።

እብኒ ዓምሩን ኣቢ ሰዒድ ኣልኹድርን: ሓደ ሰብ ናብ ጡር ዝተባህለ ቦታ ኣብኡ ምእንቲ ክሰግድ ኢሉ ንኽገይሽ ከልኪሉዎም። ንሳቶም ዝተኸተልዎ መርትዖ ከኣ እቲ ቃል ናይ ነብይ صلى الله عليه وسلم ብጀካ ናብ ሰለስተ መሳጊድ ንዒባዳ ኢልካ ዝግየሽ የለን ዝበልዎ እዩ።

ኣላህ ንጡር ዝተባህለ ቦታ ቁዱስ ሩባ: ዝተባረኸ ቦታ: ረቢ ንነቢላህ ሙሳ ኣብኡ ዝተዛረቦም ኮይኑ ክብቅዕ ናብኡ'ውን እንትኾነ ንኽትገይሽ ኣይፍቀድን'ዩ። እንተኾነ ግን ሓደ ሰብ ናብ መስጊድ ናይ ነብይና ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ሓንቲ ሰላት ክንዲ ሽሕ ሰለ ዝኾነት ኢሉ እንተገይሹ መገሻ ናቱ ናብ ረቢ ዘቀራርብ ሰናይ ተግባር ይበሃል: ብድሕሪ ሰላትውን ናብቲ መቃብር ናይ ነብይ صلى الله عليه وسلم ከይዱ ስላምታ እንተፈጸመ ከምኡውን ኣብ ናይ ሳሓባን ሹሃዳእን ዘለዉዎ ከይዱ ዱዓ እንተዝበረሉዎም ፍቁድ እዩ ።

እንተ እቲ ናብ መቃብር ኢሉ ንመገሻ ዝዳሎ: ንሰላም ክብሉዎም ይኹን ወይ ኣብኡ ኮይኑ ዱዓ ንኽገብር ዝገይሽ እቲ ናቱ መገሻ ቢደዓን ሙንከርን እዩ። ንምንታይ እሞ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم(ናተይ ቀብሪ ዒድ ኣይትግበርዎ ኣብዘለኹም ሃልኹም ሰላምታኹም ይበጽሓኒ'ዩ) ዝበልዎ ንዕኡ ምጽራር እዩ። እቲ ሓደ ሓደ ብዛዕባ ብልጸት ምብጻሕ ንመቃብር ናይ ነብይ صلى الله عليه وسلم ዝገልጽ ግ

ግን ሓዲስ ደዊፍ ወይ መዉዳዕ ምኺኑ ዑለማእ ኣረጋጊጾም እዮም።

# 5ይ ምዕራፍ

## شروط الشهادتين

## ናይተን ክልተ ምስክርነት ቅድመ ኩነት

ዑለማእ: ናይ ላኢላሃ ኢለላህ ሸዉዓተ ቅድመ ኩነት ዘኪሮም ኣለዉ ፥ ገሊኦም'ውን ብግጥሚ መልክዕ ገይሮም ከምዚ ዝስዕብ ይብሉ፥

علم يقين وإخلاص وصدقك مع
محبة وانقياد والقبول لها

እዘን ቅድመ ኩነት እዚኣተን ካብ ኪታብን ሱናን ዝተወሰደ መርትዖታት ብምስትውዓልን ብምክትታልን ዝተዋጻኣ እየን: ገለ ዑለማእ ሻምነይቲ ብምዉሳኽ ከምዚ ይብሉ፥

وزيد ثامنها الكفران منك بما
سوى الإله من الأنداد قد ألها

እዛ ሻምነይቲ ቅድመ ኩነት ካብዚ ዝስዕብ ቃል ናይ ነብይ صلى الله عليه وسلم ዝተወሰደት እያ :-

(( من قال لاإله إلا الله وكفر بمـــا يعبد من دون الله حرم ماله ودمه. )) رواه مسلم

(ላኢላሃ ኢለላሀ ዝበለ በቲ ብጀካ ኣላሀ ዝዛኢ ዝኾነ ብኻልእ ዝኸሓደ ገንዘቡን ደሙን ሕልው'ዩ) ::

ሸኽ ኢማም መሓመድ ኢብን ዓብደልዋሃብ ኣብ መጽሓፎም ኪታብ ኣተውሒድ ካዛ ዝሓለፈት ሓዲስ ምስ ዘከሩ ብድሕሪኡ ከምዚ ኢሎም፥ (እዚ ካብቲ ዝዓበየ መግለጺ ናይ ላኢላሀ ኢለላሀ እዩ: ንምንታይ እሞ ብቃልካ ጥራይ ንዓኣ ምባል ደምካን ማልካን ኣይሕልውንዩ: ወላውን ብቃል ምስ በልካያ ንትርጉማ እንተፈለጥካ ከምኡውን ብኣኣ ወላ እንተተኣመንካ ወላዉን ብጀካ ነቲ ሓደ ኣላሀ ንኻልእ ዘይትጽውዕ እንተኾንካ እኹል ኣይኮነን: እዚ ኩሉ ንገንዘብካን ደምካን ዝሕሉ ኣይገብሮን: ክሳዕ ኣብ ርእሲ'ዚ በቲ ንብጀካ ኣላሀ ንኻልእ ዝፍጸም ዒባዳ (መግዛእቲ) እትኽሕድ:: ከምኡውን እንተዳኣ ዝጠራጠርን ሕርኽርኽ ዝብሉን ኮይኑ ደሙን ገንዘቡን ሕሉው ኣይከውንን'ዩ........ ትርጉም ናይዛ ሻምነይቲ ቅድመ-ኩነት እምበኣር ብጠቅላላ ንብጀካ ረቢ ዝፍጸም ዒባዳ ተቀባልነት ከምዘይብሉ ክኣምን ኣለዎ። ኩሉ ንረቢ ዝግባእ ዒባዳ ንኻልእ ዝህብ ሰብ ከኣ ሙሽሪክን ጥፉእን ምኺኑ፥ ኩሉ ብጀካ ረቢ ዘሎ መግዛእቲ ዝፍጸመሉ ከም መቃብርን ኣድሪሓን :ካልእ ቡታታት ብድንቁርናን ሃለውለውን ናይ ሙሽሪክን ዝተበገሰ እዩ: ነዚ ነገር እዚ ኸኣ ዘጽደቆ ወይ'ውን ኣብ

ጹቡቅ ይህልዉ ይኾኑ ኢሉ ሕርኽርኽ ዝበሎ ወይ'ውን ነቲ ንሰዎ ዘለዉዎ ጌጋ ምኽንያት ዝጠራጠር ሰብ፡ ተውሒድ ኣለዎ ኣይበሃልን'ዩ ወላኳ ላኢላሃ ኢለላህ እንተበለ ንብጀካ ረቢ ንኻልእ እንተዘይተገዘአ እምነቱ ቅኑዕ ኣይኮነን።

እምበኣር እዘን ሸዉዓተ ቅድመ ኩነት ኣብ መጻሕፍቲ ናይ መራሕቲ ዳዕዋ ዝኾኑ ዝወቱራት'ኳ እንተኾና ንዐእን ዝድግፍ መርትዖታት ብምዝካር ክንገልጸን ኢና፦

1ይ) ኣልዒልም(ፍልጠት) ሓደ ላኢላሃ ኢለላህ

ኢሉ ዝመስከረ በቲ ዝመስከሮ ፍልጠት ክህልዎ ኣለዎ።

ናይዚ መርትዖ ቃል ናይ ረቢ ክምዚ ይብል፦

(( فَاعْلَمْ أَنَّهُ لَا إِلَٰهَ إِلَّا اللَّهُ )) محمد

ዑስማን ቢን ዓፋን ረዲየላሁ ዓንሁ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ክምዚ ኢሎም ይብል፡-

(من مات وهو يعلم أن لاإله إلا الله دخل الجنة)

(ብጀካ ንሓደ ኣላህ ብሓቂ መግዛእቲ ዝግበእ ከምዘየሎ እናፈለጠ ዝሞተ ጀና ኣተወ)። ፍልጠት ክበሃል እንከሎ ናይተን ክልተ ምስክርነት ሓቀኛነእ ዘለዋን በቲ ንሳተን ንኽትግብሮ ዝግድደእ እኹል ዝኾነ ፍልጠት ክህልዎ ማለት'ዩ። ኣንጻር ናይ ፍልጠት ድማ ድንቁርና'ዩ እሱ ኸኣዩ ንሙሽሪኪን ኣብቲ ንትርጉማ ዝጻረር ዘውድቆም ዘሎ። ኢላህ ንዝብል ቃል ትርጉሙ እንታይ ምኻኑ፣ እቲ

ኣምልኾት ናይ ብጀካ ረቢ ምንጻግ: ንረቢ ጥራይ ምርግጋጽ ዝብል ጠቕሊልዎ ዘሎ ጠፊእዎምን ከምኡውን እቲ ካብዚኣ ቓል'ዚኣ ዝድለ እቲ ቀንዲ ትርጉማ ምዃኑ ስለ ዝዘንግዑን እዮም። እቶም ቀዳሞት ሙሽሪክን ከኣ ነቲ ንሳ ትሕብሮ ስለ ዝተረድኡ'ዮም ዝጻረሩ ዝነበሩ።

ብዛዕባ ነቲ ንሶም ዝበልዎ ረቢ ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል፥

(( أجَعَلَ الآلِهَةَ إِلهًا وَاحِدًا )) ص

ከምኡውን

(( أنْ امْشُوا وَاصْبِرُوا علَى آلِهَتِكُمْ )) ص

2ይ) ኣልየቂን(ሙሉእ ብሙሉእ ከይተጠራጠርካ ምእማን) ኣንጻር ናይ የቂን ከኣ ተጠራጢርካ ደው ምባል : ወይ ከኣ ብይመስለኒ ኢልካ ክትብል : ኣብ ውሽጢ ነፍስኻ ሕርኽርኽ ዝብለካን ማለት'ዩ ። ስለዚ በተን ክልተ ቃል ዝመስከረ ናይ ግድን ብልቡ ሙሉእ ብሙሉእ

ርግጸኛ ኮይኑ በቲ ዝብሎ ዘሎ ቅኑዕ ምዃኑ ክኣምንን ማለት'ዩ።

ረቢ ናይ ብሓቂ ኣምልኾት ዝግበኦን ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ሓቀኛ ነብይ ምዃኖምን ክኣምን: ዝኾነ ዓይነት ንብጀካ ረቢ ዝፍጸም ኣምልኾት ሓሶትን በግታን ምዃኑ: ብድሕሪ ነብይ

ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ነብይ እየ ዝብል፡ ሓሳዊ ምዃኑ ምርግጋጽ።

ኣብዚ ናታ ትርጉም ዝጠራጠር ወይ ከኣ ንብጀካ ረቢ ዝፍጸም ዒባዳ ጌጋ ምዃኑ ዝጠራጠር እቲ ናቱ ምስክርነት ኣይጠቅሞን'ዩ።

ናይዛ ካልኤይቲ ቅድመ-ኩነት መርትዖ ከኣ ኣቡሁረይራ ረዲየላሁ ዓንሁ ካብ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ዘመሓላለፎ ሓዲስ፡ነብይ ብዛዕባ እዘን ክልተ ቃል ከምዚ ኢሉም፥

(( لايلقـــى الله بهمـــا عبد غير شاك فيهما إلا دخل الجنة ))
رواه مسلم

(ዝኾነ ይኹን ባርያ ረቢ፡ ብእአን ከይተጠራጠረ ምስ ረቢ ዝተራኸበ ጀና ኣተወ)።

ከምኡ'ውን ኣቡሁረይራ ረዲየላሁ ዓንሁ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ከምዚ ኢሎምኒ ይብል፥

(( مـــن لقيـــت مـــن وراء هذا الحائط يشهد أن لاإله إلا الله مستيقنًا بها قلبه فبشره بالجنة ))

(ብድሕሪ'ዚ መንደቅ ንዝረኸብካዮ ሰብ ሙሉእ ብሙሉእ ብልቡ ኣሚኑ ላኢላሃ ኢለላህ ኢሉ ዝምስክር ፡ ብጀና ኣበስሮ) ኢሎምኒ ይብል። ረቢ'ውን ኣብ ቁርኣን ነቶም ሙእሚኒን ብኸምዚ ዝስዕብ ኒኢድዎም፥

(إِنَّمَا الْمُؤْمِنُونَ الَّذِينَ آمَنُوا بِاللَّهِ وَرَسُولِهِ ثُمَّ لَمْ يَرْتَابُوا) حجرات

ነቶም ሙናፊቅን ከኣ ብኸምዚ ዝስዕብ ወቒስዎም

(( وَارْتَابَتْ قُلُوبُهُمْ فَهُمْ فِي رَيْبِهِمْ يَتَرَدَّدُونَ(٤٥) ))
التوبة

ኢብኒ መስዑድ ረዲየላሁ ዓንሁ ይብል፥ ((ሰብሪ(ትዕግስቲ) ፍርቂ ኢማን'ዩ: የቂን(ብዘይ ምጥርጣር ምእማን) ከኣ ሙሉእ ኢማን'ዩ))።

እቲ ሙሉእ ብሙሉእ ብዘይ ምጥርጣር ብትርጉም ናይተን ክልተ ምስክርነት ዝኣምን ነቲ ሓደ ኣላህ ንኽግዛእን ፡ ንረሱል صلى الله عليه وسلم ንኽምእዘዝን ኣካላቱ ይብገሳ ምኺኑን ኣየጠራጥርን እዩ ።

3) (ኣልቀቡል): ምቕባል ድማ ኣንጻር ናይ ምግዳፍ እዩ።

ገለ ሰባት ብዛዕባ ትርጉም ናይተን ክልተ ምስክርነት ፈሊጦም ክምኡውን በቲ ዝሕብሮእ ኣሚኖም ከብቅዑ ብሰንኪ ትዕቢትን ሓሰድን ተመሊሶም ይገድፍወን ፡ እዚ ከኣ ኩነታት ናይ ኣይሁዳውያንን ክርስትያንን መራሕቲ ሃይማኖት እዩ። ብኣምልኾት ናይ ረቢ መስኪሮም ንነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ልክዕ ከምቲ ንደቆም ዝፈልጥዎም ኣጸቢቆም ፈሊጦሞም ከብቅዑ ኣይተቀበልዎምን

(( حَسَدًا مِنْ عِنْدِ أَنْفُسِهِمْ مِنْ بَعْدِ مَا تَبَيَّنَ لَهُمُ الْحَقُّ ))
البقرة

ከምኡ'ውን እቶም ቀዳሞት ሙሽሪኪን ትርጉም ናይ ላኢላህ ኢለላህ ፈሊጦም፡ ሓቅነት ናይ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ኣረጋጊጾም ከብቅዑ ንኽይቅበልዎ ትዕቢት ሒዝዎም።

ረቢ ኸኣ ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል፧

(( إِنَّهُمْ كَانُوا إِذَا قِيلَ لَهُمْ لَا إِلَهَ إِلَّا اللَّهُ يَسْتَكْبِرُونَ(٣٥) ))
الصافات

ከምኡውን ከምዚ ይብል፧

(( فَإِنَّهُمْ لَا يُكَذِّبُونَكَ وَلَكِنَّ الظَّالِمِينَ بِآيَاتِ اللَّهِ يَجْحَدُونَ(٣٣) ))
الأنعام

4ይ) ኣልኢንቂያድ፡ ብኣኣ ክትቅየድ፧

ምናልባሽ እቲ ፍልልይ ኣብ መንጎ ምቅባልን ምቅያድን ንዘሎ ኸኣ ክንሪኢ እንተኮይና፧

*ምቅያድ፡* ብተግባራት ንዝሰርሖ ክትክተል ክኸውን እንከሎ፡

*ምቅባል፡* ግን እቲ ሒዛቶ ዘላ፡ ሓቂ ምዃኑ ብቃልካ ክትገልጽ እዩ።

ኣብ ክልተኤን ናይ ግድን ክፍጸም ዘለዎ ኸኣ ቡቲ ንሰን ዝእዝዘኦ ተኸታሊ ክትከውን ኣለካ።

ምቅያድ ግን እቲ ትእዛዛት ናይ ረቢ ኣስተስሊምካ (ኢድካ ሂብካ)ብትሕትና ክትፍጽምን እቲ ውሳኔታት ናይ ረቢ ንኽትዉስኽሉ ይኹን፡ ከተመዓራርይ ዘይምፍታንን እዩ ።

ረቢ ከምዚ ይብል፧

(( وَأَنِيبُوا إِلَى رَبِّكُمْ وَأَسْلِمُوا لَهُ )) الزمر

ከምኡውን ረቢ ከምዚ ይብል፥

(( وَمَنْ أَحْسَنُ دِينًا مِمَّنْ أَسْلَمَ وَجْهَهُ لِلَّهِ وَهُوَ مُحْسِنٌ ))

النساء

ከምኡውን ረቢ ከምዚ ይብል፥

((وَمَنْ يُسْلِمْ وَجْهَهُ إِلَى اللَّهِ وَهُوَ مُحْسِنٌ فَقَدِ اسْتَمْسَكَ بِالْعُرْوَةِ الْوُثْقَى)) لقمان

እዚ ዓይነት ከኣ'ዩ እቲ ናይ ብሓቂ ኣብ ጊባዳ ናይ ረቢ ምቅያድ ዝበሃል። እቲ ንነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ምቅያድ ዝባሃል ግን (ነቲ ሱና ናቶም ክትቅበልን በቲ ሒዘሞ ዝመጹ ክትጓዓዝን በቲ ፍርዲ ናቶም ክትፈትውን ማለት'ዩ።

ረቢ'ዉን ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል፥

( فَلَا وَرَبِّكَ لَا يُؤْمِنُونَ حَتَّى يُحَكِّمُوكَ فِيمَا شَجَرَ بَيْنَهُمْ ثُمَّ لَا يَجِدُوا فِي أَنْفُسِهِمْ حَرَجًا مِمَّا قَضَيْتَ وَيُسَلِّمُوا تَسْلِيمًا(٦٥) )

النساء

ኣብዛ ዓንቀጽ ናይ ቁርኣን፡ ነቲ እምነቶም ቅኑዕ ንኸኸውን ነቲ ፍርዲ ናይ ረቢ ክስተስልሙን ብትሕትና ክቅበልዎ ቅድመ ኩነት ገይሩሎም

5ይ) ኣሲድቕ:(ሓቅነት ክህልወካ)፥እዚ ማለት ከኣ ነቲ መስኪርካሉ ዘለኻ ብሓቂ ካብ ልብኻ ዝተበገሰ ክኸውን ማለት'ዩ። ሓቂ ከኣ ኣንጻር ናይ ሓሶት'ዩ።

ሓቅነት ክህልወካ ኸኣ ቅድመ-ኩነት ናይተን ክልተ ምስክርነት ምዃኑ ኣብ ሓዲስ ተገሊጹ ኣሎ።

ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ከምዚ ይብሉ፥

(( مـــن قال لاإله إلا الله صادقا من قلبه دخل الجنة )) رواه أحمد

((ብሓቂ ካብ ልቡ ብጆካ ሓደ ኣላህ ብሓቂ መግዛእቲ ዝግበእ የለን ዝበለ ጀና ኣተወ)) ። ግን እንተዳኣ ብመልሓሱ ጥራይ ኢልዋ ነቲ ጠቕሊላቶ (ሒዛቶ) ዘላ ኸኣ ብልቡ እንተነጺግዎ ኣይተድሕኖን እያ። ከምቲ ረቢ ብዛዕባ ሙናፊቒን ኣብ ቁርኣን ኣዘንቲዩዎ ዘሎ፡ ንሳቶም ከምዚ ኢሎም፥

(( نَشْهَدُ إِنَّكَ لرَسُولُ اللَّهِ )) المنافقون

ረቢ ከኣ ከምዚ ኢሉ፥

(( وَاللَّهُ يَعلَمُ إِنَّكَ لرَسُولهُ وَاللَّهُ يَشْهَدُ إِنَّ المُنَافِقِينَ لكَاذِبُونَ(١) )) المنافقون

ከምኡውን ንሳቶም ሓሰዉቲ ምዃኖም ረቢ ኣብ ቁርኣን ከምዚ ኢሉ ፥
(( وَمِــنْ الـــنَّاس مَـــنْ يَقولُ آمَنَّا باللَّهِ وَباليَوْمِ الآخِرِ وَمَا هُمْ بمُؤْمِنِينَ(٨) )) البقرة

6ይ) ኣልኢኽላስ (ንጽህና)፡ እዚ ማለት ድማ ልብኻ ኣንጺህካ ኣላህ ሓደ ምዃኑ ክትኣምን ማለት'ዩ። ኣንጻር ናይ ንጽህና ድማ ሽርኪ'ዩ።
ረቢ ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል፥

(( فاعبُدْ اللَّهَ مُخلِصًا لهُ الدِّينَ(٢)ألَا لِلَّهِ الدِّينُ الخَالِصُ )) الزمر

ከምኡውን ረቢ ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል፥

(( قُلْ إِنِّي أُمِرْتُ أَنْ أَعْبُدَ اللَّهَ مُخْلِصًا لَهُ الدِّينَ(١١) )) الزمر

ኣቡሁረይራ ረዲየላሁ ዓንሁ ካብ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ዘመሓላለፍዎ ቃል ፥

(( أسعد الناس بشفاعتي من قال لاإله إلا الله خالصًا من قلبه )) البخاري

(ነቲ ናተይ ሸፋዓ(ውሕስነት) ቀንዲ ዝረኽቦ ሰብ ብንጽህና ካብ ልቡ ላኢላህ ኢለላህ ዝበለ እዩ)። እዚ ሓዲስ ከኣ ትርጉም ንሓዲስ ናይ ዑትባን

ረደየላሁ ዓንሁ ካብ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ዘመሓላለፎ፥

(( فـــإن الله حرم على النار من قال لاإله إلا الله يبتغي بذلك وجه الله )) البخاري

(ነቲ ንገጽ ረቢ ደልዩ ላኢላሃ ኢለላህ ዝበለ ረቢ ካብ ሓዊ ጀሃነም ሓሪሙሉ እዩ) ዝበልዎ እዩ።

<u>ንጽህና</u> ዝበሃል እቲ መግዛእቲ (ዒባዳ) ንኣላህ ጥራይ ክኸውን ካብቲ ዒባዳ ቅንጣብ ትኣክል ወላ ናብ ረቢ ዝቀረበ መላኢካ ይኹን ወይ ናብ ደቂ ሰባት ዝተላእከ ልኡኽ ይኹን ዘይምፍጻም ማለት እዩ:: ከምኡውን ንጽህና ምስ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ክበሃል እንከሎ ብፍላይ ንነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ክትክተል: በቲ ሒዞሞ ዝመጹ ጥራይ

ክትሰርሕ፡ በቲ ናቶም ፍርዲ ክትፍረድ፣ ነቲ ናቶም ሱና ዝጻረር ሓዲሽ ምህዞታት(ቢድዓ)ክትገድፍ፣ ከምኡውን ደቂ ሰባት ዘስፈርዎ (ዝማሃዝዎ) ፍርድን ሕግታትን ምስ ሸሪዓ ዝጋራጮ ክትገድፍ ማለት'ዩ። እቲ ነቲ ናይ ደቂ ሰባት ዝማሃዝዎ ዝፈቱን ብኡኡ ዝፍረድን ግን ካብቶም ንጽህና ዘለዎም ኣይኮነን።

7ይ) ኣልመሓባ (ምፍታው) ዝበሃል ከኣ፡ ኣንጻር ናይ ምጽላእ'ዩ፡

ዝኾነ ባርያ ረቢ፡ ንረብን ንረሱልን ክፈቱ ይግባእ፡ ከምኡውን ነቲ ረቢ ዝፈትዎ ተግባራትን ቃላትን ክፈቱ፡ ነቶም ፈተውቱን ምእዙዛቱን ዝኾኑ ክፈቱ ማለት'ዩ። እቲ ምፍታው ናይ ብሓቂ ትኽክል እንተኾይኑ ምልክቱ ኣብ ሰውነት ወዲ ሰብ ይረአ'ዩ፡ እቲ ናይ በሓቂ ፍትወት ዘለዎ፡ ንረቢ ይእዘዝ ንነብይ صلى الله عليه وسلم ይኽተል፡ ንረቢ ጉቡእ ዒባዳ ይፍጽም፡ ንናይ ረቢ ምምእዛዝ መቀረት ይረኽበሉ ናብቲ ጎይትኡ ዝፈትዎ ዘበለ ተግባራትን ቃላትን ይጓየይ፡ ከምኡውን ብኣንጻሩ ካብ ማዕሲያ(ዘንቢ) ይፈርሕን ይርሕቅን፣ ንዘንቢ ዝሰርሑ ይጸልኦም ወላኳ ነፍሲ እቲ ዘንቢ ትፈትዎን መቀረት ትረኽበሉን እንተኾነት ምኽንያቱ ጀሃነም ብዊንታ ናይ ደቂ ሰባት ተኸቢባ ከምዘላን ጀናኻኣ ብገድሊ ደቅሰባት ተኸቢባ ከምዘላን ስለ ዝፈልጥ ናብ ዘንቢ ኣይቀርብን'ዩ።

ከምዚ ዓይነት ሰብ ከኣ ብሓቂ ንረቢ ይፈቱ ማለት'ዩ። ስለዚ ኸኣ ዘሑን ኣልመስሪሪ ዝተባህለ ረቢ

ይርሓመሉ (ንረቢ ይፈትው'የ ዝበሃል መዓስዩ ? ኢሎም ምስ ሓተቱዎ፡ ካብቲ ረቢ ዝጸልኦ ዝኾነ ትዕግስቲ(ሰብሪ) እንተ ሃሊዩካ) ኢሎም መለሱ።

ገሊኦም'ውን ይብሉ (ኣነ ንረቢ ይፈትው'የ ዝበለ እሞ በቲ ረቢ ዝበሎ ዘይጓዓዝ እንተኾይኑ እቲ ዝበሎ ሓሶት'ዩ)።

ስለዚ ኸኣ ረቢ ምልክት ናይቶም ዝፈትዉዎ ንነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ዝኽተል ምኻኑ ቅድመ ኩኑት ገይርዎ ኢዩ።

(( قُلْ إِنْ كُنتُمْ تُحِبُّونَ اللَّهَ فَاتَّبِعُونِي يُحْبِبْكُمُ اللَّهُ وَيَغْفِرْ لَكُمْ ذُنُوبَكُمْ ))

ال عمران

ንነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ምፍታዉ ግዴታ ምኻኑ ከምኡ'ውን ካብ ተግባራት እንታይ ከተማልእ ከምዝግባእ ብመርትዖታት ኣሰኒና ኣብ ዝሓለፈ ዘኪርናዮ ኣሎና። ከምኡውን ብዛዕባ ንረቢ ምፍታዉ ዝምልከት ኣብ ዝሓለፈ ገሊጽናዮ ኣለና።

# 6ይ ምዕራፍ

## ነተን ክልተ ምስክርነት ዘፍርሱ

### نواقض الشهادتين

ዑለማእ ናይ ሙስሊሚን ኣብ ኩሉ መዛሂብ ናይ ፊቅሂ ብዛዕባ ናይ ሓደ ወዲ ሰብ እስልምና ዘፍርሱ ነገራት፡ ካብ እስልምና ናብ ክሕደት ዝተመልሱ ውሳኔኦም እንታይ ምዃኑ ከምኡውን እንታይ ምስ ዝፍጽሙ'ኸ ናብ ኩፍሪ ይምለሱ ኣብ ዝብል ኣርእስቲ ተዛሪቦምሉ ኣለዉ። ገሊኦም ዑለማእ'ውን ብዛዕባ ናብ ኩፍሪ ዘእቱ ምሳሌታት ብብዝሒ ዘኪሮም ኣለዉ፡ ረቢ ናብኡ ካብ ዘእቱ የድሕነና።

እቲ ናቱ ቁጽሪ ገሊኦም ክሳብ ምእቲታት ዝኸውን ገሊኡ ብተግባር ገሊኡውን ንትእዛዛት ናይ ረቢ ብምግዳፍ ዝፍጸም ዘኪሮሞ ኣለው።

ግን ሸኽ ሙሓመድ ቢን ዓብደልዋሃብ ረቢ ይርሓመሉ እስልምና ዘፍርሱ ኣብ ዓሰርተ ጠርኒፎመን ኣለው፥ እሳተን ከኣ ኣብ ((መጅሙዐት ኣተዉሒድ)) ዝብል መጽሓፎምን ኣብ ካልእን ዘኪሮመን ኣለዉ እቲ ንዓና ዘገድሰና

ኸኣ እቲ ገለ ካብኣን ንቓል ናይ ተውሒድ ዝጻረር ክንዝክር ኢዩ።

1ይ) ንገለ ፍጡራት፡ ኣላህ ኣይፈጠሮሙን ኢልካ ምኽሓድ፡ ወይ ንገለ ዝፍጽሞን ዘምጽኦን ኩነታት ዓለም ናይ ተፈጥሮ'ዩ ወይ ናይ ኣጋጣሚ'ዩ ኢልካ ናብ ተፈጥሮ ምጽጋዕ፡ እዚ ከኣ ንረቢ ምጽራር ከምኡውን እቲ ናይ ኣላህ ንዝደለዮ ሙሉእ ዝኾነ ናይ ምቅይያር ክእለቱ፡ ብሙልኦም ሙስሊሚን ዝኣምንዎ ዝነጽግ ኢዩ፡ ኣላህ ከኣ ኸዚ ስለ ዝፍጽም ከኣ'ዩ ንኽንግዝኣ ዝተገበኣና።

2ይ) ገለ ካብቲ ንኣላህ ዝግባእ ናይ ብቕዓቱ መግለጺታት ምኽሓድ ከም ፍልጠት፣ ህያውነት፣ ባዕሉ ዝቆመ ካብ ፍጡራት ዘይደሊ፣ ኣሽናፊ ፣ ከምኡውን ከም ምስማዕ ፣ምርኣይ፣ ዝኣመሰሉ ምኽሓድ እቲ ንኣላህ ካብ ደረጅኡ ምጉዳልን ብጣዕሚ ዝግብኦ ኣምልኾት ምንፋግን ማለት'ዩ። ከምኡውን ካብቲ ረቢ ንኑብሱ ዘንጸሃ ንጉድለት ዘረጋግጽ ጌርካ ክትገልጸ ከም ትኻስ፣ ምድቃስ፣ ምርሳዕ፣ ምዕማጽ፣ ውላድ ፡ ሽርካ ዝኣመሰሉ ነቲ ሙሉእነት ናይ ኣላህ ብሙሉኦም ደቂ ሰባት ንኽግዝእዎ ዝግበኦ ዝነፍግ እዩ።

3ይ) ንገለ ካብ ፍጡራት ናይ ረቢ በቲ ፍሉይ ዝኾነ ናይ ኣላህ መግለጺ ክትገልጾም ፡ ከም ፍልጠት ናይ ዒልመልቀይቢ ኣለዎም ክትብል ፣ ሙሉእ ዝኾነ ምዉናን፣ ኣብ ዓለም ዝደለይዎ ክፍጽሙ ይኽእሉ'ዮም ምባል፣ ንኽፈጥሩን ንኽምህዙን ብዘይ ድልየት ናይ ረቢ ክእለት ኣለዎም ክትብል.....ንፍጡር ምስ ረቢ ሽርካ ጌርካዮ ፡ ከምኡውን ደረጃ ናይ ፈጣሪ ሂብካዮ ማለት'ዩ፡ እዚ ከኣ እቲ ብጣዕሚ ንኣላህ ካብ ደረጃኡ ምጉዳል ኢዩ።

4ይ) ንገለ ካብ ዒባዳ(መግዛእቲ) ናይ ረቢ ወይ ብሙሉኡ ንረቢ ኣይግበኦን'ዩ ኢልካ ምንጻግ፡ ከም ረቢ ኣይፍራህን'ዩ፡ኣይልመንን'ዩ፡ ብኡኡ ክትሕገዝ ኣየድልን'ዩ ወይ ከኣ ኣገዳስነት የብሉን ወይ ከኣ ጥቅሚ የብሉን ክትብልን ከምኡውን ንገለ ካብ ዒባዳ ናይ ረቢ ከተናኣእሰን (ክትላገጽ)፣ ወይ ብዝሰግዱ ክትላገጽ ወይ'ውን በቶም መገዲ ረቢ ሒዞም ገለ ካብ ዒባዳ ናይ ረቢ ዝፍጽሙ ክትላገጽ፡ ንሽሪዓ ምንጻግ'ዩ፡ እዚ ከኣ ነተን ክልተ ምስክርነት ምንፋግ ኢዩ ዝቁጽር።

5ይ) ካብ ደቂ ሰባት መምሪሒታት ንኽዉጽኡን ንኽሽንኑ ከምኡውን ንሽሪዓ ዝቅይር ሕግታት ንኽስፍሩ መሰል ኣለዎም ኢሉ ዝኣመነ፡ ከም ንምንዝርና ፣ ንሪባ(ሃረጻ) ዘፍቅዱ ፣ ከምኡውን

ንሸሪዓዊ መቅጻዕቲ ከም ንዝቀተለ ምቕታል ንዝሰረቀ ኢዱ ሙቕራጽ ዝነጽጉ፣ ከምኡውን ንዘካት ምዕዳል ዘፍርሱ ፣ ረቢ ፈርዲ ዝገበሮም ወይ ዝኾነ ካብ ዓይነት ናይ ዒባዳ ዝቅይሩ፣ ከምኡውን ነቲ ናይ ረቢ ፍርዲ ገዲፉ ናብ ፍጡራት ዘስፈርዎ ፍርዲ ክፈርድ ይፍቀድ'ዩ ኢልካ ምእማን፡ ነቲ ረቢ ዝሓገሶ ሸሪዓ ምቅዋምን ጉድለት ኣለዎን ኣይሳማማዕን'ዩ ከምዝበልካ ኢዩ፡ ወይ ድማ ካብ ናይ ረቢ ፍርዲ ካልእ ይበልጽ ከምዝበልካ'ዩ። እዚ ከኣ ምስቲ ንጹህ ዝኾነ ተውሒድ ዘይሳነ እቲ ብጣዕሚ ንኣሳህ ካብ ደረጅኡ ምጉዳል'ዩ ዝቀጽር።

6ይ) ካብቲ ንኣሳህ ዝግባእ፡ ዓይነታት ናይ ዒባዳ ንዕኡ ገዲፍካ ንኻልእ ምሃብ :- እዚ ዓይነት ሺርኪ ከኣ ኣብዚ ግዜና ኣብቶም ንመቓብር ዝግ ዝኡ ይርከብ፡ ካብ ዝሞተ ዝልምን ወይ ዘተስፉ ወይ'ውን ልቡ ናብኡ ዝንጥልጠልን ወይ ከምቲ ንረቢ ዝፈትዎ ንዕኡ እንተፈትይዎን ኣብቲ መቓብሩ ከኣ እንተደኒንሉን ወይ ፍርሕን ትሕትናን(ኽሽያ) ዝኣመሰሉ እንተገይርሉ፡ ወይ ከኣ ኣብቲ መቓብሩ ጠዋፍ ወይ ሑሩድ ዝኣመሰለ ቁርባን ወይ ካብ ዓይነታት ናይ ዒባዳ ዝኾነ እንተፈጺሙሉ ነቲ ዝመስከሮ ናይ ላኢላሃ ኢለሳህ ወኣና ሙሓመድ ረሱሉላህ ኣፍሪስዎን ኣበላሽይዎን ማለት'ዩ።

ብዛዕባ ትርጉም ናይ (ኢላህ) ዝብልን ምስ (ዒባዳ) ዝጥርነፈን ዝገልጽ ሓሊፉ ኣሎ።

7ይ) ንጸላእቲ ረቢ ዝኾኑ ክትፈትዎምን ክተቅርቦምን ክብረት ክትህቦምን ክምኡውን ኣብ ሓቂ'ዮም ዘለዉ ኢልካ ክትኣምንን ወይ ከኣ ካብ ሙስሊሚን ንላዕሊ ንሶም ክኸብሩን ክዓብዩን ይግበኦም'ዩ ኢልካ ምእማን ወላ ካብቶም መጻሕፍቲ ዝወረዶም ይኹን ወይ ከኣ ተገዛእቲ ጣኦት ወይ'ውን ብፈጣሪ ዘይኣምኑ ይኹኑ ንዐኦም ክትምእዘዞምን ክተኽብሮምን ዕብየት ክትህቦምን ከለኻ ንሳቶም ኣብ ቅኑዕ ከምዘለዉ፡ እቶም ኣንጻሮም ዝኾኑ ኣስላም ከኣ ኣብ ጥፍኣትን ጌጋ ከምዘለዉን ዘምስል ኢዩ። ወይ ከኣ ነቲ ናቶም ዓለማውነት ወይ ነቲ ናቶም ናይ ኣዱንያ ፍልጠት ክብረት ብምሃብ ኣኽቢርዎም ማለት'ዩ። እዚ ከኣ ነቲ ሓቅነት ናይ ምስክር ዝጻረር ኢዩ።

8ይ) ነቲ ናይ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم መልእኽቲ ወይ ነቲ ናቶም ሸሪዓ ክትወቅስ ወይ ሓሶት'ዩ ክትብል ወይ'ውን ኡሙን ኣይኮኑን ፣ ወይ'ውን ካብቲ ረቢ ዝላኣኾም መልእኽቲ ዘየብጽሕዎ ኣሎ ክትብል፣ ክምኡውን ብግልጺ ክትጸርፎም ይኹን ወይ ክትሓምዮም ወይ'ውን ነቲ ናቶም ታሪኽ ይኹን ወይ ንተግባራቶም ወይ ንኹነታቶምን ኣካይደኦምን ክተቆናጽቦን ክምኡ ዝኣመሰለን ተግባራት ብዉሽጥኻ ነቲ ናቶም መልእኽቲ ከምዝኸሓድካ ዝሕብርዩ:

ንነብይ صلى الله عليه وسلم ምውቃስ ንረቢ ምውቃስ'ዩ ምኽንያቱ ንሱ'ዩ ዝላኣኾምን ናይ

መልእኽቲ ሓላፍነት ዘሰከሞምን። እዚ ኸኣ ነቲ ቃል ናይ ምምስካር ዝጸረር'ዩ።

9ይ) ንቃል ናይ ረቢ ማለት ንቁርኣን ምውቃስ:- ከምቲ ሙሽሪክን ስሕሪ'ዩ ዝበልዎ ምባል ይኹን ወይ'ውን ግጥሚዩ ወይ'ውን ናይ ቀዳሞት ዝነበረ ሃጠው ቀጠው'ዩ ምባል: ወይ'ውን ቦግታ ሓሶት'ዩ ምባል ወይ'ውን እዚ ቃላት ናይ ሰብ'ዩ ምባል: ወይ'ዉን ታኣምራት የብሉን ክትብልን ወይ ብኸምኡ ዝኣመሰለ ገይርካ ክትጸረሮን : እዚ ክኸውን ይኽእል'ዩ ወይ ከኣ ገለ ካብኡ ሓሶት'ዩ ክትብል ወይ ከኣ ገለ ካብ ምዕራፋትን ዓንቀጻትን ናይ ቁርኣን እሞ ብብዙሓት ሰባት ተማሓላሊፉ ዝበጽሓና ሓሶት'ዩ ዝብል ሰብ ካፍር'ዩ ከምኡውን ንረብን ንረሱልን ዘሐሰወ እዩ። እዚ ከኣ ነቲ ቃል ናይ ተውሒድ ዝጸረር ኢዩ።

10ይ)ገለ ካብቲ ስዉር ነገራት(ዒልመልቀይቢ):ረቢ ክንኣምኖ ዝኣዘዘና ክትክሕድ እሞ ኻኣ ሓቅን ሩጉጽን ምዃኑ ኣብ ኪታብ ዝተነገረና ወይ ከኣ ብቃል ናይ ነብይ ሙሓመድ صلى الله عليه وسلم ዝተነገረና ከም መላኢካ፣ መጸሕፍቲ፣ ሉኡኻት፣ ምስ ሞትካ ምትሳእ፣ ናይ ደቂ ሰባት ምእካብ፣ ጀና፣ ጃሃነም፣ መቅጸዕቲ(ዓዛብ) ናይ ቀብሪ : ምስ ሞትካ ዘሎ ሽግ ይ፣ ንዕኡ ዝኣመሰለን ንገለ ካብኡ ምኽሓድ ንረብን ንረሱልን صلى الله عليه وسلم ከምዘሐሰወ ኢዩ፡ እዚ ኸኣ ካብቲ ዝዓበየ ወቐሳ ንመልእኽቲ ናይ

ነብይ صلى الله عليه وسلم ን መልእኽቶም ሒዝዎ ዘሎን ኢዩ። እዚ ከኣ ነቲ እተን ክልተ ምስክርነት ዝእዝዘኦ ዝጻረር ኢዩ።

እምበኣር ብዛዕባ ናይተን ክልተ ምስክርነት ዝምልከትን ኣብኦን ክፍጸም ዘለዎን ኣብዚ የሕጽር፡ እዚ ኸኣ ብሕጽር ዝበለ ኢዩ፡ ኣስፌሐ ክርዳእ ዝደሊ ድማ ኣብ መጻሓፍቲ ናይ ዑለማእ (ኣኢማ)'ን ቅድሜኦም ዝነበሩን ዑለማእ ክረክብ ይኽእል'ዩ።

والله أعلم وأحكم وصلى الله على نبينا محمد وعلى آله وصحبه وسلم

تمت مساء يوم الأربعاء ٧/من ربيع الأول ١٤٣٢ هـ

مطابع الحميضي

## من إصدارات ومطبوعات المكتب
## التعاوني للدعوة والإرشاد وتوعية الجاليات بأم الحمام

| م | اسم الكتاب | المؤلف | اللغة |
|---|---|---|---|
| ١ | معنى لا إله إلا الله | الشيخ / عبدالعزيز بن باز | بنغالي |
| ٢ | العقيدة الواسطية | شيخ الإسلام ابن تيمية | أردو |
| ٣ | حرمة الابتداع في الدين | الشيخ أبو بكر الجزائري | تاميلي |
| ٤ | الشهادتان وحكم المتابعة | الشيخ محمد العثيمين | مليباري |
| ٥ | شرح أصول الإيمان | الشيخ محمد العثيمين | تاميلي |
| ٦ | توجيهات إسلامية | الشيخ محمد زينو | أردو |
| ٧ | توجيهات إسلامية | الشيخ محمد زينو | بنغالي |
| ٨ | ثلاث رسائل في الصلاة | الشيخ / عبدالعزيز بن باز | تركي |
| ٩ | العقيدة الصحيحة وما يضادها | الشيخ / عبدالعزيز بن باز | تركي |
| ١٠ | الشهادتان معناهما ومقتضاهما | الشيخ عبدالله الجبرين | مليباري |
| ١١ | الطهارة والصلاة | مكتب الدعوة بأم الحمام | فلبيني |
| ١٢ | عقيدة أهل السنة والجماعة | الشيخ محمد العثيمين | أردو |
| ١٣ | دين الحق | الشيخ عبدالرحمن العمر | إنجليزي |
| ١٤ | الدماء الطبيعية للنساء | الشيخ / عبدالعزيز بن باز | إنجليزي |
| ١٥ | وجوب لزوم السنة والحذر من البدع | الشيخ / عبدالعزيز بن باز | بنغالي |
| ١٦ | عيسى بن مريم نبي وليس إله | أحمد جبريل سلاس | فلبيني |
| ١٧ | الحصن الواقي | الشيخ عبدالله السدحان | عربي |
| ١٨ | الدروس المهمة لعامة الأمة | الشيخ / عبدالعزيز بن باز | أمهري.أثيوبيا |
| ١٩ | أصول العقيدة | ترجمة / عبدالناصر عبدالله | أمهري.أثيوبيا |



# الشهادتان

## معناها وما تستلزمه كل منهما

فضيلة الشيخ

د.عبد الله بن عبد الرحمن الجبرين

اللغة التجرينيا ( إريتريا )

ترجمة

صالح سعيد عمر

إصدار

المكتب التعاوني للدعوة والإرشاد وتوعية الجاليات بأم الحمام

تحت إشراف وزارة الشئون الإسلامية والأوقاف والدعوة والإرشاد

ت ٤٨٢٦٤٦٦ فاكس ٤٨٢٧٤٨٩ ص.ب ٣١٠٢١ الرياض ١١٤٩٧

٣٥